# ገንዘብካ ብምዝራእ ዝርከብ በረኸት



“ . . . ካብ ምቕባልሲ ምሃብ ኣዝዩ ይባርኽ”

ግ.ሃ 20፡35

# ትሕዝቶ


መቅድም . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . 4

**ቀዳማይ ክፍል ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ እተገልጹ ዓሰርተ ሓደ ህያባት**. . . . . . . 5

ምዕራፍ ፩ ፡ ዕሽር . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . 7
ምዕራፍ ፪ ፡ መባእ. . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . .15
ምዕራፍ ፫ ፡ ናይ ፍታው ህያብ. . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . .18
ምዕራፍ ፬ ፡ ንድኻታት ዝወሃብ . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . .20
ምዕራፍ ፭ ፡ ንኣገልገልትኻ ዝወሃብ. . . . . . . . . . . . . . . . . . . . .27
ምዕራፍ ፮ ፡ ካብ ዕሽር ዝለዓል ዕሽር ንካህን . . . . . . . . . . . . . . . 28
ምዕራፍ ፯ ፡ ቦኽሪ ህያብ. . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . 29
ምዕራፍ ፰ ፡ መብጽዓ. . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . .31
ምዕራፍ ፱ ፡ ንስድራቤትካ ዝወሃብ. . . . . . . . . . . . . . . . . . . . .32
ምዕራፍ ፲ ፡ ህያብ በዓላት. . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . .33
ምዕራፍ ፲፩ ፡ ካብ ማሕበር ንማሕበር ዝወሃብ ውህበት. . . . . . . . . . . . . 34
ምዕራፍ ፲፪ ፡ ኣመንቲ ንምንታይ እዮም ብገንዘቦም ዘየገልግሉ?. . . . . . . . . . 36
ምዕራፍ ፲፫ ፡ ንውህበትና ዘምክኑ ነገራት. . . . . . . . . . . . . . . . . . . 39
ምዕራፍ ፲፬ ፡ ሳዕቤን ዘይምሃብ. . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . .41

**ካልኣይ ክፋል ንገልገልቲ ብግቡእ ምሓዝ**. . . . . . . . . . . . . . . . . .43

፩ ፡ ብዛዕባ ኣገልጋሊኻ ቅኑዕ ኣመለኻኽታ ምሓዝ. . . . . . . . . . . . . . . .46
፪ ፡ ገዛእ ርእሱ ዝሃበ ገንዘቡ ይህብ. . . . . . . . . . . . . . . . . . . . .47
፫ ፡ ዕጽፊ ክብሪ ይግብኦም . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . 48
፬ ፡ እቶም ብወንጌል ዘገልግሉ ብወንጌል ይመገቡ . . . . . . . . . . . . . . .50
፭ ፡ ኣፍ እቲ ዘኽይድ ብዕራይ ኣይትእሰር . . . . . . . . . . . . . . . . . . 51
፮ ፡ ኣብታ ቤት ተመገቡ . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . 52
፯ ፡ ምህሮ ጎይታ የሱስን ሃዋርያ ጳውሎስን ካብቲ ንለዋውያ እተነግረ ቃል ዝፍለ ኣይኮነን . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . .53

፰ ፡ ንካልኦት ማሕበራት ንዘገልግሉ ምግልጋል. . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . 55
፱ ፡ ዘድልየኒ ሰዲድኩምለይ. . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . .56
፲ ፡ ክሳዕ እትሕተት ዘይምጽባይ. . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . 57
፲፩ ፡ ብውልቂ ምግልጋል. . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . 58
፲፪ ፡ ምሳይ ተቀመጥ ኣቦን ካህንን ኩነኒ. . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . 59
፲፫ ፡ ካብ ጥልቂ ድኽነትካ ምሃብ. . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . 60
፲፬ ፡ ንዘገልግሉኻ ርእስኻ ምውፋይ. . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . .61
፲፭ ፡ ገንዘብካ ኣብ እግሪ ሃዋርያት ምንባር. . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . .62
፲፮ ፡ ብውህበትካ ዕዮ ኣምላኽ ምውሓስ. . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . .63
፲፯ ፡ ክንደይ ይወሃቡ. . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . .64
፲፰ ፡ ንኣገልጋሊኻ ገንዘብ ምሃብ ዘምጽኣልካ በረኸት. . . . . . . . . . . . . . . . . 65
፲፱ ፡ ዓስቢ ገንዘብካ ምሃብ ካብ ሚልክ 3:10-12. . . . . . . . . . . . . . . . . . . . .70
፳ ፡ ሓሙሽተ ዓስቢ ገንዘብካ ምሃብ ካብ 2ቆሮ 9:8-12. . . . . . . . . . . . . . . .73

- ነቲ ንዕዮ መንግስቱ ዝፈለየንን ህዝቡ ከገልግል ዕለት ዕለት ብምግላጽ ቃሉ ዝባርኾኒ ኣምላኽ፥ ምንጪ እዛ መጻሕፍ እዩ እሞ ይኹኖ።
- ነቶም ኲሉሳዕ ብጸሎትን ማዕዳን ንዝያዳ ስራሕ ንቅድሚት ዝደፍኡኒ ቅዱሳን ኣምላኽ ዓስብኩም የብዝሕ እብል።
- በዓልቲቤተይ ምስ ፍቕራት ደቀይ ንኹሉ እቲ ንእኦም ዝግባእ ጊዜ ኣውሒደ ኣብ ምስንዳእ መጻሕፍቲ ምስዘድህብ ንዝህቡኒ መተካእታ ኣልቦ ደገፍን ዘርእዩኒ ዓቕልን ሓልዮትን እናዘከርኩ ተባረኹ እብሎም።

## <u>ወፈያ</u>

- ንኩሎም እቶም ንኣምላኽ ተኣሚኖም ዘገልግሉ ኣገልገልቲ
- ነቶም ረብሓ ቅቡኣት ተረዲኦም፥ ንቅቡኣት ብኹሉ ዘድሊ ንምድጋፍ ኣብ ጐኖም ደው ዝበሉ ጀጋኑ

# መቅድም

## ክሳዕ ዝመጽእ በዚ ንገዱ

*"ንዓሰርተ ባሮቱ ጸዊዑ ኸኣ፡ ክሳዕ ዝመጽእ በዚ ንገዱ፡ ኢሉ ዓሰርተ ምና ሀቦም።"* (ሉቃ19፥13)። እዚ ቃል ብንጹር ኣቕሚጥዎ ከምዘሎ እቲ ኣሎና እንብሎ ኩሉ ነገር መታን ክንነግደሉ ብኣምላኽ እተዋህበና ህያብ እዩ። እቲ ክንነግደሉ እተዋህበና ነገር ንክብሪ እቲ ዝሃበና ኣምላኽ ክንቃንዮ ድማ መንፈሳዊ ግዴታ ኣሎና። ሓደ ካብቲ እንነግደሉ መገዲ ድማ ኣብ ምስፋሕ መንግስቱን ምህናጽ ኣካሉን ምዝራእ እዩ። ብመጠንቲ እንዘርኦ ኢና ክንነግድ ንኽእል። ከምቲ ነብዩ ከበደ ቀዲዳ ኣብ ስብከቱ ዝበሎ *'ኩሉ እቲ ኣብ ኢድና ዘሎ ካብ ኣምላኽ እተዋህበና እዩ። ንሕና ናይዞም እተዋህቡና ህያባት ኣመሓደርቲ ደኣ እምበር ዋናታት ኣይኮናን።'* ስለዚ ብግቡእ ክንጥቀመሎም ይግባእ። ብእተዋህበካ ኩሉ ብዝግባእ ምንጋድ ንዘለዓለ ነገር የሸይም (ሉቃ19፥17)። የሸይም ማለት ትውስኽ፥ ትበልጽ፥ ጽልዋ ፈጣሪ ትኸውን፥ ዶብካ ይሰፍሕ... ማለት እዩ። እምበኣርሲ እቲ ኣብ ኢድና ዘሎ ገንዘብ ክንነግደሉ ብኣምላኽ እተዋህበና ምኽኑ ብምግንዛብ ኣብ ግቡእ መኣላ ክነውዕሎ ይግባእ።

ሰይጣን ሓደ እዋን በቲ ናይቲ ጊዜ መራሕቲ ሃይማኖት ኣቢሉ ትንሳኤ የሱስ መታን ከይንገር፥ የሱስ ከምዘይተንስአ፥ ንሬሳኡ ደቀመዛሙርቱ ካብ መቃብር ሰሪቆም ከምዝወሰድዎ ጌሮም ክዛረቡ፥ ነቶም ኣብ ሓለዋ መቃብር እተዋፈሩ ወተሃደራት ገንዘብ ከኽፈል ከምዝገበረ ኩላትና እንፈልጦ ሓቂ እዩ (ማቴ28፥11-15)። ሰይጣን ነዚ ዝገበረ፥ ኣዋጅ ትንሳኤ የሱስ ኣብ ልዕሊ መንግስቱ ዓብዩ ዝኾነ ውርደት ከምዘስዕበሉ ብኣጋ ስለዝተረድአ እዩ። ንሱ ገንዘብ ኣውፊሩ ትንሳኤ የሱስ ክዓብጥ ካብ ፈተነ፥ ንሕና ገንዘብና ኣብቶም ትንሳኤ የሱስ ንምእዋጅ ናብ ብዘላ ዓለም ፋሕ ንዝበሉ ናይ ወንጌል ዓየይቲ ዘይነውፍረሉ ምኽንያት እንታይ እዩ? እቲ ናይ ሙዚቃ ኢንደስትሪን ናይ ፊሊም ኩባንያታትን ንሰባት ካብ ምህሮ መጽሓፍ ቅዱስ ንምዝባል ብቢልዮናት ዶላራት ከውፍር ንርእዮ ኣሎና። እቲ ዘሕዝን ግን ዓለም ንክርስትና ንምዕብላል ኩሉ ዝከኣላ ብገንዘባ ክትገብር እንከሎ፥ ንሕና ክርስትያናት ነዚ ንምምካን እነካይዶ ወፍሪ ስማዊ ምኳኑ እዩ። ታሪኽ ክንቅይር ንተንስእ። ገንዘብና ሞቱን ትንሳኤኡን ንምእዋጅ ነውፍር።

ዕላማ ምድላው እዛ መጽሓፍ ነቲ ኣብ መጓሰ ኣላኽ ዝርኤ ሃጓፍ ናይ ፍልጠት ምምላእ እዩ። እቲ በዛ መጽሓፍ ክውቃዕ እተደለየ ነገር እቲ መጓሰ ነቲ ኣብ ምሃብ ዝርከብ በረኸት ክላመዶ፥ እቶም ኣገልገልቲ ንኣገልግሎቶም ብትግሃት ከግልግሉ በቲ መጓሰ ክድግፉ፥ እታ ማሕበር ብሓፈሻ ምስ ገንዘብ ንዝተኣሳሰር ኩሉ ነገራት ግቡእ ምላሽን ብምሃብ ቅኑዕ ኣካይዳ ክትሃንጽ ምግባር እዩ። ሕጂውን ደጊመ እቲ ኣብ ኢድና ዘሎ ገንዘብ መታን ክነግደሉ ብኣምላኽ እተዋህበና እዩ እሞ ጊዜ ከሎና ብጊዜና ንጠቐም።

# ቀዳማይ ክፋል

# ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ እተጠቕሱ ሸሸ ዓይነት ህያባት

# መእተዊ

*"ግናኸ እዚ እብል ኣሎኹ እቲ ቈጢቡ ዚዘርእ ቈጢቡ ይዕጽድ፡ እቲ ብበረኸት ዚዘርእ ግና ብበረኸት እዩ ዚዕጽድ። ኣምላኽ ሕጉስ ወሃቢ እዩ ዚፈቱ እሞ ነፍሲ ወከፍ ብጓሂ ወይስ ብግዲ ዘይኰነስ ከምቲ ልቡ ዝሐለኖ ይሀብ። ከምቲ እቲ ጽሑፍ ዘረወ ንድኻታትውን ሀበ፡ ጽድቁ ንዘለኣለም ይነብር ዚብሎ ኣምላኽ ከኣ ምእንቲ ብኹሉ ኹሉ ሳዕ ዚኣክል ኩሉ ሒዝኩም ንሰናይ ግብሪ ኩሉ ጸብለል ክትብሉ ጸጋ ዘበለ ኣባኻትኩም ጸብለል ኬብል ይከኣሎ እዩ። ግናኸ እቲ ንዘራኢ ዘርእን ምግሕ ዚኸውን እንጌራን ዚዕድል ንሱ ዘርእኹም ኪዕድለኩምን ኪበርክተልኩምን ንፍረ ጽድቅኹምውን ኪብቍሎን እዩ።"* (2ቆሮ9፡6-10)።

እግዚኣብሄር ኣምላኽ፥ መባእናን ዕሽርናን ናብ ቤቱ ክነምጽኦ፥ ከምኡውን ብኹሉ ዓይነት ህያባት (ናይ ፍታው ህያብ፥ ምጽዋት፥ በዅሪ ህያብ፥ መብጽዓ፥ ንድኻታት ዝወሃብ...) ከነገልግሎ ኣብ ቃሉ ብንጹርን ተደጋጋምን ኣዚዙና እዩ (ዘሌ27፡30-32 ዘዳ14፡22-29 ዘሁ18፡21,26)።

መጽሓፍ ቅዱስና ኣብ እነጽንዓሉ እዋናት ብዙሕ ዓይነት ክፋላት ምሃብ ከምዘሎ ኢና ንርዳእ። በዛ ንእሽቶ መጽሓፍ ንዓሰርተው ሓደ ዝኣኽሉ ናይ ምሃብ ኣገልግሎታት ብዝርዝር ክንርኢ ኢና። ቅድሚ ናብ ዝርዝራዊ ሓሳባት ምእታውና ድማ እቶም ዓሰርተው ሓደ እዮም ዝበልናዮም ህያባት እንታይ እንታይ ከምዝኾኑ ክንጠቅስ፥

- ዕሽር
- መባእ
- ናይ ፍታው ህያብ
- ንድኻታት
- ንኣገልገልትካ ዝወሃብ
- ንስድራቤትካ
- በዅሪ ህያብ
- መብጽዓ
- ህያባት በዓላት
- ካብ ዕሽር ዝወጽእ ዕሽር
- ካብ ማሕበር ንማሕበር ዝወሃብ ውህበት

ነዞም ህያባት በብምዕራፍ ቐጺልና ንርአ፡-

# <u>ምዕራፍ ፩</u>

# <u>ዕሽር</u>

"ዕሽር" ዝብል ቃል ካብ 'ማሲር' (ma`aser) ዝብል ናይ እብራይስጥ ቃል ዝተረከበ ኰይኑ ዓስራይ ኣፍ (1/10) ድማ ይትርጎም። ስለዚ ዕሽር ክበሃል እንከሎ፥ ካብቲ እግዚኣብሄር ዝሃበካ ጥሪት፡ ገንዘብን ሓፈሻ እቶትን ዘበለ ሓደ ካብ ዓሰርተ (10%) ንእግዚኣብሄር ምሃብ ማለት እዩ።

## <u>*ዕሽር መዓስ እዩ ተጀሚሩ?*</u>

*መጽሓፍ ቅዱስና ኣብ እነጽንዓሉ እዋን፥ ዕሽር ምሃብ ኣብ ዘፍ14፡17-20 ከም ዝተጀመረ ኢና ነስተውዕል። ኣብርሃም፥ ንጸላእቱ ስዒሩ ክምለስ ከሎ መልከጸዴቕ ንጉስ ሳሌም ካህን ልዑል ኣምላኽ እንጌራን ወይንን ሒዙ ይጓነፎ እሞ፥ ብስም እቲ ኩሉ ዝኽእል ኣምላኽ ድማ ይባርኾ። ብድሕሪዚ ኣብርሃም ነቲ ካህን ልዑል ኣምላኽ ካብ ኩሉ ዕሽር ሃቦ። ስለዚ ዕሽር ምሃብ ኣብዚ ቦታ ብኣብርሃም እዩ ዝተጀመረ።*

*ዝርዝራዊ ሓሳብን ዕላማ ናይ ዕሽር ድሒሩ ንሙሴ እተዋህበ እኳ እንተኾነ፥ ቅድሚኡ ግና በቶም ናይ እምነት ኣቦታት ይትግበር ምንባሩ ድማ ምስ ምምጻእ ሕጊ ሙሴ ዘይተጀመረ ኣብቲ ዘለኣለማዊ ሓሳብ ኣምላኽ ኣቐዲሙ እተነበረ ከምዝነበረ እዩ ዘርእየና።*

## <u>*ዕሽር ኣብ ብሉይ ኪዳን ንመንን እንታይን ይዋሃብ ነይሩ?*</u>

ኣብ ኦሪት እግዚኣብሄር ንደቂ እስራኤል ካብ ኩሉ ዓይነት ትሕዝቶኦም ዓስራይ ኣፍ (ዕሽር) ንቤት ኣምላኽ ከምጽእዎ ትእዛዝ ከምዝሃቦም ነንብብ። ገለ ኣብነት ክኾነና ዝኽእል፡-

- ካብ ዘርኢ ምድሪ፡ (ዘሌ27፡30 ዘሁ18፡12)
- ካብ ፍረ ኦም፡ (ዘሌ27፡30)
- ካብ ጥሪት ከም እኒ ኣሓ፡ ኣባጊዕ ወዘተ.. (ዘዳ12፡17)
- ካብ ኩሉ በዅሪ ዘበለ፡ ( ዘሁ18፡13)
- ካብ ኩሉ ዓይነት፡ (ዘፍ14፡17-20 ማቴ23፡23)

ደቂ እስራኤል ከኣ ብመሰረት እቲ ዝተዋህቦም ትእዛዝ ኣምላኽ ነዚ ኣብ ላዕሊ ተጠቂሱ ዘሎ ኩሉ ዓይነት ትሕዝቶን ካልእን፥ ናብ ቤት ኣምላኽ ብእሙንነት የምጽእዎ ነይሮም። ከምቲ ኣብ ዘዳ12፡17 ተገሊጹ ዘሎ ካብቲ ንኣምላኽ ክህብዎ ዘለዎም ዕሽር ከይበልዑ ኣምላኽ ናይ መጠንቀቕታ ትእዛዝ ከምዝሃቦም ነንብብ። *"ዕሽር ስርናይካን ወይንኻን ዘይትኻን በዅሪ ኣሓኻን ኣባጊዕካን እተማባጻዕካዮ ምብጽዓኻን ናይ ፍቓድ ህያብካን ዚለዐል መስዋእቲ ኢድካን ኣብ ውሽጢ ደጌታትካ ኸይትበልዖ ተጠንቀቕ።"*

እቲ ብደቂ እስራኤል ዝዋጻእ ዝነበረ ዕሽር ኣብ ምንታይ መዓላ ይውዕል ነበረ? ቅዱስ ቃል እቲ ብደቂ እስራኤል ዝተኣከበ ዕሽር፥ ንሌዋውያን (ንካህናት ኣምላኽ) መግቢ ይኸውን ከምዝነበረ እዩ ዝነግረና። እቶም ዕሽር ክወስዱ ምኽንያቶም እተነግረሎም ደቂ ሌዊ ወይ ሌዋውያን፥ ካብቶም ዓሰርተው ክልተ ነገዳት እስራኤል ሓደ ነገድ ኰይኖም፥ ኣብ እስራኤል ርስቲ ዝበሃል ዘይነበሮም፡ ርስቶም እግዚኣብሄር ባዕሉ ዝገበሩ ወይ ዝኾነሎም ንኣገልግሎት ህያው ኣምላኽ ብኣምላኽ ዝተመዘዙ ኣገልገልቲ እዮም (ዘሁ18፡20)። ዕዮኦም ድማ ናይ ክህነት ኣገልግሎት እዩ። በዚ ምኽንያት ድማ እግዚኣብሄር እቲ ዕሽር ዝበሃል ኩሉ ንሌዋውያን መግቢ ክኾኖም ኣዚዙ።

ስለዚ ብቃል ኣምላኽ መሰረት ዕሽር ነቶም ንእግዚኣብሄር ዘገልግሉ ዝነበሩ ሌዋውያን እዩ ዝምልከት። ኣምላኽ፥ ንደቂ እስራኤል ነቲ ኣብ ማእከሎም ዝነብር ርስቲ ዘይብሉ ሌዊ፥ ከይርስዕዎ ብተደጋጋሚ የጠንቅቆም ምንባሩ ድማ፥ ንባሮት ክሳዕ ክንደይ ከምዘቃልበሎም እዩ ዘረድኣና። ***"..ኣብ ልዕሊ ምድሪ እትነብረሉ ኹሉ ዘበንካ ንሌዋዊ ኸይትሐድጎ ንርእስኻ ተጠንቀቕ።"*** (ዘዳ12፡19)። ***"..ነቲ ኣብ ውሽጢ ደጌኻ ዘሎ ሌዋዊ ድማ ምሳኻ ግደን ርስትን የብሉን እሞ ኣይትሕደጎ።"***(ዘዳ14፡27)።

## <u>ዕሽር ኣብ ሓድሽ ኪዳን</u>

ከምቲ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ እተጻሕፈ ሕጊ ብሙሴ እዩ ዝመጸ። *"ሕጊ ብሙሴ ተውሂቡ እዩ...።"* (ዮሃ1፥16-17)። ዕሽር ድማ ቅድሚ ሕጊ ተግባራዊ ኰይኑ ኢና ንረኽቦ። እቲ ቅድሚ ሕጊ ሙሴ ብህይወት ዝነበረ ኣብርሃም ዕሽር ከምዝሃበ መጽሓፍ ቅዱስ ይነግረና። ኣብርሃም ጥራይ ዘይኰነስ ቅድሚ ሕጊ ዝነበሩ ካልኦት ኣቦታትውን ዕሽር ይህቡ ኔሮም እዮም። ንያእቆብ ከም ኣብነት ክንወስድ ንኽእል ኢና። ንሱ ሓደ እዋን ከምዚ ክብል ተመባጺዑ ነይሩ፥ *"እግዚኣብሄር ምሳይ እንተ ኾነ፡ ኣብዛ ዝኸዳ ዘሎኹ መገደይ ከኣ እንተ ሐለወኒ፡ ዝበልዖ እንጌራን ዝኽደኖ ኽዳንን ድማ እንተ ሀበኒ፥ ናብ ቤት ኣቦይውን ብደሓን እንተተመለስኩ፡ ሽዑ እግዚኣብሄር ኣምላኸይ ይኸውን። እዚ ሓወልቲ ገይረ ኣቝመዮ ዘሎኹ እምኒ ኸኣ ቤት ኣምላኽ ኪኸውን እዩ። <u>**ካብ እትህበኒ ዘበለ ኹሉ ድማ ዕሽር ክህበካ እየ።**</u>"* (ዘፍ28፥20-22)። ቅድሚ ሕጊ ዕሽር ምሃብ እንተድኣ ነይሩ ድማ ዕሽር ክንዮ ሕጊ ሙሴ ዝኸደ ኣብ ዘለኣለማዊ መደብ ኣምላኽ ክቱት ነገር ምዃኑ ኢና እንርዳእ።

እቶም ቅድሚ ሕጊ ሙሴ ዝነበሩ ንዘለኣለማዊ መደብ ኣምላኽ ዝገልጹ ምዃኖም ክንግንዘብ የድሊ። ኵሎም ቅድሚ ሕጊ ሙሴ ዝነበሩ ኣቦታት ዕሽሮም ዝሃቡ፥ ዕሽር ምሃብ ሓደ ተግባር ናይ ኣምልኾ ስለዝኰነ እዩ። ንሳቶም ንኣምላኽ ብውህበቶም ንምምላኽ ዕሽሮም ብትግሃትን እሙንነትን ይህቡ ኔሮም እዮም። ኣምላኽ ናይቲ ዘለዎም ምድራዊ ሃብቲ ላዕለዋይ ተቆጻጻርን

ምንጪ በረኸቶምን ምኳኑ ብግብሪ ንምእማን (ንምምስካር)፥ ኣእዳዎም ንምሃብ ዝርጉሓት እየን ዝነበራ።

ስለዚ ዕሽር ክሕሰብ እንከሎ ምስ ሕጊ ሙሴ ብምትእስሳር ጥራይ ክግለጽ ኣይግብኦን። ከም ሓደ ኣካል ናይ ኣምልኾ ክውሰድ እዩ ዘለዎ። ቅድሚ ሕጊ ተግባራዊ ብምኳኑ፥ ኣብ እዋን ሕጊን ድሕሪ ሕጊን ዘይወሃበሉ ምኽንያት የልቦን። ኣብርሃም እቲ ናይ እምነት ኣቦ፥ ኣብቲ ሕጊ ዕሽር ዝበሃል ዘይነበረሉ እዋን እዩ ብእምነት ዕሽር ዝሃበ። ንሱ ንመልከጼደቅ እዩ ዕሽር ሂብዎም። ብዙሓት ናይ መጽሓፍ ቅዱስ መማህራን ድማ መልከጼደቅ ጽላሎት እቲ ክመጽእ ዘለዎ ጐይታ የሱስ ምኳኑ ይሰማምዑ እዮም። ኣብቲ የሱስ ብስጋ ዘይተገልጸሉ እዋን ብእምነት ንየሱስ ዕሽር ካብ ሃበ፥ ንሕናውን ደቂ ኣብርሃም ኢና እሞ፥ ኣብ ሓድሽ ኪዳን ብመገዲ እታ ኣካሉ ዝኾነት ማሕበር ዕሽርና ንጐይታ የሱስ ክንህቦ መንፈሳዊ ሓላፍነትና እዩ።

ብዙሓት *'ዕሽር ምሃብ ሕጊ ሙሴ እዩ፥ ንሕና ድማ ካብ ሕጊ ሓራ ዝወጻእና ኢና፥ ስለዚ ዕሽር ምሃብ ኣብ ትሕቲ ሕጊ ምእታው ብምኳኑ ክንህብ ኣየድሊን'* ክብሉ ሰሚዔ ኣሎኹ። ሕጊ ዝብል ሓሳብ ኣብ ሓድሽ ኪዳን ክንግዝኦ የድሊ ዶ? ዝብል ሕቶ ምምላስ ድማ ነዚ ብዙሓት ዝብልዎ ዘረባ ግቡእ ምላሽ ክኸውን እዩ። መጽሓፍ ቅዱስና ክንፍትሽ እንከሎና፥ ሕጊ ኣምላኽ ሰለስተ ክፋላት ከምዘለዎ ንርኢ። ንሳቶም ከኣ፥ ሕጊ በዓላት፥ ሞራላዊ ሕግን መንግስታዊ ወይ ቅዋማዊ (ንደቂ እስርኤል ከም ሃገር እተዋህበ) እዮም።

እቲ ሕጊ በዓላት ዝበሃል ደቂ እስራኤል ብኣምላኽ ንእተሰርዓሎም በዓላት ብኸመይ ኣገባብ ከምዝፍጽምዎ ዝእዝዝ እዩ። ኩሎም እቶም በዓላት ንክርስቶስን ብክርስቶስ ክግበር ንዘለዎ ተግባርን ዝውክሉ ምንባሮም ኣብ ግምት ብምእታው፥ እቶም ናይ ሓድሽ ኪዳን ኣመንቲ ዳርጋ ኵሉ በዓል ፍጻሜ ስለዝረኸበ ንሕጊ በዓል ክንግዛእ ሰብ ዕዳኡ ኣይኮናን። መንግስታዊ ወይ ቅዋማዊ በዓል እንብሎ ድማ እስራኤል ከም ሃገር ድሕሪ ምቛማ ክትክተሎ ብዛዕባ ዝግብኣ ስርዓታት እዩ ዝዛረብ። ንኣብነት በደለኛ ብኸመይ ኣገባብ ክቕጻዕ ከምዘለዎ፥ ኣሸያይማ ንጉስ...። እዚውን ነቲ ክመጽእ ዘለዎ ሓድሽ ኪዳናዊ ስርዓት ከም ጽላሎት ዘገልግል ክነሱ ንሃገረ እስራኤል ቅዋማዊ ምሕደራ ክህልዋ ዝገበረ እዩ። ንሕና ነዚውን ንምፍጻም ኣይንግደድን።

እቲ ሳልሳይን ናይ መወዳእታን ክፋል ሕጊ ሞራላዊ ሕጊ እዩ። ሞራላዊ ሕጊ ማለት ንባህርያት ኣምላኽን ሰብ እተፈጥረሉ ዕላማን ምርኩስ ብምግባር ምስ ኣምላኽ ክህልዎና ንዝግብኦ ርክባትን ኣምልኾን ስርዓት ንምትሓዝ እተዋህበ ሕጊ እዩ። እዚ ሕጊ ቅድሚ ሙሴውን ዝነበረ ሕጊ ኰይኑ ንዘለኣለማዊ መደብ ኣምላኽን ባህርያቱን እዩ ዝገልጸልና። እቶም ቅድሚ ሕጊ ሙሴ ዝነበሩ ቀዳሞት ኣቦታት'ውን በዚ ሞራላዊ ሕጊ ተሓጊዞም ብዘለኣለማዊ መደብ ኣምላኽ ይመላለሱ ከምዝነበሩ መጽሓፍ ቅዱስ ይነግረና እዩ። ገለ ኣብነት ንምጥቃስ፥ ዮሴፍ ኣይትዘሙ ዝብል ሕጊ ሙሴ ኣብ ዘይነበረሉ እዋን ካብ ዝሙት ሃዲሙ ዓስቢ ምእዛዙ ተቀቢሉ እዩ። እዚ ከኣ ምምልላሳቱ በቲ ዘለኣለማዊ መደብ ኣምላኽ ስለዝነበረ እዩ። ቃየል ድማ "ኣይትቕተል" ዝብል ሕጊ ኣብ ዘይነበረሉ እዋን ብዝቀተሎ ሓው ካብ ኣምላኽ መግናሕቱ ተቀቢሉ እዩ። እዚውን ተግባሩ ብዘለኣለማዊ መደብ ኣምላኽ ተመዚኑ ዘይቅኑዕ ኰይኑ ስለእተረኸበ እዩ።

እዚ ሞራላዊ ሕጊ ዝበሃል፥ ንከም እኒ ዘይምስራቅ፥ ዘይምዝማው፥ ዘይምሕሳው..... ዘጠቃልል እዩ። ከም ክርስትያናት ድማ ነዚ ሳልሳይ ክፋል ሕጊ ብእሙንነት ክንግዝኦ ይግባእ። ዕሽር ምሃብ ድማ ምስዚ ሳልሳይ ክፋል እዩ ዝምደብ። ከመይሲ ሰብ ንኣምላኽ ከገልግል እዩ ተፈጢሩ፥ ኣምላኽ ድማ ናይ ሕብረት ኣምላኽ እዩ። ኣብ ሕብረት ምሃብ ጥራይ ዘይኰነስ ምቕባል ኣሎ። ኣምላኽ ዘድልየና ዘበለ ይህበና እሞ፥ መሊሱ ንክብሩ ክኸውን ካባና ይወስዶ። እዚ ንምግባር ድማ ስርዓት ምሃብ ዕሽር ሰሪዑ። ሞትን ትንሳኤን የሱስ ንህይወትና ካብ ሕጊ ሙሴ ኣውጺኡ ኣብ ትሕቲ ጸጋ እኳ እንተእተወና፥ ንሞራላዊ ሕጊ ኣምላኽ ግና ኣይሰዓሮን፥ ንኣናውን ካብ ምሕላው እዚ ሕጊ ኣየድሓነናን። ብዘለኣለማዊ መደብ ኣምላኽ ዝመላለስ ሰብ ከምዘይዝሙ፥ ከምዘይሰርቅ፥ ከምዘይቀትል... ዕሽሩ ካብ ምሃብ ኣይክልከልን። በዚ ድማ ንኣምላኽ የኽብሮ።

የሱስ ናይ ቄሳር ንቄሳር ብምባል ንምድራዊ መንግስቲ ግብሪ ክንህብ ከምዘሎና ነጊሩና ኣሎ። ነዚ ቃል መሰረት ብምግባር ንቄሳር ግብሪ ዝኸፍል ሰብ ነቲ ናይ ኣምላኽ ንኣምላኽ ንዝብል ትእዛዝውን ክፍጽሞ ትጽቢት ይግበረሉ። ናይ ኣምላኽ ንኣምላኽ ማለት ድማ፥ ነቲ ንኣምላኽ ክኸውን እተፈለየ “ዕሽር፥ በኹሪ ህያብ” ንኣምላኽ ምሃብ እዩ።

**ኣብ ሓድሽ ኪዳን ዕሽርን መባእን ናብ ቤት ኣምላኽ ይመጽእ እዩ።** እቲ ንፍትወት ርእሱ ክነብር ዝደሊ ኣማኒ እዚ ሓሳብ ጸላዕላል ክብሎ ይኽእል ይኸውን። ይኹን ደኣ እምበር ቅዱስ ቃል ብንጹር ስለዝዛረብ ንሕና'ውን ነዚ ቃል እዚ ኢና ንደግሞ። ኣብ ሓድሽ ኪዳን ኣገልግሎት ዕሽር፥ ካብቲ ናይ ብሉይ ኪዳን ኣገልግሎት ፈሊኻ ዝርኤ ኣይኮነን። ክርስቶስ የሱስ ኣብ ማቴ23፡23 ነቶም ዕሽር ዝህቡ ግናኸ ነቲ ኣውራ ነገር ዝረስዑ ፈሪሳውያን ክገንሖም ከሎ ከምዚ እዩ ዝበሎም፡ *“ኣቱም ግቡዛት ጸሓፍትን ፈሪሳውያንን ካብ ጨና ኣዳም፡ ካብ ሽላን ካብ ካሙን ዕሽር ተውጽኡ፡ እቲ ኣብ ሕጊ ዘሎ ኣውራ ነገር ፍርዲ፡ ምሕረት፡ እምነት ግና ትሕድጉ ኣሎኹም እሞ ወይለኹም። እዚ ምግባር እቲውን ዘይምሕዳግ ይግባእ።”* የሱስ ኣብዚ ቦታ እዚ ***'እዚ ምግባር እቲውን ዘይምሕዳግ ይግባእ'*** እዩ ዝበል ዘሎ። *'እዚ ምግባር'* ክብል ከሎ ነቲ ኣብ ሕጊ ዘሎ ኣውራ ነገር ክኸውን ከሎ፡ *'እቲውን ዘይምሕዳግ'* ክብሎ ከሎ ከኣ ነቲ ድሮ ዝገብርዎ ዘለው ዕሽር ምሃብ እዩ። ስለዚ ጐይታ ብንጹር ኣብ ሓድሽ ኪዳን ንዘሎና ኣመንቲ ዝነግረና ነገር ብቅድስና ገዛእ ርእስና እናመራሕና ብመባእናን ብዕሽርናን ንእኡ እሙናት ክንከውን እዩ።

ኣብ ካልእ ናይ ሓድሽ ኪዳን መጽሓፍ ድማ ናይ እብራውያን ጸሓፊ ነቲ ህያው ምዃኑ ዝተመስከረሉ ዕሽር ክንህብ ከምዘሎና ይዛረብ። *“ኣብዝስ መወትቲ ሰብ ዕሽር ይወስዱ፡ ኣብቲ ግና እቲ ህያው ምዃኑ እተመስከረሉ እዩ ዕሽር ዚወስድ።”* (እብ7፡8)። እዚ ህያው ምዃኑ ዝተመስከረሉ መን እዩ? እቶም መወትቲ ከኣ መን እዮም? ብርግጽ እቲ መልሲ ንጹር እዩ፡ እዚ ህያው ምዃኑ ዝተመስከረሉ ክርስቶስ የሱስ እዩ። እቶም መወትቲ ዝበሃሉ ድማ እቶም ኣብ ብሉይ ኪዳን ዕሽር ዝቅበሉ ዝነበሩ ሌዋውያን እዮም። ክርስቶስ የሱስ ሎሚውን ዕሽር ይቅበል እዩ እሞ፥ ናብታ ኣካሉ ዝኾነት ማሕበር ነምጽኣዮ። እቲ ብመልክዕ ዕሽር ዝዋጻእ ገንዘብ ንመሳለጢ ዕዮ ኣምላኽ፣ ነቶም ዘገልግሉና ረብሓን ንኩሎም መበለታትን ጽጉማትን ዝውዕል ክሳዕ ዝኾነ ናብ ቤቱ ክነምጽኦ ግቡእና እዩ።

ቤተክርስቲያን (ማሕበር ጎይታ) ኣካል ክርስቶስ የሱስ እያ (ኤፌ1፡22-23 ቆሌ1፡18)። ስለዝኾነ ድማ እቲ ናብ ማሕበር እነምጽኦ (ንኣገልግሎት ማሕበር ኣምላኽ እነውጽኦ) ውህበት ቀጥታዊ

ርኽብ ምስ ኣምላኽ ከም ዘለዎን ንኣምላኽ ንህቦ ከምዘሎና ክርድኣና ኣለዎ። እቲ ንማሕበሩ ዝግበር ነገር ንክርስቶስ እዩ ዝግበር። ሳኦል ንኣመንቲ ኣብ ዘሳጒገሉ እዋን “ስለምንታይ ትስጒኒ ኣሎኻ” ደኣ እምበር “ስለምንታይ ሰጒግካዮም” ኣይበሎን (ግ.ሃ9፥4)። እዚ ከኣ እቲ ኣብ ልዕሊ ማሕበር ክርስቶስ ዝግበር ነገር ኣብ ልዕሊ ክርስቶስ ስለዝግበር እዩ። እምበኣርሲ ዕሽርና ናብ ማሕበር ኣብ እነምጽኣሉ እዋን ብቐጥታ ናብ ኣምላኽ ከምዘምጻእናዮ ክርድኣና ክኽእል ኣለዎ። ነዚ ኣብነት ዝኾነና፥ ደቂ እስራኤል ንምስራሕ ቤት መቅደስ ኢሎም ዘምጽእዎ ህያብ እዩ። ኩሉ እቲ ብእኦም ዝመጸ ህያብ፥ ኣምላኽ ንሱ ባዕሉ ከምእተቀበሎ ኣረጋጊጹሎም እዩ (ዘጸ25፡2 35፡5 1ዜና29፡9 እዝ8፡28 ምሳ3፡9 ኣንብብ)።

እቲ ዕላማ ናይ ዕሽር ኣብ ሓድሽ ኪዳን ክሳዕ ዝሃለወ ዕሽር ናይ ምምጻእ ተግባርውን ክቕጽል እዩ ዘለዎ። ናይ ዕሽር ዕላማ ብዙሕ ኰይኑ ክልተ ካብኡ ከም ኣብነት እንተድኣ ወሲድና ኣብ ሓድሽ ኪዳንውን ክንገብሮ ከምዘሎና ኢና ንተባባዕ። እቲ ቀዳማይ ዕላማ ንኣምላኽ ስለ ውህበቱ ምምስጋንን ምንጪ እቶተይ ንስኻ ኢኻ ንምባል ብግብሪ ምምስካር እዩ። ዕሽር ምሃብ ንጒይታ ኣፍልጦ ንምሃብን እቲ ዝረከብካዮ ኵሉ መታን ክትረኽቦ ብኣምላኽ ከም እተደገፍካ ምእዋጅ እዩ። ብርግጽ ዕሽር ምሃብ ናይ ገንዘብ ጉዳይ ዘይኰነስ፥ ናይ ምእዛዝን መርኣያ ናይቲ ኣብ ልዕሊ ኣምላኽ ዘሎኻ ትውክልትን እዩ (ምሳ3፥9-10)። እቲ ካልኣይ ድማ ነቶም ኣብ ኣገልግሎት ዘለው ቅዱሳን ንመግቢ ዝኰኖም ነገር ምምጻእ እዩ። ኣገልግሎት መቅደስ ክሳዕ ዘሎ እቶም ነቲ መቅደስ ዘገልግሉ ኣገልገልቲ ድማ ኣብ ዕዮ ተጸሚዶም ክሳዕ ዝሃለው፥ ክቕጽል ናይ ግድን እዩ። ገለ *‘ኣመንቲ ኣብ ሓድሽ ኪዳን ብመጠን እቲ ኣብ ልብኻ ምሃብ ደኣ እምበር ተገዲድካ ዕሽር ዝበሃል ኣይሰርሕን’* ክብሉ ሰሚዔ ኣሎኹ። ብመጠን እቲ ዘሎኻ ማለት ግና ዕሽር ኣይትሃብ ማለት ዘይኰነስ ህያብካ ኣብ ዕሽር ክሕጸር የብሉን ማለት እዩ። ስለዚ እቲ ንኣገልግሎት ቤት ኣምላኽ እንህቦ ዕሽር ጥራይ ክኸውን የብሉን።

እምበኣር እቲ ሓቂ እዚ ካብ ኰነ፥ ኣብቲ ቃል ኣምላኽ እትምገበሉን ጉስነት እትረኽበሉን ቦታ ዕሽርካ ሃብ። ነቲ ናብ ቤተክርስትያን እተምጽኦ ዕሽር ተቐቢሎም ኣብቲ ዝግባእ መዓላ ዘውዕልዎ ንዕኡ ዝተሸሙ (ዝተሓርዩ) ኣገልገልቲ ኣምላኽ ኣለው። እታ ቀዳመይቲ ኣብ የሩሳሌም ዝነበረት ሃዋርያዊት ማሕበር ሾብዓተ ኣገልገልቲ ኣብቲ ናይ መኣድን ገንዘብን ኣገልግሎት ሸይማ እያ። እቶም እተሾሙ ቅዱሳን፥ መንፈስ ኣምላኽ፥ ጥበብን እምነትን ዝመልኦም እሞ ብጽቡቕ ምስክርነቶም ብኣሕዋት እተመስከረሎም እዮም ዝነበሩ (ግ.ሃ6፥1-5)። ስለዚ ነቲ ናብ ማሕበር ዝመጽእ ገንዘብ ብፍርሃት ኣምላኽ ተደሪኾም ዘመሓድርዎ ቅዱሳን ስለዘለው ንስኻ ግደኻ ጥራይ ግበር። ግደኻ ድማ ናብ ቤት ኣምላኽ ዕሽርካ ብእሙንነትን ሕጉስ ልብን ምምጻእ እዩ።

## <u>ዕሽር ንህበሉ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ምኽንያት</u>

1. <u>**ንኣምላኽ ንምእዛዝ**</u>

ዕሽር እነምጽኣሉ ቀዳማይ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ምኽንያት ትእዛዝ ኣምላኽ ስለዝኾነ እዩ (ዘሌ27፡30-32 ዘሁ18፡21,26 ዘዳ14፡22-29 ማቴ23፡23 ሚል3፡10)። ከምቲ ኣቐዲምና ዝርኤናዮ ዕሽር ንደቂ ሰባት እተዋህበ ሞራላዊ ሕጊ እዩ። ስለዝኮነ ድማ እዙዛት ውሉድ ንምኳን ብትግሃትን እሙንነትን ዕሽርና ናብ ቤት ኣምላኽ ከነምጽኦ ይግባእ።

2. <u>**ንኣምላኽ ዘሎና ፍቕሪ ንምግላጽ**</u>

ንኣምላኽ ከም እነፍቅሮ ካብ እንገልጸሉም መገድታት ሓደ ንቃሉ ምእዛዝ እዩ። *"እተፍቅሩኒ እንተ ኰንኩምሲ፡ ትእዛዛተይ ሐልዉ።"* (ዮሃ14፥15)። ጐይታ እግዚኣብሄር ንኣዳምን ሄዋንን ንኩሉ እቲ ኣብ ኤደን ገነት ዘሎ ክበልዑ ክእዝዞም እንከሎ፥ ነታ ጽቡቕን ክፉእን እተፍልጥ ኦም ግና ኣይትብልዑ ዝበሎም፥ ነቲ ንእኡ ዘለዎም ናይ ምእዛዝ ደረጃ ንምምዛን እዩ ዝነበረ። ልክዕ ከምኡ ድማ ኣምላኽ ዓስራይ ኣፍ ናይ ገንዘብና ብኣና ከይትንከ ክእዝዘና እንከሎ ነቲ ኣብ ልዕሊኡ ዘሎና ምእዛዝ ምእንቲ ክመዝን እዩ። ስለዚ ብዕሽርና እሙናት ብምኳን ንኣምላኽ ዘሎና ፍቕሪ ነርኢ።

3. <u>**ንኣምላኽ መታን ከነኽብሮ**</u>

*"ብጥሪትካን ብኹሉ በኹሪ ፍርያትካን፡ ንእግዚኣብሄር ኣኽብሮ።"* (ምሳ3፡9-10)። እተፈጠርናሉን ብህይወት ንነብረሉን ዘሎና ዕላማ ሓደን እንኮን እዩ፥ ንኣምላኽ ምኽባር። ሓደ ካብቲ ንኣምላኽ ነኽብረሉ መገዲ ድማ መባእናን ዕሽርናን ናብ ቤት ኣምላኽ ምምጻእ እዩ።

4. <u>**እግዚኣብሄር ኣምላኽ ምንጪ ውህበትካ ምዃኑ ቐጻሊ ንምዝካር**</u>

ከምቲ ቅዱስ ቃል ዝብሎ ኩሉ ካብ ኣምላኽ፥ ብኣምላኽን ንኣምላኽን እዩ። *"ኵሉ ኻብኡ እዩ ብእኡን ንእኡን ድማ እዩ...።"* (ሮሜ11፡36)። ነቲ ካብ ኣምላኽን ብኣምላኽን ዝረከብናዮ ነገር መሊስና ናብ ኣምላኽ ምስ እነምጽኦ፥ ምንጭና ንሱ ከምዝኮነ ብግብሪ ንምስክር። ናይ ገንዘብ በዓልቤት ወይ ዋና ኣምላኽ ባዕሉ እዩ። ንሕና ኣመሓደርቲ ደኣ እምበር ዋናታት እቲ ኣብ ኢድና ዘሎ ገንዘብ ኣይኮንናን። ስለዚ ድማ እዩ ንገዛእ ርእስና ካብ ዋናታት ናብ ኣመሓደርቲ ክንቅይር ዋጋ ምኽፋል ዘድልየና። እዚ ንምግባር ሓደ ካብቲ እንከፍሎ ዋጋ ድማ ዕሽርናን መባእናን ንኣምላኽ ምሃብ እዩ።

5. <u>**ኣገልገልት ኣምላኽ ብዘይ ሕቶ ብትግሃት ከገልግሉን ክጸግቡን**</u>

ቅዱስ ቃል ነቲ ኣብ ዕዮ ኣምላኽ ዝወፈረ ዓያዩ ውዕለቱ ከምዝግብኦ (ማቴ10፡10 1ቆሮ9፡1 1ጢሞ5፡18 ሉቃ8፡3)፥ እቶም ንወንጌል መንግስቲ ኣምላኽ ዝሰብኹ ድማ ብወንጌል ክምገብ ከምተሰርዓሎም (1ቆሮ9፡14)፥ ብግልጺ ነጊሩና እዩ። እቲ ከም ሓረስታይ ተገሊጹ ዘሎ ኣገልጋሊ፥ ብተስፋ ግዲኡ ከምዝረኽብ እናፈለጠ እዩ ክሓርስ ዘለዎ (1ቆሮ9፡10)። ኣገልገልትና ናይ መንፈስ ዘሪኦም፥ ካባና ናይ ስጋ ከዐጽዱ ስለዘይበዝሖም፥ ዕሽርናን ናይ ፍታው ህያብና ናብኦም ከነምጽኦ ቅቡል እዩ (1ቆሮ9፡11)። ንሕና ግቡእና ክንገብር ክሳዕ ዘይከኣልና ግና ኣገልገልትና ብሕቶ ስለዝምልኡን ከብዶም ክዕንግሉ ናብ ካልእ ነገር ከድህቡ ስለዝግደዱ (ነህ10፡36-37)፥ ዕዮ ኣምላኽ ክብደል፥ እቲ ካብኦም ክንረኽቦ ዝግብኣና በረኸት ድማ ክንከስሮ ኢና ንግደድ። ምስ እንከናከኖም ግና፥ ኵሉ መዳያዊ በረኸት ካብ ኣምላኽ ክውሕዘልና እዩ (እብ6፡10 ፊሊ.4፡19)። ዕላማ ምድላው እዛ መጽሓፍ ነቶም ኣብ ዕዮ ዘለው ቅዱሳን ምትብባዕ ስለዝኰነ፥ ዝርዝራዊ ምህሮ ድሕር ኢለ ከቅርብ እየ።

## 6. <u>ክንባረኽ (ክንብልጽግ) መታን</u>

*"ብጥሪትካን ብኹሉ በዅሪ ፍርያትካን፡ ንእግዚኣብሄር ኣኽብሮ። ሽዑ ቈፋፍኻ ብብዝሒ ኺመልእ፡ መጽመቝኻ ኸኣ ብኹልዒ ወይኒ ኪቕጸጽ እዩ፡"* (ምሳ3፡9-10)።

*"ኣብ ቤተይ ምግቢ ኪኸውንሲ፡ ዕሽር ዘበለ ዅሉ ናብ ቤት መዝገብ ኣምጽእዎ፡ ሽዑ መሳኹቲ ሰማይ እንተ ዘይከፈተልኩም፡ በረኸት ድማ ብዘይ ልክዕ እንተ ዘየፍሲሰልኩም፡ በዚ ተዐዘቡኒ፡ ይብል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት።"* (ሚልክ3፡10)

*"ካብ ምቕባልሲ ምሃብ ኣዝዩ ይባርኽ.."* (ግ.ሃ20፡35)

ኣብ ብዙሕ ክፍሊ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ገንዘብካ ምሃብ ብዙሕ ዓስቢ፥ ኵሉ መዳያዊ በረኸት ከምዘለዎ ይዛረብ እዩ። ኣምላኽ፥ ምርቃ (በረከት) ክንወርስ ደኣ እምበር ብጉስቁልና ዘመንና ክንውድእ ኣይጸውዓንና (1ጴጥ3፡9)። ከምቲ ኣብ ዘዳ30፡19 ዝተጻሕፈ ድማ በረከት ምውራስ ናይ ምርጫ ጉዳይ እዩ። እዚ ማለት ነቲ ኣምላኽ ዝበለካ ፈጺምካ ክትባረኽ ወይውን ካብ ትእዛዝ ኣምላኽ ዘቢልካ ኣብ መርገም ክትመላለስ ምርጫኻ እዩ። ስለዚ ኣምላኽ ደገ በረከት ከፊቱልካ ክንሱ እንተዘይተባረኽካ ኣምላኽ በዚ ነገር ኣይሕተትን።

ኣብ ቅዱስ ቃል ናብ ምሉእ በረኸት ኣምላኽ ንኣትወሉ ደጌታት ብዝርዝርን ብብዝሕን ቀሪቦምልና እዮም። ካብቶም ናብ በረከት ክንኣቱ ክንጥቀመሎም ዝተከፍቱልና ብዙሓት ደጌታት እቲ ሓደ ደገ ከኣ ገንዘብካ ምዝራእ እዩ። ብካልእ ኣዘራርባ ብዕሽርካ፡ መባእካ፡ ናይ ፍታው ህያብካ... እሙን ምኧን በረከት ንምውራስ ብሉጽ ደገ እዩ። ስለዚ *'ኣብ ሰማይ ክሓልፈለይ እዩ ደሓን ኣብዛ ምድሪ...'* ዝብል ዘይመጽሓፍ ቅዱሳዊ ምርዳእ ካብ ኣእምሮካ ኣወጊድካ ነቲ እተከፍተልካ ደገ ኣብ ረብሓካ ኣውዕሎ። ብርግጽ ውሉድ ኣምላኽ ስለዝኰንካ፥ ኣብ ሰማይ ክሓልፈልካ እዩ፡ ምስናይዚ ግና ኣብዛ ምድሪ ክትወርሶ ዝግብኣካ ብዙሕ ዝዓይነቱ በረኸት ከምዘሎ ድማ ኣይትረስዕ።

ከምቲ ጀይስ መየር ኣብ ሓደ ቦታ ዝበለቶ **ድኻ ሰብ ቅዱስ ክኸውን ይኽእል እኳ እንተኾነ ድኽነት ግና ቅዱስ ወይ ከኣ ቅድስና ኣይኮነን።** ስለዚ ንኩሉ ድኽነት ብውህበትካ ሰዓሮ እምበር ኣይትቀበሎ። ብዛዕባ ዓስቢ ምሃብ ገዛእ ርእሱ ዝከኣለ ዝርዝራዊ ሓሳብ ድሕር ኢልና ክንርኢ ኢና።

7. <u>ኣብ ትሕቲ መርገም ከይንኣቱ</u>

*"ሰብዶ ንኣምላኽ ኪሰርቆ ይኾነሉ እዩ፧ ንስኻትኩም ግና ሰረቕኩምኒ። ብምንታይ እሞ ኢና ዝሰረቕናካ፧ ከኣ ትብሉ። ብዕሽርን ብመባእን ኢኹም። ንስኻትኩም፡ ህዝቢ ብምሉኣትኩም ሰሪቕኩምኒ ኢኹም እሞ፡ ብመርገም ተረገምኩም።"* (ሚልክ3፡8-10)።

*"ንስኻትኩም ብዙሕ ዘሪእኩም፡ ሒደት ኣእቶኹም። በላዕኩም ኣይጸገብኩምን፡ ሰቴኹም ኣይረዌኹምን፡ ተኸደንኩም ኣይምቖኩምን፡ እቲ ውዕለቱ ዜእቱ ነቲ ዝወዐሎ ኣብ ነኺል ማሕፉዳ የንብሮ ኣሎ።"* (ሃጌ1፡3-6)።

መርገም እንታይ እዩ? መርገም ዝብል ቃል ኣብቲ ናይ እብራይስጥ መጽሓፍ በዞም ዝስዕቡ ሰለስተ ቃላት ተገሊጹ ኣሎ *'ቃላል፡ ኣራር፡ ኣልኣህ' (qalal, arar, alah)* ትርጉም ናይዘን ሰለስተ ቃላት ድማ *"ውድቀት፡ ውርደት፡ ማእሰርቲ፡ ናጻ ዘይምዃን፡ መጥቃዕቲ፡ ጸቕጢ፡ ዘይምክንዋን (ዘይምስላጥ)፡ ከልካሊ መንደቕ፡ ጽላሎት.."* ዝብል እዩ። ኣብቲ ናይ ግሪኽ መጽሓፍ ድማ ነቲ መርገም ዝብል ቃል *'ኣናቴማ' (Anathema)* ክብሎ ከሎ እቲ ነዚ ቃል ዝተዋህበ ትርጉም ድማ *"ብገዛእ ኢድኻ ቁጥዓ ኣምላኽ ምዕዳም፡ ንፍርዲን መቕሰፍትን ኩነኔን ቅሉዕ ምዃን"* ዝብል እዩ።

ሰብ ብብዙሕ መገዲ እዩ ናብ መርገም ዝኣቱ። ካብኡ ሓደ ድማ ነቲ መግቢ ክኸውን ናብ ቤት ኣምላኽ ኣምጽኣዮ ዝተባህሎ ዕሽርን መባእን ብስስዔ ኣብ ግላዊ ረብሓኡ ከውዕሎ እንከሎ እዩ። ስለዚ ካብ መርገም ክንምሉቅ እሞ ክንባረክ ብዕሽርና እሙናት ንኹን። በረከት ክንወርስ ጽውዓት ኢና፡ ክንወርስን ዘይክንወርስን ድማ ናትና ምርጫ እምበር ናይ ኣምላኽ ግደ ኣይኮነን። ኣምላኽ ብቃሉ ናብ በረኸት ንኣትወሉ መገዲ ገንዘብና ንዕዮኡ ምሃብ ምዃኑ ነጊሩና ኣሎ እሞ ንምእዛዙ ብስለት ከነርኢ፡ ተወፋይነት ድማ ክህልወና የድሊ።

ዕሽርካ እንተዘይሃብካ ኣንጻር ቃል ኣምላኽ ትመላለስ ስለዘሎካ፥ ኩሉ ትሕዝቶኻ ወይ ገንዘብካ ማእኮት ዝበሃል ኣይክህልዎን እዩ። ጸውዒትካ ንበረኸት ደኣ እምበር ንመርገም ስለዘይኮነ፥ ንኹሉ እቲ ናብ መርገም ደጊሙ ክቁርነካ ዝኽእል ተግባራት ከተርሕቕ መንፈሳዊ ግቡእካ እዩ። ካብቲ ብሰሪ ዘይምእዛዝካ ኣብ ትሕቲ ግዝኣቱ ከኣትወካ ዝደሊ መርገም፥ መታን ክትናገፍ፥ በቲ እግዚኣብሄር ዝሃበካ ትሕዝቶ፥ ንቤት ኣምላኽ

ንምግልጋል እሙን ኹን። እቲ ብሒደት ዝአመን ኣብ ብዙሕ ይሸየም እዩ እሞ ክሳዕ ዝነኣሰ እሙን ኩን።

## ዕሽርና መዓስ ከም እንህብ?

ዕሽር ማለት ካብቲ ኣታዊኻ ዓስራይ ኣፍ ምሃብ ስለዝኾነ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ኣታዊ ዝረከብናሉ ይብዛሕ ይንኣስ ክንህብ እዩ ዘሎና። ገለ ገለ ኣመንቲ እቲ ክህብዎ ዘለዎም ዕሽር፡ መጠኑ ውሑድ ስለዝኾነ ንምሃብ ይስከፉ እሞ ከይሃቡ ይተርፉ። ናይ ገለ ሰባት ስክፍታ ድማ ዕሽር ኣብ ፖስታ ወይ ከኣ ዝኾነ ወረቀት ዓሺግካ ስምካ ጽሒፍካ ስለዝዋሃብ፡ *'ኣነስ ነዘን ሒደት ናቅፉ ከመይ ጌረ ክህብ ብጣዕሚ እዩ ዝከብደኒን ዘሕፍረኒን'* ክብሉ ይስምዑ እዮም። ኣብዚ ግና፡ ንዕሽርካ ኣብ ዝኾነ ነገር ዓሺግካ ምሃብ፡ ንኣሰራርሓ ክጥዕም ብሰባት ዝተማህዘ ዘይጓዳእ ምህዞ ምዃኑ ክነስተውዕሎ ኣሎና። ስለዚ ሓንትስ እሙን ንኹን እምበር ከይዓሸግና'ውን ክንህብ ንኽእል ኢና። ኣብ ዝኾነ ክፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ ዕሽርካ ዓሽግካ ስምካ ጽሒፍካ ኣምጽኣዮ ዝብል ስለዘየሎ በዚ ነገር ክትስከፍ ኣይግባእን።

ኣምላኽ ኣብ ብዝሒ ውህበትና ዘይኮነስ ኣብ ዓይነት ውህበትናን ኣወሃህባናን (ሃቀናና) እዩ ዝምልከት እሞ ይብዛሕ ይውሓድ ብዕሽርና እሙናት ንኹን። ጐይታ የሱስ፡ ከምቲ ሓደ እዋን ነቲ ኣብ ኢድ እቲ ህጻን ንዝነበረ ሒደት ዓሳን እንጌራን ብዙሓት ህዝብታት ክጸግቡሉ ከም ምኽንያት እተጠቐመሉ፡ ኣብ ኢድና ዘሎ ውሑድ ዝመስለና ትሕዝቶ፡ ንረብሓ ብዙሓት ከብዝሖ ከምዝክእል ክንኣምን ኣሎና። እቲ ንሕና ንእሽቶ ኢልና እንገልጾ ውህበት፡ ህይወት ብዙሓት ኣብ ምብጃው ናቱ ዝኮነ ኣሰር ክሓድግ ዓቕሚ ስለዘለዎ፡ ብእምነት ክንዘርኦ ኣሎና።

## ዕሽርና ንመን ወይ ኣበይ ኢና ንህብ?

ኣብ ቃሉ ዕሽር ናብቲ ንሱ ዝሓረያ ስፍራ ክመጽእ እዩ ተጻሒፉ ዘሎ (ዘዳ21:1,5-6,11 ዘሁ10፥35-39)። ዕሽር ብመሰረቱ ንኣምላኽ እዩ ዝወሃብ። እታ ኣምላኽ ማሕደሩ ክትከውን ዝሓረያ ድማ ማሕበሩ እያ። ስለዚ ናብታ ንኣሰየላ ማሕበር ኣምላኽ ነምጽኣዮ። ኣምላኽ ናብታ ወኪሉ ዝኾነት ማሕበር ዝመጽእ ውህበት ብሓጐስ ንበረኽትና ይሰምሮ እዩ። ዕሽርና ንዕዮ ጐይታ ክኸውን ስለዘለዎ ግና፡ ናብታ ኣብ ዕዮ እተጻምደት ማሕበር ክርስቶስ ኢና ከነምጽኦ ዘሎና። ነቲ ናብ ማሕበር ዝመጸ ዕሽር ድማ ከምቲ ኣብ እብ7፥5 እተጻሕፈ እቶም ንዕዮ ኣምላኽ እተመዘዙ ሌዋውያን (ኣብ ሓድሽ ኪዳን ብኸሉ ነገሮም ንዕዮ ኣምላኽ ዝተወፈዩ ኣገልገልቲ) ይወስድዎ።

ነቲ ኣብታ ዘሎካዮ ማሕበር ዘሎ ኣገልግሎታት ብዕሽርካ ክትድግፎ ኣሎኻ። እቲ ኣምላኽ ኣብታ ዘሎካዮ ማሕበር ዘለዎ ኣጀንዳ ተፈጻምነት ክረክብ ብዙሕ ረቛሒታት እዩ ዝሓትት። ሓደ ካብኡ ድማ ገንዘብ እዩ። ገንዘብ ድማ ብመልክዕ ዕሽር እዩ ዝእኸብ። ስለዚ ንምፍጻሙ ኣይትዝሓል።

ኣብዚ ግና ክንርስዖ ዘሎና ነገር፥ ብፍሉይ ድርኺት ወይ መሪሕነት ናይ ኣምላኽ ብውልቂ ንዘሎኻ ዕሽር ባዕልካ ንዘገልግለካ ኣገልጋሊ ክትህቦ ከምእትኽእል እዩ።

## ዕሽርና እንተድኣ ተጠቂምናሉ እንታይ ኢና ክንገብር ዘሎና፡

ዕሽርና ኣብ ጊዜኡ ናብ ቤት ኣምላኽ ከነምጽእ ግቡእ እኳ እንተኾነ፥ ብዝኾነ ምኽንያት ክንጥቀመሉ ንኽእል ንኸውን ኢና። ኣብቲ ዝተጠቀምናሉ እዋን እንታይ ክንገብር እዩ ዘሎና መጽሓፍ ቅዱስ ንጹር መምርሒ ሂቡና እዩ። ዕሽርና ብዝኾነ መገዲ እንተድኣ ተጠቂምናሉ ቃል ኣምላኽ ኣብቲ ዝቕጽል ጊዜ ናይቲ ዝተጠቀምናሉ ሕምሻ ወሲኽና ክንህብ ከምዘሎና እዩ ዝነግረና። *"ሰብ ካብቲ ዕሽሩ ኺብጆ እንተ ደለየ ኣብ ልዕሊኡ ሕምሽኡ ይወስኸሉ።"*

(ዘሌ27፡31)። ኺብጆ እንተደለየ ማለት ክጥቕመሉ እንተደለየ ማለት ክኸውን እንከሎ፥ ሕምሻ ማለት ድማ፥ ዕስራ ካብ ሚእቲ (20%) ወይ ከኣ ሓሙሻይ ኢድ ማለት እዩ። ንኣብነት ሓደ ሰብ እቲ ክህቦ ዘለዎ እሞ ዝተጠቕመሉ መጠን ገንዘብ 100 (ሚእቲ) ናቕፋ እንተደኣ ኰይኑ ኣብቲ ዝስዕብ ወርሒ 220 ናቕፋ ይከፍል ማለት እዩ። እዚ ማለት ናይ ክልተ ወርሒ ዕሽሩ 200 ክኸውን ከሎ እታ 20 ድማ ናይታ ኣቐዲሙ ዝተጠቕመላ 100 ናቕፋ ሕምሻ (20%) ማለት እዩ።

## ምዕራፍ ፪

## መባእ

እቲ ካልእ ንኣምላኽ እነገልግለሉ መገዲ መባእ እዩ። መባእ ንምስጋናን ኣምልኾን ናብ ኣምላኽ ዝመጽእ ህያብ እዩ። ዕላማ መባእ ብዙሕ እዩ። ንኣብነት ንናይ ኣቤልን ቃየልን መባእ እንተወሰድና ንኣምላኽ ንምምስጋን ካብቲ ዘለዎም ዝቀረበ ህያብ ከምዝነበረ ኢና ንርዳእ (ዘፍ4፥4)። ናይ ኖህውን ካብዚ ፈሊኻ ዝርአ ኣይኮነን (ዘፍ8፥20)። ያእቆብ ድማ ምስ ኣምላኹን ኣሕዋቱን ዝገበሮ ሕብረት ባህ ስለዘበሎ፥ ከም መርኣያ ሓጐሱ መባእ ከምዝሃበ ንርኢ (ዘፍ31፥54)።

ስለዚ መባእ ክንብል ከሎና ኣብ መዓላ ናይ ቤተክርስቲያን መሳለጢ ዝውዕል ኾይኑ እቲ ዝዋጻእ ገንዘብ ብመጠን ድሌት ናይቲ ዝህብ ሰብ እዩ ዝውሰን። ኣብ ብሉይ ኪዳን ብዙሕ ዓይነት መባእ ተጠቂሱ ኣሎ። ገለ ካብኡ ንምጥቃስ፥

- ዝቃጸል መስዋእቲ፥ (ዘሌ1፥3-17 መዝ66፥15)
- መስዋእቲ መስተ፥ (ዘጸ29፥40)
- መስዋእቲ ምውዝዋዝ፥ (ዘጸ29፥26)
- መስዋእቲ ብልዒ፥ (ዘሌ2፥1-16)
- መስዋእቲ ምስጋና፥ (ዘሌ7፥13)

ከምቲ ዕሸርና ክንህብ እተነግረና፥ ከምኡ ድማ መባእና ክነምጽእ ተኣዚዝና ኣሎና (ሚልክ3:8)። መባእውን ከም ዕሸር ክርስትያናዊ ግዴታና እዩ። ካብ ዕሸር ዝፈልዮ ድማ መጠኑ ባዕልካ እትውስኖ ብምኳኑ ጥራይ እዩ። *"..ንደቂ እስራኤል መባእ ኪህቡኒ ተዛረቦም እቲ መባኤይ ከኣ ካብ ነፍስ ወከፍ ሰብ ብልቡ ክህብ ዝፈተወ ውሰዱ"* (ዘጸ25፡2)።

ደቂ እስራኤል ብመባእ ንኣምላኽ የምልኹ ነይሮም (ዘሌ2፥1-16 ዘሁ7፥12-17)። መባእ ሓደ ኣካል ናይ ኣምልኾ ካብ ኮነ ኣብቲ ዝግበር ናይ ጉባኤታት ኣምልኾ ብትግሃት ክንፍጽሞ የድሊ። ከም ኣካል ኣምልኾ ክንርእዮ ደኣ እምበር ከም ተራ ነገር ክንሓስቦ ኣይግባእን። ናብ ቤት ኣምላኽ ክንከይድ እንከሎና ባዶ ኢድና ክንከይድ ቅቡል ኣይኮነን። ቃል ኣምላኽ ሰሚዕና፥ ተማሂርና፥ ተባሪኽና ንምምልላስ ጥራይ ኣይንኺድ፥ ንምግልጋል ንኺድ። እቲ ሓደ ነገልግለሉ መገዲ ድማ ምሃብ ስለዝኮነ ኲሉሳዕ ምስ መባእና ናብ ቤት ኣምላኽ ንኺድ።

## <u>ምዕራፍ ፫</u>

## <u>ናይ ፍታው ህያብ</u>

ቅዱስ ቃል ብዛዕባ እዚ ዓይነት ውህበት ብዙሕ ሳዕ እዩ ተዛሪቡ ዘሎ። ንኣብነት ኣብ ዘዳ12፡17 እንተደኣ ኣንቢብና "ናይ ፍቃድ ህያብ" ክብል ገሊጽዎ ኣሎ። ናይ ፍታው ህያብ ዝበሃል ሰብ

ፈትዩ ንሓደ ፍሉይ ዕላማ (ዕዮ) ቤተክርትያን፥ ኣብ ሓደ ሰብ ንዘሎኻ ፍቕሪ መግለጺ ክኸውን ይክእል፥ ጐደሎ ማሕበር ክርስቶስ ንምምላእ ዝግበር ገንዘብ ይኹን ነገራዊ ህያብ (ወፈያ) እዩ። ገለ ኣብነታት ካብ መጽሓፍ ቅዱስን እተፈላለያ ኣብያተ ክርስትያናት ዝገበራኦ ንርአ፦

- **ንመስርሒ ወይ መሕደሲ ቤት ኣምላኽ ዝወሃብ ናይ ፍታው ህያብ**
  ናይ ፍታው ህያብ ንመስርሒ ወይ መሓደሲ ቤት ኣምላኽ (መእኸቢ ኣዳራሽ ቅዱሳን) ተባሂሉ ይወሃብ እዩ (2ዜና24፡4-14)። መእኸቢ ቅዱሳን ዝኸውን ኣዳራሽ ክህሉ ኣገዳስን ንቡርን ስለዝኰነ፥ ንከምዚ ዕላማ ዝኸውን ፕሮጀክት ምስ ዝብገስ ኢድካ ክትጽንብር ክትኽእል ኣሎኻ። ንጉስ ሰሎሞን፥ መቅደስ ጐይታ ንምህናጽ ኣብ ዝገበሮ ወፍሪ፥ ንህዝቢ ኣምላኽ ኣሳቲፍዎ እዩ፥ ንሕናውን ሎሚ እታ ዘሎናያ ማሕበር መእኸቢ ኣዳራሽ ክትሰርሕ፥ ክትሕድስ፥ ክትካረ ምስ እትደሊ ብናይ ፍታው ህያብና ተወፋይነትና ከነርኢ ኣሎና።

- **ንምስራሕ ታቦትን ኣቑሑ መቕደስን እተዋህበ ወርቂ**
  እቲ ካብ ግብጺ ብሓያል ቅልጽምን ብዘገርም ተኣምራትን ዝወጸ ህዝቢ፥ ነቲ ካብ ጐረባብቱ ግብጻውያን ተለቂሑ ሒዝዎ ዝወጸ ኣዋርቕ፥ ኣብ በረኻታት ከጋይጸሉ ዘይኰነስ ኣብ ምስራሕ ታቦትን ኣቑሑ መቅደስን ክውዕል መታን ብፍታው ከበርኽቶ እንከሎ ኢና ንርኢ (ዘጸ35፥5,22)። ነቲ ኣብ ኢድና ዘሎ ገንዘብ ይኹን ንብረት ኣብ ፍሉይ ዕማም ማሕበር ክውዕል ክንዘርኦ ንኽእል ኢና። ከነጋይጽን ክንርኣየሉን ዘይኰነስ ክንዓየሉ ኢና ንቕበሎ እሞ፥ ብትሕዝቶና ንኣምላኽ ነገልግል።

- **ንደገፍ እተን ራእየን እትኣምነሉ ሚኒስትሪታት ወይ ማሕበራት ዝወሃብ**
  ብናይ ፍታው ህያብካ ከተገልግላ ዘሎኻ ነታ ናይ ኣባልነት ፎርም ዝመላእካላ ማሕበር ጥራይ ኣይኰነን። ኣባለን ዘይክንስካ፥ ራእየን ስለትኣምነሉ ክትድግፈን ንዝደለካየን ማሕበራትን ሚኒስትሪታትን'ውን ብፍታው ህያብካ ከተገልግል ሓላፍነትካ እዩ። ንኣብነት ነቲ ንበረኸት እዛ ምድሪ ኰይኑ ዘሎ "ኤልሻዳይ ቴሌቪዥን ኔትወርክ" ዓመታዊ ናይ ኣየር ሽፈነ ወጻኢታቱ 7.3 ሚልዮን ናይ ኢትዮጵያ ብር ብምኧኑ ደገፍካ ክትምጥወሉ ትኽእል ኢኻ። ከምቲ ፊሊጶስ ነቲ ስሉብ ኢትዮጵያዊ ናብ ምድሓን ከምጽኦ ናብ ሰረገላ እቲ ኢትዮጵያዊ ክድይብ ግዲ ዝኰኖ፥ ሎሚውን ማሕበር ንኸሉ እቲ ዘይኣምን ህዝቢ ዝደየበሉ ነገር (ቴክኖሎጂ፥ ስራሕ፥ ቦታ..) ክትድይብ ገዚፍ ፋይናንሳዊ ደገፍ የድልያ እዩ። ነዚ ጾር ናይ ምፉኳስ ሓላፍነት ድማ ናትኻ እዩ። ኣብ ከባቢካ ሓሰስ በል እሞ ኣብ ንጡፍ ዕዮ ንዝርከባ ኣገልግሎታት ብፍታው ህያብካ ኣገልግሎም።

- **ኣብ ሕብረት ብሓደ ንምውዓል ዝወሃብ**
  ኣብ እተፈላለየ እዋናት ንብዙሕ ምኽንያት ቅዱሳን ብሓደ ክውዕሉ ወይ ክቕንዩ ይክእሉ እዮም። ናይ ጾምን ጸሎትን መደብ፥ ዕጽው መደብ፥ ፍሉይ ናይ ትምህርቲ

ቅነ፥ ናይ ምንቅቃሕን ተሓድሶን መደብ.. ድማ ሒደት ካብቶም ብሓደ ክንውዕል ክንቅንይ ዝገብሩ እዮም። ኣብ ምድርና ዋላ ብዙሕ ልሙድ ነገር ኣይኹን፥ ሓድሽ ዓመት ብሓደ ክትውዕል፥ ካብታ ዘሎካዮ ከተማ ውጽእ ኢልካ ብሓባር ንምዝንጋዕ ዝግበር መደብውን ኣሎ። ንኹሉ እዚ ንብሎ ዘሎና ድማ ገንዘብ የድሊ እዩ። እዚ ገንዘብ ድማ ብናይ ፍታው ህያብ እዩ ክሽፈን ዘለዎ። ብዕሽር ክሽፈን ምንም ጌጋ እኳ እንተዘይብሉ፥ ዕሽር ኣብ ካልእ ዕዮ ከገልግል ክንሓድጎ ኣሎና።

- **ንእትፈትዎም ሰባት መግለጺ ፍቕርኻ ክኸውን ዝወሃብ**
  ኣምላኽ ስለዘፍቀረና እዩ ከም መርኣያ ፍቕሩ ወዱ ሂቡና። ንሕናውን ነቶም እነፍቅሮም ሰባት ብምሃብ ተማቕልቲ ኣምላኻዊ ባህርይ ምዃንና ብግብሪ ክነርኢ ኣሎና። ንእንፈትዎም ሰባት፥ ጽቡቕ ዝኲነ ጽልዋ ኣብ ህይወትና ንዝገበሩ ቅዱሳን ኣገልገልትን ዓርከ-መሓዛን፥ ምሳና ንዝነብሩ ኣሕዋት ፍቕርና ንምግላጽ ናይ ፍታው ህያብና ክንህቦም ኣሎና። ንእንፈትዎ ሰብ ክንህብ ናይ ግድን ውራይ ክህሉ ኣለዎ ማለት ኣይኲነን። ናይ መመረቕታ፥ መርዓ፥ ዕለተ ልደት... በዓል ምኽንያት ብምግባር ክንህብ ቅቡል እኳ እንተኾነ፥ ንከምዚ ኣጋጣሚታት ጥራይ ክንጽበ ግና ኣይግባእን። ባህ ኣብ ዝበለናን ፍሉይ ነገር ኣብ ህይወትና ኣብ ዝተከናወነሉ እዋን ነቶም እነፍቅሮም ሰባት ናይ ፍቕሪ ህያብ ክንህብ ኣሎና።

ስለዚ ብሓፈሻ እዚ ናይ ፍታው ህያብ ዝበሃል ንኣምላኽ ይኹን ንሰባት ከምቲ ልብኻ ዝፈትዎ መጠን ምሃብ እዩ።

# ምዕራፍ ፬

# ንድኻታት ምሃብ

*"..ኣብታ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ዚህበካ ምድሪ ኣብ ሓንቲ ኻብ ደጌታትካ ሓደ*

*ካብ ኣሕዋትካ እንተ ደኸየ ነቲ ድኻ ሓውካ ልብኻ ኣይተጽንዓሉ ኢድካውን ኣይትጨብጠሉ። ኢድካ ኣጸቢቕካ ኽፈተሉ እቲ ዜድልዮ ኸኣ ኣእኪልካ ኣለቅሓዮ። ኣብ ልብኻ ሓሳብ በሊያል ከይህልወካ ተጠንቀቕ።... ፈቲኻ ሀቦ ንእኡ ብምሃብካውን ልብኻ ኣይጕሄ፡ በዚ ምኽንያት እዚ እግዚእብሄር ኣምላኽካ ብኹሉ ተግባርካን ኢድካ ኣብ ዝዘርጋሕካሉ ኹሉን ኪባርኽካ እዩ።"* ዘዳ15፡7-11 24፡14-15

ኣብ ብሉይ ኪዳን ብደቂ እስራኤል ብንጥፈት ካብ ዝሰላሰሉ ተግባራት ሓደ ንድኻታት ብገንዘብ ምድጋፍ እዩ ዝነበረ (ዘዳ14፥28-29 26፥12-15)። ኣብ ሓድሽ ኪዳን'ውን እቶም ቀዳሞት ኣመንቲ፥ ነቶም ኣብ ማሕበር ዝርከቡ ቅዱሳን ድኻታት ቀዳምነት ብምሃብ፥ ነቶም ኣብ ወጻኢ ዝርከቡ ድኻታት'ውን ደገፍ ይገብሩ ከምዝነበሩ ተጻሒፉ ኣሎ (ሉቃ6፥30,35 12፥33 ግ.ሃ11፥29 ሮሜ12፥13 15፥26 ገላ6፥10)። ድኻታት ምድጋፍ፥ ሓደ ካብ ተግባራት ቤተክርስትያን እዩ። ማሕበር ማለት ድማ ንሕና እቶም ዳግም እተወልድና ኣመንቲ ኢና። ስለዚ ንድኻታት ምድጋፍ መንፈሳዊ ሓላፊነትና ምዃኑ ክንዝኽር የድሊ።

ድኻታት ወይ ጽጉማት ክንብል እንክሎና ነቶም ክሰርሑ እናከኣሉ ብሰሪ ትህኪቶም ጽግዕተኛነት ንዘማዕብሉ ኣይኰነን። ነዚኣቶም ብምግናሕ፥ ምምካርን ምምሃርን ዳግም ናብ ስራሕ ዓለም ዝኣትዉሉ መገዲ ክነጣጥሓሎም እዩ ዘሎና። ነቶም ስራሕ ብምንዓቕ ዝመላለሱውን ተመሳሳሊ ምኽሪ ብምልጋስ ገዛእ ርእሶም ካብቲ እተኰየጠሉ ዙፋን ትዕቢት ኣውሪዶም ክሰርሑ ክንገብር ኣሎና። ከመይሲ እቲ ጽሑፍ *"ገለ ሰብ ኪዐዪ ዘይፈቱ እንተኾይኑስ ኣይብላዕ"* ይብል እዩ (2ተሰ3፥9-10)።

ናብቲ ዘልዓልናዮ ሓሳብ ምልስ ክንብል፥ እቶም ክንድግፎም ኣሎና እንብሎም ድኻታት እዚኣቶም እዮም። ጠወርቲ ዘይብሎም፥ ኣካለ ስንኩላን፥ ኣረጋውያን፥ ዘኽታማት፥ ሕሙማት....። እዚኣቶም ድማ ኣብ ውሽጢ ማሕበር ክርከቡ ይኽእሉ ካብ ማሕበር ወጻኢውን ኣለው። ከም ክርስትያናት ስቃይ ድኻታት ዘቀንዝወና ሰባት ክንኸውን ይግባእ። እቲ ኣርኣያ ሓዲጉልና ዝኸደ ጐይታ ነቶም ዝስዕብዎ መንፈሳዊ ነገር ጥራይ ዘይኰነስ ንስጋ ዘድልዮም መግብዎም እዩ (ማቴ14፥15-21)። ንሱ *"ዝምገብዎ ሃብዎም"* ብምባል ድማ ተሳታፊ እቲ ናይ ልግሲ ዕዮኡን ድንጋጹን ክንኸውን ጸዊዑና እዩ። እቶም ቀዳሞት ሃዋርያት ነዚ ጻውዒት ጐይታ የሱስ ምላሽ

ብምሃብ ንህዝቢ ኣምላኽ ንስጋኡ ዘድልዮ ነገር ከምዝምገብ ጌርዋ እዮም (ግ.ሃ6፥1-5 ሮሜ15፥25-26)።

ንድኻ ምሕጋዝ ብዙሕ ረብሓ ዘለዎ ሰማያዊ ትእዛዝን ሓደ ክፋል ናይ ኣምልኾን ብምዃኑ፥ ነፍስ ወከፍና ብትግሃት ከነተግብሮ ኣሎና። *"ኣብ ቅድሚ ኣምላኽን ኣቦን ንጹህን ርኽሰት ዜብሉን ኣምልኾ እዚ እዩ፡ ርእስኻ ኻብ ርኽሰት ዓለም እናሐሎኻ፡ ንዘኽታማትን መበለታትን ኣብ መከራኦምን ጸበባኦምን ምብጻሕ እዩ።"* (ያእ1፥27)። ንጽጉማት ኣብ ጊዜ መከራኦም ምሕጋዝ ኣምልኾ ካብ ኰነ፥ ከባቢና ሃሰስ ብምባል ሽጉራትና ንሓግዝ። እዚ ምስ እንገብር ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ቅቡል ዝኰነ ኣምልኾ ከነቅርብ ንኽእል ኢና። ኣምላኽ ድማ ነቶም ብኣምልኾ ዘሕጉስዎ ኣብዚሑ ዝባርኽ ኣምላኽ እዩ።

ንድኻ ምሕጋዝ ዝብል ቃል ኣብ ካልእ ጽሑፋት "ምጽዋት" ተባሂሉ ተገሊጹ ኣሎ (ግ.ሃ3፡2 ግ.ሃ10፡2)። ምጽዋት ካብ ካልእ ዓይነት ህያብ ዝፍለየሉ፡ እቲ ዝህብ ሰብን እግዚኣብሄርን እቲ ዝምጽወተሉ ዘሎ ሰብን ጥራይ እዮም ዝፈልጥዎ (ማቴ6፡3-4)። እዚ ማለት ሰባት እንዳሓበርካ ይህብ ኣለኹ እንዳበልካ ዝዋሃብ ህያብ ኣይኮነን። ምጽዋት፥ ብሕቡእ ዝዋሃብ ኮይኑ፥ ብግህዶ ካብ እግዚኣብሄር በረኸት ትቕበለሉ ልግሲ እዩ። ንምምጽዋት ድማ፥ ብድንጋጸ ተመሊእካ ወይውን እግዚኣብሄር ንልብኻ ኣተሓሳሲብዎ (ብመለኮታዊ ምግላጽ) ከተተግብሮ ዝከኣል እዩ። ብኸመይ ኣገባብ ኢኻ ኣተግቢርካዮ ብዘየገድስ፥ ካብ ቅኑዕ ሃቀና ክሳዕ ዝገበርካዮ ኣምላኽ ክክሕሰካ እዩ። ገለ ካብ ረብሓታቱ ቐጺልና ንርኤ

## <u>*ዘይበሊ ማሕፉዳን ዘይጐድል መዝገብን ኣብ ሰማያት ትዓቍር*</u>

*"....ጥሪትኩም ሸጡ ምጽዋትውን ሀቡ፡ ሰራቒ ኣብ ዘይቀርቦ፡ ነቕዝ ኣብ ዘየጥፍኦ ዘይበሊ ማሕፉዳን ዘይጐድል መዝገብን ኣብ ሰማያት ዕቘሩ።"* (ሉቃ12፥33)። ንድኻ ኣብ እትህበሉ እዋን ብዘሎ ጥሪትካ ካብ ነቀዝ ክሕሎን ዘይበሊ ማሕፉዳን ዘይጐድል መዝገብን ኣብ ሰማያት ክትዐቍር ብቕዓት ይህልወካ። ብዙሕ እዋን ጥሪትና ብቀሊሉ ዝጠፍእ፥ ንሽጉራት ቁሊሕ ስለዘይንብሎም እዩ። ሽጉራትና ምስ እንዝኽር ግና ኣብዚ ምድሪ ናብ ጥሪትና ኢዱ ዝሰድድ ነቕዝ ኣይክህሉን፥ ኣብ ሰማያት ድማ መዝገብ ንዓቁር። ስለዚ ስለ ምድሪ ጥራይ ምሕሳብ ብምቍራጽ፥ ንሰማያዊ ቤትና ዝኸውን መዝገብ ንምዕቛር ኢድና ንድኻታት ንዘርግሕ።

## <u>ንኣምላኽ ተለቒሐ</u>

*"እቲ ንድኻ ዚርሕርሖ ንእግዚኣብሄር የለቅሖ፡ ንሱውን ንሰናይ ግብሩ ኺፈድዮ እዩ።"* (ምሳ19:17)። ንድኻ ምሃብ ንኣምላኽ ምልቃሕ እዩ። እዚ ማለት ንድኻ ክትህብ እንከሎኻ ኣብ ኢድ ኣምላኽ ኢኻ ተቐምጦ ዘሎኻ ማለት እዩ። ኵላትና ከም እንፈልጦ ከነለቅሕ እንተድኣ ኰይንና እቲ ሰብ ክመልሰልና ከምዝኽእል ምስ እነረጋግጽ ጥራይ እዩ። ክመልሰልና ይኽእል እዩ ኢልና ንዝሓሰብናዮ ሰብ ብዘይ ዝኰነ ስክፍታ ኢና ነለቅሖ። ሰብ እዚ ዘይምሉእ ክእመን እንተድኣ ክኢሉ እቲ ብባህሪኡ እሙን ዝኰነ ኣምላኽ ከንደይ ኣብዚሑ ዘይእመን። ኣምላኽና

ዓስቢ ዝህብ ንሰናይ ግብሪ ዘይገፍዕ እሙን ኣምላኽ እዩ። ንሱ ተለቂሑ ዘይጠልም ብምዃኑ፥ ነቲ ንድኻታት እንህቦ ዘርእና ከብቝሎን ከብዝሖን እሙን እዩ።

## <u>ጸሎትካ ይስማዕ</u>

ከምቲ ጽሑፋት ዝብልዎ ንኣውያት ድኻ ዘይምስማዕ ጸሎትካ ይዓግት እዩ። *"..እቲ ንጥርዓን ድኻ ኸይሰምዕ ኢሉ እዝኑ ዚዐጹ፡ ንሱውን ይጠርዕ እም ምላሽ ኣይረክብን።"* (ምሳ21:13)። ኣውያትካ ክስማዕ፥ ኣውያት ድኻ ምስማዕ የድልየካ። ኣብ መብዛሕትኡ እዋን ጸሎትና ዘይተመለሰሉ ምኽንያት እንታይ ምዃኑ ስለዘይነስተውዕል ኣብ ልዕሊ ኣምላኽ ኢና ነንጸርጽር። እቲ ክኸውን ዘለዎ ግና ጸሎተይ እንታይ ስለዝገበርኩ ወይ ስለዘጉደልኩ እዩ ዘይተሰምዔ ኢልና ክንሓትት እዩ። ሓደ ካብ ብዙሕ ምኽንያት ድማ ንጥርዓት ድኻ ዘይምስማዕ እዩ። ንድኻ ምስ እንሰምዕ ኣምላኽ ይሰምዓና እዩ። ብኣንጻሩ ዕሽሽ ምስ እንብል ድማ ኣምላኽ እዝኑ ይዓጽወልና። ስለዚ ንድኻ ብምስማዕ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ሞገስ ዘለዎ ጸሎት ንጸሊ።

## <u>ንኣምላኽ ነኽብሮ</u>

ንሽጉር ምሕጋዝ ንኣምላኽ ካብ ነኽብረሉ መገድታት ሓደ መገዲ እዩ። *"እቲ ንድኻ ዚጭቍን ንፈጣሪኡ ይጸርፍ፡ ንስኡን ዚርሕርሓሉ ግና የኽብሮ።"* (ምሳ14:31)። ከምቲ ኣብዚ ቦታ ተጻሒፉ ዘሎ ንድኻ ድንጋጽ ምስዘይህልወና ንኣምላኽ ኢና ንጸርፎ። *"ንድኻ ዘባጩ ንፈጣሪኡ ይጸርፍ፡ ብጓድኣት ዚሕጐስ ከኣ ከይተቐጽዔ ኣይተርፍን።"* (ምሳ17:5)። ብከናፍርና ንኣምላኽ ንባርኽ ኣሎና እናበልና ብግብርና ከይንጸርፎ ንሽጉራት ንራሕርሓሎም። እተፈጠርናሉ ዕላማ ንክብሪ እቲ ዝደኸኑና ኣምላኽ ከነድምቕ ስለዝኾነ፥ ንኹሉ እቲ ኣምላኽ ዝከብረሉ መገዲ ብምጥቃም ንኣምላኽ ነኽብሮ። ከምቲ ኣቐዲምና ዝርኤናዮ ድማ ሓደ ካብ ብዙሕ መገድታት ድማ ንድኻ ምሕጋዝ እዩ።

እምበርኣሲ ንድኻታት ምሕጋዝ ብዙሕ ረብሓ ዘለዎ ንጉሳዊ ትእዛዝ ካብ ኰነ፥ ብሕጉስ ልቢ ብትግሃት ነተግብሮ። ምስናይዚ ግና ንድኻታት እንህቦ ህያብ፥ ንዕለት ቁርሶም ከረኽቡ ክንዮ ምሕጋዝ ናብርኦም ክልውጥ ብዝከእል መገዲ ክፍጸም ጽቡቕ እዩ። ንኣብነት ኣብ ክንዲ ኩሉሳዕ ውህበትና ዝጽበዩ፥ ብውልቅና ወይ ምስ ካልኦት ብምትሕብባር ናይ ስራሕ ደገ ምኽፋት፥ መበገሲ ዝኰኖም መክሊት ምሃብ....። ከምኡውን ንድኻታት ምሕጋዝ ሳሕቲ ዝካየድ ክኸውን ኣይግባእን። ንማሕበር ቈሮንቶስ ከም ኣብነት እንተድኣ ወሲድና ቀጻልነት ብዘለዎ ኣገባብ እያ ንቅዱሳን ድኻታት ትሕግዝ ዝነበረት (1ቈሮ16፥1-4 8፥1-7)።

ኣብ መወዳእታ ድማ ድኻታት ንምድጋፍ ንዝዋጻእ ገንዘብ ተግባራዊ ንምግባር ናትና ፍሉይ መገዲ ክንጥቀም ከም እንኽእል ከዘኻኽር እደሊ። እቶም ኣብ ቈሮንቶስ ዝነበሩ ኣመንቲ፥ ንድኻታት ንምሕጋዝ ተባሂሉ ንዝዋጻእ ገንዘብ፥ ኣቀዲሞም ኣብ ገዛኦም ከዳልው ይግበር ነይሩ (1ቈሮ16፥)፥ ኣብ ብሉይ ኪዳን ድማ ንሻብዓይ ዓመት ናይ ምህርቶም ይጥቀሙ ኔሮም (ዘዳ15፥1-11)። ስለዚ ንሕናውን ብዝጥዕመና መገዲ ጊዜ ብምፍላይ ንድኻታት ምሕጋዝ ንዝዛእ ርእስናን

ንካልኦትን ከነልምድ ኣሎና። እቲ እንህቦ ሓገዝ ድማ ናይ ግድን ገንዘብ ጥራይ ክኸውን ኣለዎ ማለት ኣይኮነን። ክዳውንቲ፥ ኣቕሑት ገዛ… እተፈላለየ ነገራትውን የጠቓልል እዩ።

## ምጽዋት ከመይ ጌርና ኢና ክንህብ ዘሎና?

መጽሓፍ ቅዱስ ገንዘብና ንድኻታት ክንህብ ከምዘሎና ጥራይ ዘይኮነስ፥ ከመይ ጌርና ክንህብ ከምዘሎናውን ግሉጽ ዝኾነ መምርሒ ኣቀሚጡልና እዩ። ሒደት ካብዞም መርሒታት ድማ ቀጺልና ክንርኢ ኢና። ነዞም ስዒብና ንርእዮም መምርሒታት ብግቡእ ምስ እንጥቀመሎም ውህበትና ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ተቐባልነት ክህልዎ እዩ።

### 1. ብሕቡእ ምሃብ

ጐይታ ምጽዋት ኣብ እንህበሉ እዋን ኣብ ቅድሚ ሰብ ከይንህብ ኣጠንቂቑና እዩ። እዚ ማለት ንክንርአ ኢልና ኣይንሃብ። ካልኦት ብዛዕባ እንህቦ ክፈልጡ ብምግባር ኣይንሃብ። ኣብ ቅድሚ ሰብ ብግሉጽ መገዲ ትገብሮ እንተድኣ ኰይንካ ነቲ ኣብ ሰማይ ክትረኽቦ ዝግብኣካ ዓስቢ ኢኻ ትከስሮ (ማቴ6፥1-4)። ስለዚ ግቡዝ ኣይትኩን። ርእስኻ ኣይትነኣድ። ካብ ኣምላኽ ንኣምላኽ ትህብ ከምዘሎካ ኣስተውዒልካ ብሕቡእ ሃብ።

### 2. ጥሪትካ ብምሻጥ

ካብቲ ዘድልየካ ንላዕሊ ብዙሕ ነገራት ኣብ ቤትካ እንተድኣ ሃልዩካ፥ ክትሸጦ እሞ ምጽዋት ክትህቦ እዩ ዝግብኣካ (ሉቃ12፥33-34)። እዚ ምግባር ኣብ ሰማያት ክቡር መዝገብ ክትሃንጽ ክሕግዘካ እዩ። ካልኦት ብስእነት መሰረታውያን ነገራት እናተሰቀዩ፥ ንሕና ዘይንጥቀመሉ ንብረት ኣብ ቤትና ክንከዝን ነውሪ እዩ። ስለዚ ኢና ኣብ ረብሓ ድኻታት ንምውዓሉ ክንሸጦ ወይ ድማ ከምዘለዎ ክንህቦም ዘድልየና።

### 3. ንዝለምኑካ ኩሉ ምሃብ

ከምቲ እቲ ኣብ ግ.ሃ3፥2-10 ምጽዋት ካብ ሰብ ንምልማን ኣብ ኣፍ ደገ መቅደስ ዝቐመጥ ዝነበረ ጽጉም፥ ካብ ማእከልና ዝልምኑና ኣመንቲ ኣሕዋትና ኪጋጥሙና እዮም። ከምቲ ንስኻ ዘድልየካ ዘበለ ካብ ክርስቶስ ንምርካብ እትልምን፥ ዘድልዮም ካባኻ ንምርካብ ዝልምኑካ ኣመንቲ ምስ ዘጓንፉካ ኣይተሕፍሮም። ዘድልዮም ኩሉ ወይ ድማ ዓቕምካ ዝፈቐዶ ብምሃብ ኣፋንዎም።

### 4. ብልግሲ ምሃብ

ከምቲ ሃዋርያ ጳውሎስ ኣብ 2ቆሮ9፥6 ዝብሎ መጠን'ቲ ዝዘራእናዮ ኢና እንዓጽድ። ቈጢብካ ተዘሪእካ ቈጢብካ ትዓጽድ። ብበረኸት ተዘሪእካ ድማ ብበረኸት ኢኻ ትዐጽድ። ቈጢብካ ምዝራእ ማለት ውሑድ ገንዘብ ንምግላጽ ዘገልገለ ቃል ዘይኰነስ ንብስስዔ ንምዝራእ ክገልጽ ዝኣተዎ ቃል እዩ። ብስስዔ ተመሊእካ ምስ እትዘርእ፥ ዓስቢ ስስዔካ ሒደት ኢኻ ትዐጽድ። ናይ ምዝራእን ምዕጻድን ሕጊ ዘለኣለማዊ ስለዝኾነ ስለታ ዝዘራእካያ ካብ ምዕጻድ እኳ እንተዘይተከልከልካ እቲ እትዐጽዶ ግና ክንድ'ቲ ኣብ ልቢ ኣምላኽ እተመደበልካ ኣይኰነን። ስለዚ ድማ እዩ ብበረኸት ክትዓጽድ ብልግስና ክትዘርእ ዘድልየካ።

### 5. ዓስቢ ከምዘለዎ ተረዲእካ ምሃብ

ነቲ ብምጽዋት ንዝፍለጥ ቆርኔሌዎስ ከም ኣብነት እንተድኣ ወሲድና ዓስቢ ምጽዋት እንታይ ከምዝኾነ ብዝግባእ ክንርድኦ ንኽእል ኢና። ንሱ ዝረከቦ ዓስቢ ኣብ 4 ክንመቕሎ ንኽእል። ጸሎቱ ተሰሚዑ፥ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ንመዘከርታ ኰይኑሉ፥ ምጉናፍ መልኣኽ፥ ምስ ሃዋርያዊ ኣገልግሎት (ጴጥሮስ) ምርኻብ። ስለዚ ናይ ምሃብ ዓስቢ ብዙሕ ምዃኑ ብምግንዛብ ብትግሃት ሃብ።

### 6. ብሓጎስ

ኣምላኽ ሕጉስ ወሃቢ እዩ ዚደሊ (2ቆሮ9፡7)። ስለዚ ናይ ዘይምሃብ ሳዕቤን ስለዝፈራሕካ ጥራይ ኣይትሃብ። ብሕጉስ ልቢ ሃብ። ኣምላኽ ብዝሀበና ነገር እንሕጐስ ሰባት ክንከውን ይግባእ። ሓጐስና ግና ካብ ኣምላኽ ኣብ ምቕባል ጥራይ ክሕጸር የብሉን። ንኣምላኽ ብምሃብውን ክንሕጐስ ኣሎና (ዘዳ26:10-14)።

### 7. ሓጐስካ ንምጽንባል ምሃብ

ዝተሓጐሰ ከዝምር ጥራይ ዘይኰነስ ክህብ እዩ ዘለዎ። ዘኬዎስ ምድሓን ናብ ቤቱ ምስ መጸ ካብ ምሒር ምሕጓሱ፥ ንፍርቂ ካብ ጥሪቱ (50%) ንድኻታት ሂቡ። ገለ ዝዐመጾ ሰብ እንተሎ ድማ ኣርባዕተ ዕጽፊ (400%) ከምዝህብ ተዛሪቡ (ሉቃ19፥1-10)። ስለዚ ገለ ሰማያውን ምድራውን ነገር ረኺብካ ምስ ትሕጐስ፥ ናብ ሓደ ሓድሽ ነገር ምስ እትሰጋገር ነቶም ኣብ ከባቢካ ዘለው ድኻታት ኣይትረስዓዮም፥ ዘኽሮም። ኣእዳውካ ኣብ ልዕሊኦም ብምዝርጋሕ ተማቕልቲ ሓጐስካ ግበሮም።

## 8. ብፍቕሪ ምሃብ

ከምቲ ሃዋርያ ጳውሎስ ዝበሎ ካብ ፍቕሪ ወጻኢ እንህቦ ውህበት ረብሓ የብሉን (1ቈሮ13፥3)። እቲ እንህቦ ንኣና ክጠቕመና እንተድኣ ኮይኑ ካብ ፍቕሪ ብፍቕሪ ክንህብ ይግባእ። ወሳኒ ተራ ዝጻወት ናይ ፍቕሪ ልብና እምበር፥ ብዝሒ ውህበትና ኣይኮነን። ስለዚ ኣብ ፍቕሪ ኮይንና ክንህብ ክንኽእል ኣሎና።

## 9. ካብ ስእነትካ (ዋላ መግብካ) ምሃብ

ጐይታ የሱስ ሓደ እዋን እቶም ሃብታማት ኩሉ ሰብ ክርእዮም ብዝክእለሉ መገዲ ምጽዋት ክህቡ ይዕዘብ ኣብ ዝነበረሉ እዋን፥ ሓንቲ ድኻ መበለት ድማ ክልተ ለብጦን ከተውድቕ ረኣየ። ሽዑ ንሱ *"...ካብ ኲላቶም እዛ ድኻ መበለት እዚኣ ኣብዚሓ ኽም ዘውደቐት፡ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ።"* በለ (ሉቃ21፥1-4)። እዞም ሃብታማት ካብ ተረፎም ዋላ ብዙሕ እንተሃቡ፥ እታ መበለት ግና ሒደት ክነሱ ካብ ስእነታ ንዘለዋ ኸሉ ብምሃባ ሓለፋኦም ከምዝህበት እዩ ብጐይታ እተመስከረላ። ንምሃብ ብዙሕ ትርፊ ክሳዕ ዝህልወካ ኣይትጸበ። ካብ ስእነትካ ንእትህቦ ህያብ ኣምላኽ ብሃቀናኻ መዚኑ ክባርኸልካ ምዃኑ ኣይትረስዕ።

## 10. ንዘሎካ ክእለት ኣብ ረብሓ ድኻታት ምውዓል

ንሽጉራት ንምሕጋዝ ናይ ግድን ገንዘብ ጥራይ ኣይኮነን ዘድልየና። ከም ዶርቃስ ንዘሎና ክእለት ተጠቒምና ከነገልግሎም ንኽእል ኢና። ንሳ ነተን መበለታት ዝኸውን ክዳን ብገዛእ ኣእዳዋ ብምስራሕ ኣገልጊላ (ግ.ሃ9፥36-39)። ስለዚ ኣብ ኢድካ ንዘሎ ጥበብ ተጠቒምካ፥ ነቶም ኣብ ከባቢኻ ዘለው ድኻታት ሓግዞም። ንኣብነት ገዝኦም ሕብሪ ምልካይ፥ ንደቆም ኣብ ትምህርቶም ምሕጋዝ... እቲ ብቐሊሉ ክትገብሮ እትክእል ተግባር እዩ።

## 11. ብከምኡ ምሃብ

ውህበትካ ጉቦ መታን ከይኮነካ እሞ ነቲ ክትረኽቦ ዝግብኣካ ዓስቢ ከይከልኣካ ብከምኡ ምሃብ ፍቶ። *"...ብኸምኡ ተቐበልኩም፡ ብኸምኡ ሀቡ።"* (ማቴ10፡8)። ውሬታ፡ ዓስቢ፡ ሞሳ ከይተጸበካ ሃብ። ብከምኡ ዘይምሃብ ንውህበትካ የምኽኖ እዩ። ምጽዋትካ ብምሃብካ ቁማር ክትጻወት ኣይትድለ። ካብ ዝኾነ ዓይነት ስስዔ ጌጋ ምርዳእን ትጽቢትን ሓራ ኮይንካ ሃብ። ዘርእኻ ቐጥታዊ ርኽብ ምስ ኣምላኽ ደኣ እምበር ምስቶም መተሓላላፊ ኮይኖም ዘለው ድኻታት ስለዘይኮነ ካብ ሰብ ዓስቢ ኣይትጸበ፡ ናእዳ ኣይትድለ።

ጐይታ ልዕሊ ውህበትና ኣወሃህብና እዩ ዘገድሶ። ክንደይ ሂብካ ዘይኮነስ ብኸመይ ትህብ ኣሎኻ እዩ ዝርኢ። ስለዚ ኣብ ብዝሒ ውህበትካ ዘይኮነስ ኣብ ኵነታት ልብኻ ኣስተብህል። ምሃብ ከም እትቅበል ዝገብር እኳ እንተኾነ ንምሃብ ዝድርኸካ ሃቀና ግና ዓስቢ ምድላይ ዘይኮነስ እቲ

ንጐይታ ዘሎኻ ፍቕሪ እዩ ከኸውን ዘለዎ። ጐይታ ህይወቱ ብከምኡ ብምሃብ ፍቕሩ ከምዝገለጸልካ ተረዲኢካ፥ ንስኻ ድማ ብከምኡ ሃብ። ደድሕሪ'ቲ ዝመጽእ ዓስቢ ልብኻ ከየውደቕካ ብከምኡ ሃብ። እዚ እንተገበርካ ናይ ኣምላኽ በረኸት ብስምካ ኣብ ዘሎኻዮ ቦታ ባዕሉ ኣናድዩ ክመጻካን ክረኽበካን እዩ።

## 12. <u>ብጸሎትን ምስጋናን ምሃብ</u>

ምንጪ እቲ እትህቦ ኣምላኽ ባዕሉ ስለዝኾነ ከተመስግኖ እዩ ዘሎኻ (ዘዳ26፡12-14)። ቃል በረኸት ኣብ ልዕሊ ዘርእኻ ከተንብር ኣሎካ። ቃል እምነት ኣብቲ ትዘርኦ ገንዘብ ኣንብር። ብካልእ ኣዘራርባ ትንቢታዊ ኣዋጅ ኣብ ልዕሊ እቲ ትዘርኦ ዘርኢ ኣቐምጥ። በቲ ትዘርኦ ሰናይ ቃል እምነት ኩነታትካ ክትቅይረሉ ትኽእል ናይ እምነት ሓይሊ ኣብ ልሳንኻ ብኣምላኽ ከምተነብረልካ ኣስተውዕል። ንበረኸትካ ከደናጉይ ወይ ከኣ ክዓግት ንዝደሊ ክፉእ መንፈስ ግንሓዮ፡ እሰሮ።

## 13. <u>ትዓጽደሉ ጊዜ ከምዘሎ ፈሊጥካ ብትዕግስቲ ምሃብ</u>

ነቲ ሎሚ እትዘርኦ ዘርኢ ትዓጽደሉ ጊዜ ከምዘሎ ፈሊጥካ ብትዕግስቲ ክትጽበ ኣሎኻ። ከምቲ ንዘርኢ ጊዜ ዘሎ ንዓጺድ ድማ ጊዜ ኣሎ (መክ11፡6)። ስለዚ ብኡብኡ እንተዘይዓጸድካ ኣይትገረም። ተጸበ (ገላ6፡7-8 ማቴ4፡26-27)።

# ምዕራፍ ፭

# ንኣገልገልትካ ዝወሃብ ውህበት

“ኣብ ልዕሊ ምድሪ እትነብረሉ ኹሉ ዘበንካ ንሌዋዊ ኸይትሐድጎ ንርእስኻ ተጠንቀቕ።” (ዘዳ12፡19)።

እቲ ዘገልግለካ ሰብ፥ ኣባኻ ክነድቕ ከምዝኽእል እንተድኣ ኣሚንካ ክትከናከኖን ክትባርኾን እዩ ዘሎካ። ኣጠቓቕማን ኣተሓሕዛን ቅቡኣት እንተድኣ ዘይፈሊጥና ነቶም ኣምላኽ ዝሃበና ቅቡኣት ክንከስሮም ኢና ንግደድ። ዝበዝሐ ኣብዛ ምድሪ ዝጸንሐ ኣማኒ እንትርፎ ካብ ኣገልገልቱ ጸጋ ክቕበል፥ ብዛዕባ ኣገልገልቲ ዝሓሊ ኣይኮነን። ስለዝኾነ ድማ ብዙሓት ካብ ኣገልገልትና ዘመናዎም ምሉእ ብሽግርን ስቅያትን እዮም ሓሊፎሞ። ገሊኦም ንሕክምና ዝኸውን ገንዘብ ብምስኣኖም ክሳዕ ህይወቶም ሓሊፉ እያ። ገለ ድማ ደቆም ዘምህሩሉ፥ ዝከድኑሉንን ዝምግቡሉን ብምስኣኖም ኣብ ከቢድ ማሕበረ ቁጠባዊ ሽግራት ተሸሚሞም እዮም ሓሊፎሞ። ናይዞም ብከምኡ ዝሓለፉ ኣገልገልቲ ስቃይ ድማ እዩ ክንድቲ ንጽዕሮ ከይንሳገር ዓጊቱና ዘሎ።

ሓደ ብብዝሒ ጾምን ጸሎትን ብምውሳድ ዝፍለጥ፥ ንልዕሊ 20 ዓመት ንኣምላኽ ኣብዛ ሃገር ዘገልገለ ሰብ፥ ብብዝሒ ጾም ክወስድ ዘገደዶ ምኽንያት ሓይሊ ጾምን ጸሎት ተረዲእዎ ዘይኮነስ ዝምገቦ ምስ ሰኣነ ዝጀመሮ ምዃኑ ተዛሪቡ ኣሎ። እዚ ዘመልክተና፥ እቶም ኣብዛ ምድሪ ዘገልግሉ ዘለው ኣገልገልቲ ብሕሱም ድኽነት ይስቀዩ ከምዝነበሩን ዘለውን እዩ። ስለዚ ድማ እዩ እዚ ሕጂ ዘሎ ወለዶ ታሪኽ ክቕይር ትጽቢት ዝግበረሉ። ካብቲ ዝሓለፈ ወለዶ ክንመሃር ኣሎና። ካብቲ ጐታቲ ዝኰነ ኣካይዳ ገዛእ ርእስና ክነድሕን ኣሎና። ተመገብቲ ጸጋ ኣገልገልትና ጥራይ ኣይንኹን። በቲ ዘሎና ኩሉ ኣብ ጐኒ ኣገልገልትና ደው ንበል። ንኣገልገልትና ብምግልጋል ንኣምላኽ ነኽብሮ።

ከምቲ ኦብድያ ኣብ ጊዜ ሽግር ጽላል ነብያት ዝነበረ (1ነገ18፡1-4)፥ ንስኻውን ሎሚ ነቶም ኣብ ትሕቲ ጽላሎም ክትነብር ገዛእ ርእስኻ ንዝሃብካዮም ቅቡኣት ጽላል ኩኖም። ኣነ ክሳዕ ዘሎኹ ኣብ ዘመነይ ዝኾነ ቅቡእ ብምኽንያት ገንዘብ ምስኣን ካብቲ እተዋህቦ ቦታ ኣገልግሎት ክዘብል የብሉን ዝብል ሃቀና ሒዝካ ተመላለስ። ዓስቢ ቅቡኣት ብኢድ ኣንብሮን ምህሮን ጥራይ ከምዘይትቅበል ብምርዳእ ተመላለስ። ዓስቦም ክትቅበል መግቦም፥ ክደኖም፥ ተከናከኖም። ዕሽር ናብ ማሕበር ምምጻእ በይኑ ኣኻሊ ከምዘይኮነ ተረዳእ። ሃኳፋቶም ዕለት ዕለት ብምዕዛብ ንምምልኡ ተበገሶ ውሰድ።

ብዛዕባ ንኣገልገልትካ ምግልጋል ዝርዝራዊ ሓሳብ ድሕር ኢልና ክንርኢ ኢና።

## <u>ምዕራፍ ፺</u>

## <u>ካብ ዕሽር ዝለዓል ዕሽር ንካህን</u>

ካብቶም ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ እተጠቅሱ ናይ ገንዘብ ኣገልግሎታት ሓደ፥ ንካህን ዘወሃብ ናይ ዕሽር ዕሽር (ካብ ዕሽር ዝወጽእ ዕሽር) እዩ (ዘሁ18፡26)። እዚ ዓይነት ዕሽር እቶም ዕሽር ክወስዱ እተመደበሎም ሌዋውያን ንኣገልግሎት እቶም ካህናት ክውዕል ኢሎም ዝህብዎ ህያብ እዩ። ከም ዝፍለጥ ኵሎም ሌዋውያን ኣብ ናይ መቕደስ ስራሕ ዝሳተፉ ኣይኰኑን። ንኣብነት ገለ ካብ ሌዋውያን መዘምራን እዮም፥ ገለ ድማ ሓለውቲ ደገ እዮም። ንኣገልግሎት መቕደስ ወይ ንክህንነት እተመዘዙ ካብ ዘርኢ ኣሮን ዝኾኑ ሌዋውያን ድማ ኣለው። እቶም ካብ መቕደስ ዕዮ ወጻኢ ብካልእ ንኣምላኽ ዘገልግሉ ሌዋውያን ድማ ካብቲ ዝወስድዎ ዕሽር ዓስራይ ኢድ ብምልዓል ንኣገልግሎት እቶም ኣብ መቅደስ ዘገልግሉ ካህናት ክህቡ ተኣዚዞም እዮም። *"ሌዋውያን ዕሽር ኪወስዱ ኸለው ድማ፡ ሓደ ኻህን ወዲ ኣሮን፡ ምስቶም ሌዋውያን ይኹን። እቶም ሌዋውያን ድማ ናይቲ ዕሽር ዓስራዩ የልዕሉ እሞ ናብ ቤት ኣምላኽና፡ ናብቲ ኽፍልታት ቤት መዛግብቲ የእትዉ።"* (ነህ10፥38)።

እቶም ሌዋውያን ነቶም ኣብ ልዕሊኦም ዘለው ካህናት ዕሽር ይህቡ ካብ ነበሩ፥ ኣብ ሓድሽ ኪዳንውን ዕሽር ዝወስዱ (ብማሕበር ዝኽፈሉ ኵሎም ኣገልገልቲ) ካብ ዕሽሮም ዓስራይ ኢድ ብምልዓል ነቶም ኣብ ልዕሊኦም እተቐመጡ መራሕቲ ክህብዎም ከኽእሉ ኣለዎም። ንኣብነት ወንጌላውያን፥ ጓሶትን መምህራንን ዝኰኑ ነቶም ኣብ ልዕሊኦም ብኣምላኽ እተሾሙ ነብያትን ሃዋርያትን ክህብዎም ይክእሉ። እቶም ኣብ ደረጃታት ስልጣን ቅቡኣት ኣብ ካልኣይ ደረጃ እተሰርዑ ነብያት ድማ ነቶም ኣብ ቀዳማይ ደረጃ እተሰርዑ ሃዋርያት ክህብዎም ይግባእ። ንስኻ ካብቲ መጓሰ ዕሽር ትወስድ ካብ ኰንካ፥ ነቶም ካባኻ ዕሽር ክወስዱ ዝግብኦም መራሕትካ ክወስዱ ክትገብር ኣሎኻ።

እቲ ኣብ መሪሕነት ዘሎ ኣገልጋሊ፥ ነቶም ኣብ ልዕሊኡ ዘለው መራሕቲ ወይውን ነቶም ናብዚ ሕጂ ዘለዎ ደረጃ ንክበጽሕ ዓብዩ ኣስተዋጽኦ ንዝገበሩ ቅቡኣት፥ ንምግልጋሎም ኣእዳው ክዝርግሕ ኣለዎ። ነዚ ድማ ብክልተ መገዲ ከተግብሮ ይኽእል እዩ። ቀዳማይ፥ እሙን ኰይንካ ብቐጻሊ ዕሽርካ ናብ ቤት መዝገብ ብምምጻእ። ካልኣይ ድማ ብቐጥታ ነቲ ዕሽርካ ናብቶም ኣብ ልዕሌካ ዘለው ስልጣናት ብምምጻእ። እቲ ናይ መንፈስ ዘሪኡ ኣብዚ ደረጃ ዘብጽሓካ ቅቡእ፥ ብዕሽርካ ናይ ስጋ ክትዘርኣሉ ግቡኡ እዩ። ስለዚ ንምፍጻም እዚ ዓይነት ህያብ ትጉህ ኩን።

## ምዕራፍ ፯

## በኹሪ ህያብ

*"ካብ ኣሓኻን ካብ ብጊዕካን ኩሉ በዅሪ እተወልደ ተባዕታይ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ ቀድሶ። ብበዅሪ ብዕራይካ ኣይትዕየ፡ ብዅሪ በጊዕካ ድማ ኣይትቘረጽ።"* (ዘዳ15፡19 26፡9-11)።

እቲ ኣብ መበል ሻብዓይ ንርእዮ ዓይነት ህያብ "በዅሪ ህያብ" ዝብል እዩ። በዅሪ ማለት ማህጸን ከፉቲ ውሉድ፥ ናይ መጀመርታ እንስሳ ወይ ድማ ቀዲሙ ዝበጽሐ ምህርቲ እዩ። በዅሪ ህያብ ከበሃል እንከሎ ድማ እቲ ምህርቲ ኣብ ጥቕሚ ቅድሚ ምውዓሉ ናብ ቤት ኣምላኽ ቀዲምካ ምሃብ እዩ (ዘሁ3፥11 18፥13)። ኣገልግሎት ናይዚ ህያብ ልክዕ ከም ካልኦት ህያባት መግቢ ኣገልገልቲ፡ ስደተኛታትን፡ መበለታትን፡ ዘኽታማትን ኰይኑ፥ ነቲ ኣቀዲምካ ዝረከብካዮ እቶት ኣምላኽ ምንጪ ውህበትካ ምዃኑ ንምምስካር ናብ ኣምላኽ እተምጽኦ ህያብ እዩ።

ከምቲ ቅዱስ ቃል ዝሕብረና፥ ኣምላኽ ንህዝቡ ካብ ግብጺ ከውጽኦ እንከሎ፥ ንበዅራት ናይ ግብጺ ብምውቃዕ እዩ ኣውጺእዎ። ንሱ ንበዅራት ግብጺ ክወቅዕ እንከሎ ንበዅራት ደቂ እስራኤል ግና ካብ ጥፍኣት ጋሪድዎም እዩ። እዚ ከኣ በዅሪ ንእኡ መታን ክቅደሱ እዩ ብዕላማ ጌርዎ (ዘጸ13፥2 ዘሁ3፥11-13)። እቲ ሓቂ እዚ ካብ ኰነ፥ ንሕናውን ንክርስቶስ በዅሪ ፍጥረቱ ስለዝኾንና (ያእ1፥18)፥ ብበዅሪ ህያብና ከነመስግኖ ይግባእ።

ነቲ ቀዳማይ ኣታዊና ናብ ኣምላኽ ከነምጽኦ ኣሎና። ከምቲ ኣብ ትንቢት ህዝቅኤል ተጻሒፉ ዘሎ በዅሪ ህያብካ ናብ ኣገልጋሊካ ምምጻእ ኣብ ቤትኻ በረኸት የሕድረልካ እዩ። *"በዅሪ ኹሉ ፍርያትኩምን… ንኻህናት ይኹን። ንቤትኩም በረኸት ምእንቲ ኺሐድራስ በዅሪ ሓሪጭኩም ንኻህን ሀቡ።"* (ህዝ44፡30)። ኣብ ህይወትካ ክነድቐ፥ ናብቲ እተራእየልካ ፍጻሜ ክደፍኣካ ብኣምላኽ እተዋህበካ ኣገልጋሊ ንሱ ካህንካ እዩ። ስለዚ በረኸት ንቤትካ ክዓስል ብበዅሪ ህያብካ ኣገልግሎ። ንቀዳማይ ኣታዊኻ ናብቲ ኣምላኽ ኣብ ልዕሌኻ ዘቐመጦ ኣገልጋሊ ብምምጻእ፥ ቃል በረኸት ኣባኻ ከንብር፥ መጻኢካ ንኣምላኽ ምሳኻ ኰይኑ ከረኽብ፥ ንዅሉ መገድካ ክባርኸካን ከማዕቀብን ግበር።

ሓደ ሰብ፥ *'በዅሪ ፍርያተይ ቍሳዊ ተኾይኑ እንታይ እዩ ክገብር ዘሎኒ?'* ክብል ይኽእል እዩ። ደቂ እስራኤል ነቲ ንኣምላኽ ዝሀብዎ በዅሪ ውላዶም መሊሶም ናቶም ክገብርዎ እንተድኣ ደልዮም ክብጀውዎ (ክፈልዎም ክወስድዎ) ከምዘለዎም እዩ ተኣዚዞም (ዘሁ18፥15-16)። ማርያም ንበዅሪ ወዳ (ንየሱስ) ንኣምላኽ ንምቕዳስ ክልተ ባሬቶ ወይ ክልተ ጫጩት ብምሃብ እያ ናታ ጌራቶ (ሉቃ2፥22-24)። ስለዚ ንስኻውን ንበዅሪ ፍርያትካ ብገንዘብ ጸብጺብካ ናብ ቤት ኣምላኽ ከተምጽኦ ትኽእል ኢኻ።

በዅር ትሕዝቶካ ንኣምላኽ ምሃብ፥ ኣምላኽ ምንጪ በረኸትካ ምዃኑ እትምስክረሉን ንኣምላኽ ብሉጽ ምስጋና እተብጽሓሉን እዩ። (ዘጸ22፥29 23፥19)። እቲ ቅድሚ ኩሉ እትረኽቦ ነገር ኣብ

ህይወትካ ሓለፋ ከምዘለዎ ዘይስሓት ሓቂ እዩ። ነዚ ሕልፊ ዘለዎ ነገር ንኣምላኽ ብምውፋይ ድማ ልዕሊ ዝኾነ ነገር ንኣምላኽ ከም እተቀድም ኢኻ ብተግባር ትምስክር። ስለዚ ነቲ ናይ መጀመርያ ደሞዝና፥ ናይ መጀመርያ ናይ ንግዲ እትዋትና ንኣምላኽ ንሃብ።

ሕጂ ኣብ ናይ ገሌና ኣእምሮ 'ስራሕ ካብ ዝጅምር ነዊሕ ኰይኑ ኣሎ፥ በዅሪ ኣታዊየይ ግና ሂበ ኣይፈልጥን፥ ሕጂ እንታይ እየ ክገብር ዘሎኒ?' ዝብል ሓሳብ ወይ ሕቶ ክመጽእ ይኽእል እዩ። ነቲ ቅድሚ ሕጂ ዘይገበርናዮ ሕጂ ጸብጺብና ብልክዕ ናብ ቤት ኣምላኽ ክነምጽኦ ንኽእል ኢና። እዚ ምግባር ካብ ተሓታትነት ሓራ ይገብር፥ ንሕሊና የቅስን፥ በረኸትካ የቀላጥፍ እዩ። ዝሓለፈ ሓሊፉ እዩ ኣይንበል፥ ኣብ ዝኾነ ኵነት በዅሪ ናይ ኣምላኽ እዩ። *"...ማሕጸን ዚኸፍት ኵሉ፡ ሰቡን እንስሳኡን፡ ንሱ ናተይ እዩ እሞ ኵሉ በዅሪ ንኣይ ቀድሶ...።"* (ዘጸ13፥1-2)። ናይ ኣምላኽ ካብ ኾነ ኣምላኽ ናቱ ነገር ክወስድ ክንገብር ኣሎና።

## ምዕራፍ ፰

## መብጽዓ

*"ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ መብጽዓ ምስ ተማባጻዕካ፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ብዛዕባኡ ኻባኻ ጸብጸብ ኪደሊ እዩ እሞ፡ ሓጢኣት ከይኾነካ፡ ንምፍጻሙ ኣይትደንጒ።"* (ዘዳ23፡21)።

ካብቶም ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ተጠቒሶም ዘለዎ ዓይነት ህያባት ሓደ መብጽዓ እዩ። መብጽዓ፥ ኣምላኽ ሓደ ነገር ክገብረልካ እሞ፥ ምስ ዝገብረልካ ድማ ንስኻ ሓደ ካልእ ነገር መሊስካ ከምእትህብ ቃል ምእታው እዩ። 'ዎ ኣምላኽ እዚ እንተድኣ ጌርካለይ እዚ ክህበካ እየ' ብዝብል እንኣትዎ ቃል ንሱ እዩ መብጽዓ። ገለ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ኣብነት ክንወስድ እንተድኣ ኣድልዩ፥ ሃና ንኣምላኽ ውላድ ተሂብካኒ መሊሰ ንኣኻ ክህበካ እየ ብምባል ተመባጺዓ (1ሳሙ1፥11)። እስራኤላውያን ነቲ ክዋግኦም ዝወፈረ ንጉስ ኣራድ ናይ ከነኣን ኣምላኽ የሕሊፉ ተሂብዎም፥ ንከተማታቶም ከምዝሕረምዎም ተመባጺዖም (ዘሁ21፥1-3)። ዳዊት፥ ኣምላኽ መሕደሪ ክሳዕ ዝረኽብ ናብ ድንኳን ቤቱ ከምዘይኣቱን ከምዘይድቅስን ተመባጺዑ (መዝ132፥1-5)።

መብጽዓ ባዕልካ ብፍታውካ እትገብሮ ነገር እኳ እንተኾነ፥ ሓንሳእ ምስ ተመባጻዕካ ግና ክትፍጽሞ መንፈሳዊ ግዴታ ዘሰክም እዩ። እቲ እተመባጻዕናሉ ምስ ዝፍጸም፥ ነቲ ዝኣቶናዮ ቃል ክንፍጽም ኣሎና። *"ንኣምላኽ እንተ ተመባጻዕካሉ ንምፍጻሙ ኣይትደንጒ። ብዓያሱ ባህ ኣይብልን*

*እዩ እሞ ነቲ እተመባጻዕካዮ ፈጽሞ። ተመባጺዕካ ኻብ ዘይትፍጽሞስ፡ ዘይምምብጻዕ ይሓይሽ።"*

(መክ5፡4-5)። ብካልእ ኣበሃህላ መብጽዓ ዘይምፍጻም ናይ ኣምላኽ ፍርዲ ኣብ ልዕሌኻ ምጽዋዕ እዩ (ዘሁ30፥2 ዘዳ23፥21-23)። ስለዚ ድማ ኢና ክንመባጻዕ እንከሎና ብዕምቈት ሓሲብና ክንመባጻዕ ዝግብኣና

ንታሪኽ ይፍታሔ ከም ኣብነት እንተድኣ ወሲድና፥ ንሱ ብዓወት እንተድኣ ተመሊሱ፥ ነቲ ንምቅብባሉ ዝወጸ ቀዳማይ ሰብ፥ ንኣምላኽ መስዋእቲ ክኸውን ከምዘቕርቦ ተመባጺዑ። ብዓወት ኣብ እተመልሰሉ እዋን ድማ፥ ንምቅባሉ ቀዳመይቲ ኲይና ዝወጸት ጓሉ ብምንባራ፥ ብሓዊ ከንድዳ እዩ ተገዲዱ (መሳ11)። ስለዚ ክትመባጻዕ እንከሎኻ ብዕምቈት ብምሕሳብን ንምፍጻሙ ብምድላውን ይኹን። ኣብ ቃልካ ደው ዘይምባል ናይ ኣምላኽ ቍጥዐ ዘልዕል ብምዃኑ ሓሲብና ንመባጻዕ። እቲ መብጽዓና ብኣምላኽ ምላሽ ምስ ዝረኽብ ድማ ገለ እኳ ከየጉደልና ከምታ ዝበልናያ መብጽዓና ንፈጽም።

መብጽዓካ ዘይምፍጻም ከቢድ መቕጻዕቲ እዩ ዘስዕብ። ሃንናያ ምስ ሰበይቱ ሰጺራ ንኸሉ ዘለዎም ብምሻጥ ንጐይታ ክህቡ ተመባጺዖም እኳ እንተነበሩ፥ ምስ ሸጥዎ እቲ ገንዘብ በዚሑ ስለተራእዮም፥ ከፊሎም ክሓብኡ ወሲኖም። እዚ ተግባሮም ድማ ንመንፈስ ቅዱስ ምሕሳው ኰይኑ ስለተረኽበ ንሞት ኣብጺሕዎም (ግ.ሃ5፥1-10)።

# ምዕራፍ ፱

## ንስድራ ቤትካ ዝወሃብ

*"..ንሳቶም ቅድም ንስድራ ቤቶም ፍርሃት እግዚኣብሄር ኬርእዩ ንወለዶምውን ውሬታ ኺመልሱ ይምሀሩ።"* (1ጢሞ5፥4)።

ኑቶም ዘዕበዩና ወለድና ክንክሕሶምን ክንእዘዞምን ፍቓድ ኣምላኽ እዩ። ኣብዚ መዳይ ከይተዓወትና ቅዱስን ጸላውን ህይወት ክህልወና ኣይኽእልን እዩ። ስለዚ ድማ እዩ ወለድና ብውህበትና ከነገልግሎም ዝግብእና። ከም መጠን ኣመንቲ ክርስቶስ፥ ኣብ ወለድና ክንዕወት ክንክእል ኣሎና። ክርስቶስ የሱስ 'ወዲ ጸራባይ' ዝብል ሳጓ ክሳዕ ዝወጾ፥ ክሳዕ ክንድኡ ንወለዱ የገልግሎም ከምዝነበረ ንዘኽር። ኣብ ርእስዝውን ኣብ ጊዜ ሞቱውን እንተኰነ ንወላዲቱ ምስ ክናብያ ዝኽእል ሰብ (ዮሃንስ) እዩ ገዲፍዋ ደኣ እምበር ኣብ ባዶ ሜዳ ኣይጠንጠናን (ዮሃ19፥26-27)። ንወለድና ኣብ ልዕሊ እቲ ምስ ክርስቶስ ዘሎና ርኽብ ብምትንሳእ ናብ ክሕደት ክሳዕ ዘይዓደሙና ብኩሉ ዘድሊ ክንእዘዞምን ከነገልግሎምን ይግባእ።

ያእቆብ፥ በረኸት ይስሃቅ ኣቡኡ ንክቕበል፥ ድሌት ይስሃቅ ንዝኰነ ጸብሒ ሰሪሑ ከቅርብ ናይ ግድን እዩ ኣድልይዎ። ከምኡ ብምግባር ድማ ካብ ኣቦኡ በረከት ተቀቢሉ (ዘፍ27)። ንስኻውን ሎሚ በረኸት ወለድካ ክትቕበል ባህግታቶም ዓቕምካ ብዝፈቐዶ መልእ። እቲ ንስድራቤቱ ዘይሓሊ ሰብ ካብቶም ዘይኣምኑ ዝገደደ ምዃኑ ተገንዚብካ ብውህበትካ ንትእዛዝ ኣምላኽ ኣኽብር። *"ሓደ እኳ ኑቶም ናቱ፡ ምናዳ ግና ንስድራ ቤቱ፡ ዘይሓሊ እንተሎ፡ እምነት ዝኸሐደ ኻብቲ ዘይኣምንውን ዝገደደ እዩ።"* (1ጢሞ5፥8)። ነቲ ዘሎካ ጽቡቕ ርካብ ምስ ወለድካ ተማቕሎ እምበር ምስ በልጸግካ ነታ መበቆልካ ዝኰነት ስድራ ኣይትረስዕ።

ንወለድካ ከተገልግሎም ናይ ግድን ኣመንቲ ክኾኑ ኣለዎም ማለት ከምዘይኰነ ድማ ኣይትስሓቶ። ዋላውን ንክርስትና ዘይቅበሉ ይኹን ከተገልግሎም እዩ ዘሎኻ። እዚ ብምግባርካ ብርሃንካ ኣብ ቅድሚኦም ስለዝበርህ መንፈስ ርትዒ ክወርዶም ይኽእል እዩ። ስለዚ ተጊህካ ኣገልግሎም። እዞም ሎሚ ዘለው ወለድካ ድሕሪ እተወሰነ ብህይወት ዘይክህልው ስለዝክእሉ ጊዜ ከሎኻ ብግቡእ ኣገልግሎም። *"እምብኣርሲ ጊዜ ኸሎና፡ ንኹሉ ሰብ፡ ምናዳ ግና ኑቶም ኣመንቲ ስድራ ቤት ሰናይ ንግበር።"* (ገላ6፥10)። እቲ ጊዜ ምስ ሓለፈ ጣዕሳ ረብሓ የብሉን። ብጊዜ ሕማማ ክከናከና እናከኣለ ንወላዲት ኣዲኡ ዝባኑ ዝሃበ ሰብ ኣብ ጊዜ ሞታ ክቡር ሳንዱቅ ሬሳ ተገዚኣላ እንታይ ይጠቕም። ስለዚ ጊዜ እንከሎኻ፥ ንወለድካ ሞት ከይመንጠለካ እንከሎ ዓቕምካ ብዝፈቐዶ ንምግልጋል ትጉህ ኩን።

## ምዕራፍ ፲

## ህያብ በዓላት

ሓደ ካብቲ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ተገሊጹ ዘሎን ብደቂ እስራኤል ድማ ልሙድ ዝኾነ ህያብ፥ “ህያብ በዓላት” እዩ። ደቂ እስራኤል ኣብ እዋን በዓላት (ጽንብላት) ተኣካኺብካ ብምብላዕን ምስታይን ንኣምላኽ ንምምስጋን ናብ ዝእከበሉ ስፍራ ናይ በዓላት ህያብ ሒዞም ይኸዱ ነይሮም (ዘሁ28፥29 ነህ10፥32-39 2ዜና31፥3)። ኣብ እተፈላለዩ ኣጋጣሚታት ምኽንያት ብምግባር ገንዘብና፥ ኣቑሑት፥ ከዳውንቲ.... ናይ ምሃብ ልምዲ ክነጥሪ ክንኽእል ኣሎና። ንኣብነት ኣብ ከም በዓል ልደተ ክርስቶስ፥ ትንሳኤ ክርስቶስ፥ ሓድሽ ዓመትን በዓል ናጽነት ሃገርና... ከምኡውን ብውልቂ ኣብ ዕለተ ልደትካን ፍሉይ ኣጋጣምን ብምጥቃም ንኣምላኽ ብህያብካ ከተገልግሎ ትኽእል ኢኻ።

ዕላማ እዚ ዓይነት ህያብ ሓጐስካ ምግላጽ፥ ንኣምላኽ ኣብዚ ዘሎካዮ ክትበጽሕ ዝደገፈካ ንምምስጋንን ካልኦት ተማቐልቲ ሓጐስካ ክኾኑ ንምግባርን እዩ። ስለዚ ንፍሉይ ኣጋጣሚታት ብምጥቃም ምሃብ ንልመድ። ንኣብነት ኣብ መብዛሕትኦም ጸዓዱ ንልደተ ክርስቶስን ምልዋጥ ሓድሽ ዓመትን ምኽንያት ብምግባር ንድኻታት ከዳውንቲ ይዕድሉ፥ ኣቑሑቶም ንዘይብሎም ይዘርኡ እዮም። ንሕናውን ብዓቕምና እዚ ዘይንገብረሉ ምኽንያት ኣይረኣየንን። ነቶም ኣብ ማእከልና ዝርከቡ ጽጉማት ብምኽንያት በዓል ንዘኽሮም። ንሳቶምውን ኣብ ቤቶም ባህ ኢልዎም መታን ከሕልፍዎ እተፈላለየ ገንዘባውን ንዋታውን ነገር ንወፍየሎም። እቲ ንእኦም እንህቦ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ንብዙሕ ሰናይ ክበቖለልና እዩ።

# ምዕራፍ ፲፭

# ካብ ማሕበር ንማሕበር ዝወሃብ ውህበት

ማሕበራት ካብቲ ኣብ ትሕቲኤን ዘሎ መጓሰ ንዝረከባኦ ገንዘብ ኣብ ናተን ውሽጣዊ መዓላ ጥራይ ከውዕላኦ ፍቓድ ኣምላኽ ኣይኮነን። ንካልኦት ማሕበራት ክህባ መንፈሳዊ ሓላፍነት ኣለዎን። ነዚ ካብ ማሕበር ናብ ማሕበር ዝወሃብ ህያብ ኣብ ሰለስተ ኢና ንመቕሎ።

- ንማሕበር ንዘገልግል ኣገልጋሊ ዝወሃብ ህያብ
- እተን ብገንዘብ ዝበልጸጋ ማሕበራት ንድኻታት ዝህባኦ
- እተን ድኻታት ማሕበራት ዝህባኦ ህያብ

ብዝርዝር ንርኣዮ፡-

## ንማሕበር ንዘገልግል ኣገልጋሊ ዝወሃብ ህያብ

እታ ኣብ ፊሊጲ ዝነበረት ማሕበር ነቲ ንዕዮ ብዙሓት ማሕበራት ዝተግህ ዝነበረ ሃዋርያ ጳውሎስ ገንዘባ ብምሃብ ንዝያዳ ዕዮ ከምዝደረከቶ ንርኢ (ፊሊ.4፥15-19)። ብዘላ እታ ማሕበር ዝገበረቶ ህያብ ድማ ንኩሉ እቲ ዘድልያ ቀረባት ካብ ኣምላኽ ክትረኽቦ ደገ ከፊቱላ (4፥19)። ሎሚውን ኣብ ከባቢና ይኹን ኣብ እተፈላለየ ዓለማት ንካልኦት ንምግልጋል ንዝተግሁ ኣገልገልቲ ብማሕበር ደረጃ ብገንዘብ ክንድግፎም ይግባእ። ሓደ እዋን ብዛዕባ እቲ ብወንጌላዊ ሬንሃርድ ቦንኬ ናብ ኣፍሪቃ ዝካየድ ናይ ወንጌል ወፈራ የንብብ ኣብ ዝነበርኩሉ እዋን፥ ብዙሓት ኣብ ኣሜሪካ ዝርከባ ማሕበራት ብገንዘብ ከምዝድግፋኦ ክርዳእ ክኢለ። በዚ ድማ ኣዝየ ተሓጉሰን ቅዱስ ቅንኢ ሓዲሩንን።

ነዛ ምድሪ ራእይ ሒዞም ንዝትንስኡ እተፈላለዩ ውልቀ ኣገልገልቲ ይኹን ሚኒስትሪታት ክንድግፎም ኣሎና። ነዚኣቶም ብዘድሊ ምድጋፍ እቲ ኣብ ካልኦት ማሕበር ዝሰላሰል ንጥፈት ብጽፈት ክከናወን ስለዝሕግዞ ናይ ሕልና ቅሳነት ክህበና፥ ንብዙሕ ምጥሓስ ድማ ደገ ክኸፍተልና እዩ። ኣረኣእያና ኣብ ሓንቲ ዞባዊት ማሕበር ጥራይ ክሕጸር ክንሓድጎ የብልናን። ንካልኦትውን ኣብ ግምት ዘእተዎ ኣካይዳ ክንሃንጽ ይግባእ። እቲ ኣብ ካልኦት ማሕበር ዝዕየ ዕዮ ናትና ዕዮ ከምዝኮነ ክርዳኣና ክኽእል ኣለዎ። ነቲ ንሕና ክንበጽሖ ዘይንክእል ከባቢ ካልኦት ማሕበራት ክበጽሓኦ ከምዝክእላ ተረዲእና ንምሕጋዘን ክንብገስ ይግባእ። እዚ ከም ባህሊ ክተኣታቶ ዘለዎ ቅዱስ ተግባር እዩ።

## እተን ብገንዘብ ዝበልጻጋ ማሕበራት ንድኻታት ማሕበራት ዝህባኦ

እተን ትሕዝቶ ዘለዎን ማሕበራት ነተን ብዙሕ ዕዮ ክዓያ እናከኣላ ብምኽንያት ገንዘብ ዝሸገራ ማሕበራት ብኸሉ ዘድሊ ናይ ምድጋፍ ሓላፍነት ኣለዎን (2ቈሮ9፥1-15)። ክንጻብብ ወይ ብወገናውነት ክንጥቃዕ ኣይግባእን። እተን እንድግፈን ማሕበራት ናይ ግድን ናትና ጨናፍር ክኾና ኣለዎን ማለትውን ኣይኮነን። ገለ ማሕበራት ገንዘበን ኣብ ባንክ እናተከዘነ ገለ ድማ ነቶም ምሉእ ጊዜኦም ሂቦም ዘገልግሉ ኣገልገልቲ ዝከፍላኦ ስኢነን ክሸገራ እንከለዋ ትዕዘብ እሞ ብዙሕ ትጉሂ። እቲ እናበዝሓሉ እቲ ካልእ ብዋሕዲ ክስቀ ግና ግቡእ ኣይኮነን። እዚ ክርስትያናዊ ባህሊ ስለዘይኮነ ነወግዶ። ተደናገግጽትን ተመላላእትን ማሕበር ዝተሃንጻኣ ሃገር ናይ ኣምላኽ ምጉናፍ ይቕልጥፈላ ምኳኑ ኣይንረስዕ።

## እተን ድኻታት ማሕበራት ዝህባኦ ህያብ

እተን ድኻታት ማሕበራትውን ካብተን ዝበልጻጋ ማሕበራት ምቕባል ጥራይ ዘይኮነስ፥ ካብቲ ዘለዎን ምሃብ ክመሃራ ኣለዎን። እተን ኣብ መቄዶንያ ዝነበራ ማሕበር ካብ ዓሚቕ ድኽነተን እየን ንካልኦት ዝድግፋ ዝነበራ (2ቈሮ8፥1-15)። እተን ዓቅመን ሒደት ዝኮና ማሕበራት ናብቲ ብምሃብ ዝርከብ ብልጽግና መታን ክሰግራ ዋላ ካብቲ ውሑድ ትሕዝቶኣን ክህባ ክኽእላ ኣለዎን። ምሃብ ካብ ምቕባል ዝበልጽ በረኸት ካብ ሃለዎ ንምቕባል ምሃብ ዝለመደት ማሕበር ኰይንካ ምህናጽ የድሊ።

# ምዕራፍ ፲፪

## ኣመንቲ ንምንታይ እዮም ብገንዘቦም ዘየገልግሉ?

ብዙሓት ኣመንቲ ብተፈላለየ ምኽንያት ገንዘቦም ንኣምላኽ እሙናት ኰይኖም ከምዘይህቡ ይፍለጥ። ገለ ካብቲ ምኽንያት ክንጠቅስ፡-

### ♣ ዘይቅኑዕ ምርዳእ

ገለ ገለ ኣብያተ ክርስትያናትን ኣገልገልትን፣ ብዛዕባ ብገንዘብካ ምግልጋል ዝብል ኣርእስቲ፣ ነቲ ኣብ ትሕቲ ጽላሎም ዝርከብ መጓሰ ኣምላኽ እኹል ዝኾነ ኣፍልጦ ስለዘይህብዎ (ስለዘይምህርዎ)፣ እቲ መጓሰ ንእግዚኣብሄር ኣምላኹ ብናይ ምሃብ ኣገልግሎት ከገልግል ከሎ ኣይርኣን። ነፍስ ወከፍ ኣገልጋሊ፣ ነቲ ዘገልግሎ ህዝቢ፣ ካብ ቅኑዕ ሃቀና ብዛዕባ እዚ ኣርእስቲ እኹል ፍልጠት ክምግቦ ክኽእል ኣለዎ። ነቲ መጓሰ ፍልጠት ሓቂ ምስ እንመቕሎ፣ ብኹሉ ዘድሊ ኣብ ጉኒ እቲ ዘሎና ዕላማ ኣምላኽ ደው ክብል እዩ። ገንዘብካ ንኣገልግሎት ኣምላኽን ኣገልገልትን ምሃብ ዝቃወም ምህሮ፣ ከም ይሁዳ ምስ ገንዘብ ብዝተኣሳሰረ ጉዳይ ዘይጽሩያት (ማቴ26፥9) ዝኾኑ ሰባት ዘናፍስዎ ብምዃኑ፣ ብፍልጠት ሓቂ እናመከትና ኣእምሮ እቲ መጓሰ ሓራ ንግበር።

### ♣ ዘይምእማን

ንቃል ኣምላኽ ከም ቃል ኣምላኽ ክቅበሉ ዝኽብዶም ኣመንቲ፣ ናይ እምነት ልቢ ስለዘይብሎም "ንቃሉ እንተደኣ ተኣዚዘ ክባረኽ እየ" ብዝብል መንፈስ ገንዘቦም ክህቡ ይሸገሩ እዮም። ብዘይ

እምነት ንቃል ኣምላኽ ክትእዘዞ ድማ ዝከኣል ኣይኮነን። ካብ እምነት ምጉዳል ካብ ምእዛዝ ክትጉድል እዩ ዝገብረካ። በዚ ምኽንያት ድማ እዮም ብዙሓት ብገንዞም እሙናት ዘይኮኑ።

### ♣ ፍርሒ

ገንዘቦም ኣብ ኣገልግሎት ኣምላኽ ብምዝርኦም ጥራይ ከይስእኑ፡ ከይጠምዩ ዝፈርሁ ኣመንቲ ኣጋጢሞምኒ እዮም። ፍርሂ ግና ብመሰረቱ ካብ ሰይጣን እዩ። ሰይጣን ድማ ክንባረኽ እንከሎና ብሓጉስ ከሰንየና ፍቓደኛ ኣይኮነን። ስለዚ ከኣ እዩ ኣብ ኣእምሮ ፍርሒ ዝዘርእ። ንሕና ግና ንሰይጣንን ነቲ ብቀሊሉ ብሓሳብ ሰይጣን ክግዛእ ዝክእል ስምዒትናን ዘይኮነስ ንኣምላኽ ኢና ክንሰምዖን ክንኣምኖን ዘሎና። ንኹሉ ኣሉታዊ ኣመለኻኽታ ብቃል ኣምላኽ ክንስዕሮ ኣሎና። ነቲ ኣብ ቃል ኣምላኽ ዘሎ ተስፋ ደጋጊምና ብምሕሳብ ካብ ፍርሂ ንናገፍ።

♣ <u>ስስዔ (ፍትወት ርእሲ፥ ብቅነት)</u>

ካብ ፍትወት ርእሲ ዘይተናገፈ ህይወት ዝመርሕ ሰብ ንኣምላኽ ብገንዘቡ ከገልግሎ ዝሕሰብ ኣይኮነን። ነቲ ካብ ኣምላኽ እንረኽቦ ደኣ እምበር ንኣምላኽን ቤቱን ክንገብረሉ ዝግብኣና ነገር ዘይንሓስብ ምስ እንኸውን ብስስዔ ዝተወርሰ ህይወት ከምዘሎና ንፍለጥ። ፍትወት ርእስን ክርስትናን ድማ መካይዲ ኣይኮኑን። መብዛሕትና ጌና ብስስዔ ዝተታሕዝና ሰባት ስለዝኮንና ኢና ብመባእና፥ ዕሽርናን ካልእ ገንዘባዊ ህያባትናን እሙናት ክንኸውን ዘይከኣልና። እቲ ንዕዮ ቤት ኣምላኽ እንህቦ ገንዘብ ዘርኢ ምዃኑ ፈሊጥና ዘርእና ኣይንብላዕ። ዘርኢ ክሳዕ ዘይሃለወ ዝዕጸድ ነገር ክህሉ ኣይኽእልን እዩ። ስለዚ እቲ ዘሎካዮ ኩነታት ብዘየገድስ ዘርኢ ኣይትብላዕ። እቲ ሓደ ካብቶም ናይ እምነት ጀጋኑ ምዃኑ እተመስከረሉ ይስሃቅ፥ በቲ ጊዜያዊ ዝኾነ ጥሜት ተደናጊሩ ዘርኡ ኣይበልዐን። ንሱ፥ ነቲ ጊዜያዊ ጸገም ንጐኒ ብምሕዳግ እዩ ብእምነት ዘሪኡ። ከም ዓስቢ ድማ ሚእቲ ኻዕበት ረኸበ (ዘፍ26፡12)።

♣ <u>ቤተክርስትያን ነቲ ገንዘብ ኣብ ግቡእ መዓላኡ ስለዘይተውዕሎ</u>

ገለ ገለ ኣመንቲ፥ ቤተክርስትያን ነቲ ዕሽር ብግቡእ ስለዘይትጥቀመሉ፥ ዕሽርና ክንህብ የብልናን ዝብል ምርዳእ ስለዘለዎም፥ ብገንዘቦም እሙናት ኣይኾኑን። እቶም ከምኡ ዝገብሩ ኣመንቲ ቅኑዕ ኣለው ክንብል ኣይንኽእልን ኢና። ምኽንያቱ ገንዘብኩም ኣምጽኡ ዝበለ ኣምላኽ እምበር እታ ብግቡእ ዘይትጥቀመሉ ሓንቲ ዞባዊት ማሕበር ኣይኮነትን። ናታቶም ግደ ነቲ ገንዘብ ናብ ልክዕ ቦታኡ ምምጻእ ምዃኑ ክፍለጥ ኣለዎ። እዚ ማለት ግና እቲ ነቲ ገንዘብ ከመሓድሩ እተሸሙ ኣመንቲ ከም ዊንታኦም ይጠቐሙሉ ወይ ክሳዕ ብካልኦት ኣካላት ዝውረስ ይከዝንዎ ማለት ኣይኮነን። ማሕበር ኣሰራርሓኣ ምሉእ ብምሉእ ከተዕሪ ኣለዋ። እቲ ብመልክዕ ዕሽር ይኹን ካልእ መዳይ ዝተኣከበ ገንዘብ፥ ነቲ ዝተኣከበሉ መጽሓፍ ቅዱሳዊ መዓላ ክውዕል ኣለዎ። እቲ መጓሰ ድማ ብዛዕባ እቲ ዘዋጽኦ ገንዘብ ግቡእ ጸብጻብ በብጊዚኡ ክረክብ ሓላፍነቱ እዩ። እዚ ምስዝኸውን መጓሰ ካብ ፍቱሕ ልቢ ንኣምላኹ ብገንዘቡ ከገልግል ኣይጽገምን።

♣ <u>ማሕበር ንውህበቶም ደኣ እምበር ንኣታቶም ስለዘይትግደሰሎም</u>

ኣብ ገለገለ ኣባላት ናይ ገለ ማሕበራት '*ኣገልገልቲ ንውህበትና ደኣ እምበር ንኣና ኣይግደሱልና፥ ግቡእ ጉስነት ኣይህቡናን ስለዚ ከመይ ጌርና ኢና ገንዘብና ጉስነት ኣብ ዘይንረክበሉ ሰፍራ ብስም ኣባልነት ጥራይ ንህብ*' ዝብል መረረ ይስማዕ እዩ። እዚ ግቡእ ምላሽ ክረክብን ክፍወስ ዘለዎ ጉዳይ እዩ። ከመይሲ እዚ ወለዶ ከምቲ ዝጸንሐ ዘዝበልካዮ ዝቅበል ዓሻ ወለዶ ኣይኮነን። ከም ሰብ ቤርያ ነቲ ዝተባህሎ ኩሉ ባዕሉ መርሚሩ ዝርዳእ ወለዶ ስለዝኾነ (ግ.ሃ17፥11)፥ ብስም ኣባልነት ጥራይ ክንምዝምዞ ኣየፍቅድን። ስለዚ ድማ እዩ ኣሰራርሓና ከነጥዒ ዘድሊ።

ከምቲ ኣምላኽ ቅድም ናብ ኣቤል ደሓር ናብ መስዋእቱ ዝጠመተ፥ ቤተክርስትያን'ውን ቅድም ንህይወት እቲ መጓሰ ደሓር ውህበቶም ክትጥምት ደኣ እምበር ውህበቶም ከተቀድም ኣይግባእን። ገንዘብካ ምሃብ ብስም ኣባልነት ዘይኮነስ ብምሉእ ርድኢት ንረብሓ ዝዋሃብ ኣገልግሎት ከምዝኾነ ጽኑዕ እምነት (መርገጺ) እዩ ዘሎኒ። እታ ዘሎካያ ማሕበር ወይ ከኣ ሕብረት ብተደጋጋሚ ኣብቲ ናይ ገንዘብ ኣርእስቲ ለውጢ ዘይተምጽእ እንተድኣ ኰይና ግና

ውህበትካ መታን ከይመኽን እትህበሉ ፍርያም ቦታ ከተናዲ ሓራ ኢኻ። ብስም ኣባልነትን ሃይማኖታዊ ስርዓትን በረኸትካ ኣይተደናጉይ። ርኹስ ዘርእን ዘይፍርያም ቦታን ነቲ ንህቦ ውህበት የምኽኖ እዩ እሞ ጽሩይ ዘርኢ ኣብ ፍርያም ቦታ ንሃብ።

## ♣ ኣነ ባዕለይ ኣገልጋሊ እየ ዝብል ዕሽላዊ ርድኢት

ምንም እኳ ብቐጽሪ ሒደት እንተኾኑ፥ *'ኣነውን ኣገልጋሊ እየ ስለዚ ዕሽረይ ባዕለይ ክጥቐመሉ ይኽእል እየ* ዝብል ካብ ፍትወት ርእሲ ዝብገስ ዘይብሱል ምርዳእ ስለዝሓዙ ብገንዘቦም ንቤት ኣምላኽ ዘየገልግሉ ኣመንቲ ኣለው። ብቅኑዕ መንፈስ ስለዘይተዛርብዎ ደኣ እዩ እምበር፥ ብርግጽ ኩሉ ኣማኒ ኣገልጋሊ ኣምላኽ እዩ። ይኹን ደኣ እምበር ኩሎም ደቂ እስራኤል ኣገልገልቲ ኣምላኽ ክንሶም ዕሽር ክወስዱ ዝተመደበሎም ደቂ ሌዊ ጥራይ ከምዝነበሩ ክንርስዕ ኣይግባእን። ኣብ ሓድሽ ኪዳንውን በቲ ዝሰብክዎ ወንጌል ክምገቡ ዝተሰርዓሎም ኣገልገልቲ ከምዘለው ፈሊጥና ካብዚ ምህሮ ቁልዕነት ሓራ ወጺእና ብውህበትና እሙናት ንኹን።

## ♣ ኣበይን ብኸመይን ንመንን ከምዝወሃብ ዘይምስትውዓል

ብዙሓት ገንዘቦም ክህቡ ከምዘለዎም ይፈልጡ እዮም ኣበይን ብኸመይን ከምዝህቡ ግና እኹል ኣፍልጦ ስለዘይብሎም ዛጊት ክህቡ ኣይከኣሉን። ገንዘብና ኣብቲ መንፈሳዊ መግቢ ንምገበሉ ቦታን ነቲ ዝምግበና ኣገልጋልን ኢና ክንህብ ዘሎና። ዕሽር ይኹን ካልእ ገንዘባዊ ውህበት (ዘርኢ) ብኣባልነት ዘይኮነስ ብምሉእ ምርዳእ ኣብቲ ዘሪእካ ተብቁለሉ ቦታ ክወሃብ ዘለዎ። ሓንትስ ኣብ ልሙዕ ቦታ ትዘርእ ከምዘሎካ ርግጸኛ ጥራይ ኩን እምበር ኣብ ሓንቲ ማሕበር ይኹን ኣብ ዝተፈላለየ ሚንስትሪታት ክትህብ ትኽእል ኢኻ። ኣብ ልብካ ዝነቅፈካ ነገር ክሳዕ ዘይረከብካውን ብውልቂ ንዝኣመንካሉ ኣገልጋሊ ክትህቦ ፍጹም ሓራ ኢኻ።

## ♣ ቅድሚ ሕጂ ሂበ ኣይተባረኽኩን ዝብል ጌጋ ምርዳእ

ገለ ኣሕዋት *'ገንዘብና ንህብ ኢና፥ ግናኸ ክሳዕ ሕጂ ኣይተባረኽናን'* ክብሉ ይስምዑ እዮም። ሂብካ ክነስካ ዘይተባረኽካ ሰብ ምስ እትኸውን፥ ደጊምካ ንዘይምሃብ ክትውስን ዘይኮነስ፥ ምኽንያት ዘይመባረኺካ ኢኻ ከተጽንዕ ዘሎኻ። እቲ ከልካሊ ነገር እንታይ ምዃኑ ምስ እተለልዮ ድማ ግብራዊ ስጉምቲ ክትወስድ ኣሎኻ። ናይ ትግሃል ተሞክሮ ናይ ዘለኣለማዊ መወከሲካ ክኸውን ኣይተፍቕድ። ትግሃል ዘሪእካ ኣየብቆልካን ማለት፥ ሎሚ ክትዘርእ የብልካን ማለት ኣይኮነን። ዘሪእካ ምዕጻድ ድማ ሰባት ዘቐመጥዎ ሕጊ ዘይኮነስ ኣምላኽ ባዕሉ ዝሰርዖ ስርዓት እዩ። ስለዝኾነ ድማ ትግሃል ዘይተባረኽኩ ሎሚ ኣይባረኽን ኢልካ ኣይትደምድም። ገንዘብ ስለዝሃብካ ድማ ገንዘባዊ በረኸት ጥራይ ኣይትጸበ። ኣምላኽ ንዘርኢ ገንዘብካ ኣብ ጥዕናኻ፥ ሓዳርካ፥ ምድርካ... ከብቁሎ ይኽእል እዩ። ስለዚ ንቃል ኣምላኽ ከምዘለዎ ብምቕባል ምዝራእካ ቀጽል።

# ምዕራፍ ፲፫

## ንውህበትና ዘምክኑ ነገራት

### 1. ብዘይ ቅኑዕ ሃቀና ምሃብ

ብዘይ ቅኑዕ ሃቀና ምሃብ ነቲ እንህቦ ዘርኢ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ተቐባልነት ከይህልዎ እዩ ዝገብር። ብካልእ ኣበሃህላ ንስጋኻ ካብ ስጋኻ ምዝራእ ንዘርእኻ የምኽኖ እዩ። ኣምላኽ ንሓቂ ካብ ውሽጢ ዝደሊ ናይ ሃቀና ኣምላኽ ብምዃኑ፥ ሃቀናኻ ጥዑይ ድዩ ኣይኮነን ርእስኻ ክትምርምር ኣሎኻ። ሃቀናኻ ዘይቅኑዕ ምስዝጸንሕ ድማ ምሕረት ሕተትን ግብራዊ ስጉምቲ ብምውሳድ ኣቅንዓዮን። *"እቲ ንስጋኡ ኢሉ ዚዘርእ ካብቲ ስጋስ ጥፍኣት ኪዐጽድ እዩ፡ እቲ ንመንፈሱ ኢሉ ዚዘርእ ግና ካብቲ መንፈስ ናይ ዘለኣለም ህይወት ኪዐጽድ እዩ።"* (ገላ6፡8)።

### 2. ብእምነት ዘይምዝራእ

ክትዘርእ ከሎኻ ብዘይ እምነት ኣይትዝራእ። ከመይሲ ብዘይ እምነት ትዘርኦ ዘርኢ ይኹን ዝኾነ ዓይነት ነገር ንኣምላኽ ከስምሮ ስለዘይኽእል ክትባረኸሉ ኣይትኽእልን ኢኻ (እብ11፡6)። ኣብ ካልእ ጽሑፍ ድማ ብዘይ እምነት ንገብሮ ኩሉ ነገር ሓጢኣት ምዃኑ እዩ ዝነግረና (ሮሜ14፡23)። መስዋእቲ ኣቤል ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ተቐባልነት ዝረከበ ብእምነት እዩ (እብ11፥4)። ስለዚ ዘርእካ መታን ከይመኽን ብእምነት ዝራእ።

### 3. ርኹስ (ዘይቅዱስ) ዘርኢ ምሃብ

ርኹስ ዘርኢ ማለት ቅዱስ ቃል ዘይድግፎ ዓይነት ስራሕ ሰሪሕካ ተምጽኦ ገንዘብ ማለት እዩ። እዚ ንበረከት ዘይኮነስ ንመርገም እዩ ደገ ዝከፍተልካ (ዘዳ23፡18)። ካብ ሰብ ኣደናጊርካ ካብ ዘምጻእካዮ ገንዘብ ዕሽር ክትህብ ኢልካ ምፍታን ኣብ ልዕሊ ኣምላኽን ቤተክርስትያንን ንዘሎካ ንዕቀት እዩ ዘርኢ። ብርግጽ እዚ ብድዐ እዩ። ኣገልገልቲ ኣምላኽ ናይቲ ንስኻ ብርኽሰት ዘምጻእካዮ ገንዘብ ተጠቒምቲ ብምግባር ምስ ሓጢኣካ ብዘይ ፍላጥ ክተሓባበሩ ምግባር ዘርእካ ጥራይ ኣይኮነን ዘምኽን። ከምኡ ብምግባርካ ከይተቀጻዕካ ኣይትተርፍን ኢኻ። ስለዚ ብገንዘብካ ንምግልጋል ቅዱስ ዘርኢ ተጠቐም።

### 4. ምስ ሓውካ ዘይተፈትሐ ነገር ከሎኻ ምዝራእ

ገለ ገለ ኣመንቲ ምስ ካልኦት ኣመንቲ ኣሕዋቶም ተባኢሶም እንከለው መስዋእቶም ሒዞም ናብ መሰውኢ ይመጹ። እቲ መሰውኢ ድማ ምስ ኣሕዋቶም ዘይተፈትሐ ነገር ኣብ ልቦም ከምዘሎን፡ ቅድም ነቲ ነገር ክፈትሑ ከምዘለዎም ብመገዲ ሕሊናኦም ምግላጽ ናብኦም ይሰድድ። ንሳቶም ግና ነዚ ዕሽሽ ብምባል መባኦም ኣብቲ መሰውዒ የንብሩ እሞ ዘርኦም ፍረ ዘይብሉ መኻን ኰይኑ

ይተርፍ። ስለዚ ከምቲ ቅዱስ ቃል ዝነገረና (ማቴ5፡23-26) ምስ ሓውና ዘሎና ዘይተፈትሐ በረኸትና ዝዓግት ኩሉ ዘይኣምላኻዊ ነገር ንፍትሓዮ እሞ ዘርእና ክባረኽ እዩ።

## 5. <u>ነቲ ፍረኻ ዝበልዕ ከፉእ መንፈስ ዘይምግናሕ</u>

ክትዘርእ ከሎኻ፥ ኣብ ልዕሊ እቲ ትዘርኦ ዘርኢ ኢዱ ክዘርግሕ ዝደሊ ከፉእ መንፈስ ከምዘሎ ኣስተውዒልካ፥ ብነድሪ ክትንስኦ ኣሎኻ። ነዚ ከምዚ ዓይነት መንፈስ ብስም የሱስ ገጢምካ ክትስዕሮ መንፈሳዊ ሓላፍነትካ እዩ። ኣምላኽ ንጸላኢኻ ኣብ ኢድካ ስለዝሃበካ፥ ብእኡ ተንበርኪኽካ ዓስብካ እንተሰኣንካ፥ ኣምላኽ ተሓታቲ ኣይኮነን። ስለዚ ንሰይጣን መዘከርታኡ ካብ ገጽ ምድሪ ክትድምስሶ ብሓይሊ ስም የሱስ ዕጠቐሉ እምበር ኣይትደቅሰሉ። ዘርእኻ ከምኸን፡ ዓስብኻ ክበልዕ ንዝትንስእ ኩሉ ናይቲ እኩይ ስውርን ግሉጽን ኣሰራርሓ ብስም የሱስ ዘርዝሮ፡ ከምዘይትንስእ ጌርካ ድማ ሕቘኡ ስበሮ።

## 6. <u>ታህዋኽ</u>

እቲ እትዘርኦ ዘርኢ በየናይ እዋን እዩ ዝበቍል ዝውስን ኣምላኽ ባዕሉ ደኣ እምበር ንስኻ ኣይኮንካን። ስለዚ እንሓንሳእ በቲ ንስኻ ዝመደበካዮ እዋን ንውህበትካ ክትዓጽዶ ስለዘይከኣልካ ኣብ ልዕሊ ኣምላኽ ኣይተተረምርም። በቲ ንኣገልግሎት ዘውፈርካዮ ውህበትካ ድማ ተስፋ ኣይትቍረጽ። ተርባጽ ኣወጊድካ ነቲ ብምዱብ ጊዜኡ ንኩሉ ጽቡቕ ዝገብር ኣምላኽ ብትዕግስትን ምስጋናን ተጸበዮ።

## 7. <u>ካልእ ስውር ነገር</u>

ኣምላኽ ክሳዕ ዝገለጸለይ፥ እዞም ኣብ ላዕሊ ዝርኤናዮም ሽዱሽተ ነገራት፥ ዘርእና ዓስቢ ከይህልዎ ዝገብሩ እዮም። እዚ ማለት ግና እኩል ፍልጠት መቒለ ኣሎኹ ማለት ኣይኮነን። ክንዮ እዚ ኣምላኽ ንኣኻ ብውልቅካ፥ ብቃሉ ካልኦት ነጥብታት ክገልጸልካ ከምዝክእል ይኣምን እየ። ንሱ ብካልኦት ባሮቱ ኣቢሉውን ነቲ ሓቂ ከብርሃልካ ይኽእል እዩ። ስለዚ ድማ ኢኻ ክትሓቶን ክትውከሎን ዘድልየካ። ዘርኣይ ከይመኽን እንታይ እዩ ክገብር ዘሎኒ በሎ ክምህረካ እዩ።

## ምዕራፍ ፲፬

## ሳዕቤን ናይ ዘይምሃብ

ከምቲ ቅዱስ ቃል ብንጹር ኣቐሚጥዎ ዘሎ፥ ገንዘብካ ኣብ ዕዮ መንግስቲ ኣምላኽን ምህናጽ ኣካል ክርስቶስን ምውዓል ብዙሕ ረብሓ እዩ ዘለዎ። ብኣንጻሩ ገንዘብካ ዘይምዝራእ ድማ ሓደገኛ ሳዕቤን ኣለዎ። ንገለ ካብ ሳዕቤናቱ ምስ እንርኢ ድማ፥

⌘ **ምፍታሕ ወሓጢ**

ጥዕናካ ዝህውኽ፥ ዓስቢ ዝከልእ፥ ሓይልካ ዘማህምን፥ ደጌታትካ ዝዓጹ፥ ፍሪያምነትካ ዘጥፍእ.... ወሓጢ ኣብ ኩሉ ሸነኽ ናይ ናብራካ ይፍታሕ። ኣእዳውካ ንምሃብ ክሳዕ ዘይዘርጋሕካ ነዚ ወሓጢ ብካልእ ምንም ዓይነት መገዲ ክትክልክሎ ኣይትክእልን ኢኻ። ገንዘብካ ኣብ ኢድካ ዘሎ ኣጽዋርካ እዩ። ንኣምላኽ ምስ እትህብ ጸላእትኻ ዝሓፍሩሉ ንስኻ ትስሓለሉ ኣጽዋር ውግእኻ እዩ። ብግቡእ ክትጥቀመሉ እንተድኣ ዘይኽኢልካዎ ኣንጻርካ ደው ዝብል ኣጽዋር እዩ። ገንዘብካ ንጸላኢኻ ንጥፍኣት ክፈትሖ ይኽእል። ብዙሓት ካባታትና ኣብ ብዙሕ ሸነኽ ናይ ህይወትና እተፈትሐ እሞ ንብዙሕ ነገርና ዝበልዐ ወሓጢ ኣሎ። ነዚ ወሓጢ ሎሚ ብዘርእና ክንውሕጦ፥ ሓይሊ ኣልቦ ክንገብሮ ስለንኽእል ኣብ ኢድና ንዘሎ ገንዘብ ንጠቐመሉ።

⌘ **ንድኻምካ ፍረ ምክላእ**

*"ንስኻትኩም ብዙሕ ዘራእኩም፡ ሒደት ኣእቶኹም። በላዕኩም ኣይጸገብኩምን፡ ሰቴኹም ኣይረዌኹምን፡ ተኸደንኩም ኣይሞቑኩምን፡ እቲ ውዕለቱ ዜእቱ ነቲ ዝወዐሎ ኣብ ነኳል ማሕፉዳ የንብሮ ኣሎ።"* (ሃጌ፥6)። ከምቲ ኣብዚ ስፍራ ተገሊጹ ዘሎ፥ ዕዮ ቤት ኣምላኽ ዛሕቲሉ ክነሱ፥ ኣብ ስሉም ቤትካ ምቕማጥ ንድኻምካ ከንቱ፥ ንጻዕርካ መኻን እዩ ዝገብር። ንዕዮ ጐይታ ገንዘብካ ዘይምሃብ ውዕለትካ ኣብ ነኳል ማሕፉዳ ከኣቱ ምፍራድ እዩ። ብዙሕ ደኪምካ ሒደት ምርካብ (ምእታው) ሓደ ካብ ሳዕቤናት ገንዘብካ ዘይምዝራእ እዩ። ብዙሓት ኣመንቲ ብዙሕ ላዕልን ታሕትን ይብሉ እኳ እንተኮኑ እቲ ኣብ ኢዶም ዘሎ ገንዘብ ግና ረብሓ ኣልቦ ክኸውን ኢኻ ትዕዘብ። ዋላ ብዙሕ ገንዘብ የእትዮም (ከሲቦም) ክነሱ ብኸመይ ካብ ኢዶም ሞሊቑ ከይተረድኦም ክብተን እንከሎ ትዕዘብ።

⌘ **ዕዮ ጐይታ ምጉታት**

ብገንዘብና ዕዮ ጐይታ ከነቀጽል እናከኣልና፥ ሰኣን ተወፋይነትናን ልግስናን ግና፥ ክንጐትት ዘሎ ተክእሎ ዓብዪ እዩ። ኣብ ክንዲ ሓደሽቲ ዕዮታት እናሰሰኑ ዝመጹ፥ ድሮ እተጀመሩ ዕዮታት ክጕተቱን ቀስ ብቀስ ክቅሕሙ ምርኣይ ንቡር ተእዮ እናኰነ ይመጽእ ኣሎ። ካብ ጠንቅታት ዝሕታለ ዕዮታት ሓደ ድማ፥ ብገንዘብ ዝድግፎ ኣካል ዘይምህላው እዩ። ብርግጽ እዩ ገንዘብ በይኑ ንሓደ ዕዮ ከጀምሮን ቀጻልነት ክህልዎን ናይ ምግባር ብቕዓት የብሉን። ምስናይዚ ግና ብገንዘብ ዝዕየዱ ዕዮ ብዙሕ ከምዝኰነ ክንርስዕ የብልናን።

ናይቲ ኣብ ዘመንናን ኣብ ቅድሚ ዓይንና ዝጀመረን ዝቕጽልን ዘሎ ዕዮ ሓላፍነት ናይ ምስካም ታሪኻዊ ግዴታ ኣሎና። እተጀመሩ ዕዮታት በቲ ዝጀመሩሉ ቅልጣፈ ክሳዕ ፍጻሜ ክበጽሑ ናይ ምድጋፍ ግዴታ ኣሎና። ዕዮ ምስ ዝጕተት ንድሕሪት ዝምለሱ ነፍሳት፥ ናብ ሞት ዝግስሱ ቍጽሪ ዘይኣመንቲ እናዛየደ እዩ ዝኸይድ። ዕዮ ምስ ዝጕተት ድማ ዝሓተና ኣምላኽ ኣብ ላዕሊ ከምዘሎ ኣይንስሓቶ። ስለዚ ዕዮ ንጉስ ከይብደል ገንዘብና ኣብ መዓላ መንግስቲ ኣምላኽ ንዝርኣዮ።

## ⌘ <u>ምምንጣል እተዋህበካ ውህበት</u>

*“ንዘለዎ ይውሀቦ እዩ እሞ፡ ኣዝዩውን ይውሰኾ እዩ፡ ነቲ ዜብሉ ግና እታ ዘላቶ እኳ የግድፍዎ እዮም።”* (ማቴ13፡12)። ከምቲ ኣብዛ ጥቕሲ ተገሊጹ ዘሎ፥ ኣምላኽ ብዝሃበና ህያብ ብትግሃትን እሙንነትን ክንዓዪ ይጽበየና። እዚ ክንገብር ምስ ዘይንኽእል ግና ንውህበትና ካብ ኢድና ብምውሳድ ነቲ ካልእ ክዓዪ ዝክእል ሰብ ይህቦ። በዚ ኸኣ ድኻን መደንገጽን ክንኸውን ንግደድ። ብዙሓት እቲ ኣሎና ዝበልዎ ገንዘብ፥ ኣብቲ እተዋህቡሉ ዕላማ ከውዕልዎ ብዘይምኽኣሉ፥ ገሊኦም ብሓንሳእ ገለ ድማ በብሒደት ተመንጢሎም እዮም። ስለዚ ንፍራህ። ንገንዘብና ዘሪእና ክበቍል ብምግባር ቀጻልነቱ ነውሕስ። ኣምላኽ ተመንጢሉና ማንም ተዋጊኡ ከምልሰልና ዝክእል ኣካል ከምዘየልቦ ንዘኽር። ሓንሳእ ካብ ኢድና ዝሞለቐ ነገር ድማ ንክንመልሶ ብዙሕ ዋጋ ከምዘኽፍለና ኣይጠፍኣናን። ስለዚ ድማ እዩ ካብ ከምዚ ዓይነት ሳዕቤን ሓራ ንምውጻእ ብገንዘብና ንምግልጋል ክንተግህ ዘድልየና።

## ⌘ <u>ዕጽው ሰማይ</u>

ቅዱስ ቃል ዕሽርካን መባእካን ንኣምላኽ ምሃብ ሰማያት ይከፍት ካብ በለና፥ ዘይምሃብ ሰማያት ከምዝዓጹ ንጹር እዩ (ሚልክ3፥10)። ማንም ካባና ኣብ ትሕቲ ዕጽው ሰማይ ክቕመጥ ኣይደልን እዩ። ከመይሲ ዕጽው ሰማይ መሪሕነት ዘይብሉ ህይወት፥ በረኸት ዝረሓቖ ምምልላስ፥ ሓይሊ ኣምላኽ ዘይግሃደሉ ምንቅስቃስ፥ ጸጋን ቅብኣትን ዘይግልጸሉ ኣካይዳ እዩ ዘስዕብ። ኣብ ትሕቲ ዕጽው ሰማይ ክንቕመጥ ስለዘይደለና ጥራይ ግና ሰማያትና ኣይክፈትን። ዛጊት ገንዘብና ኣብ ዕዮ ኣምላኽ ዘይነውፍር ሰባት ምስ እንኸውን ሰማያትና ዕጽው ክኸውን ናይ ግድን እዩ። ሰማያትካ እትከፍተሉ መገዲ ገንዘብካ ምዝራእ ካብ ኰነ ዝራእ ደኣ እምበር ጐረሮካ ክሳዕ ዝጭደድ *“ሰማያት ይከፈት”* ኢልካ ኣይትገዓር። ከምኡ ምግባር ንድኻም ጥራይ እዩ።

# ካልኣይ ክፋል

# ንኣገልገልቲ ብግቡእ ምሓዝ

# መእተዊ

## መን እዮም እቶም ኣገልገልቲ?

ብዛዕባ ኣተሓሕዛ ኣገልገልቲ ክንሓስብ እንከሎና፥ ብዙሕ ነገራት ኢና ኣብ ግምት ከነእቱ ዘሎና። ብገንዘብካን ትሕዝቶካን ብምግልጋል ምሓዝ ድማ ሓደ ካብኡም እዩ። ብርግጽ ብገንዘብካን ትሕዝቶካን ጥራይ ኣይኰንካን ንኣገልገልትካ ብግቡእ እትሕዞም። እቲ ሕጂ በዛ መጽሓፍ ክንርእዮ ተደልዩ ዘሎ ምስ ገንዘብ ብእተኣሳሰረ መልክዑ ንኣገልገልትና ከመይ ጌርና ክንሕዞም ከምዘሎና ምብራህ ስለዝኰነ ግና፥ ኣብ ገንዘብብ ጥራይ ኣተኩርና ኢና ክንጽንዕ። ስለዚ ኣንባቢ ነቶም ካልኦት መገድታት ብውልቁ ከጽንዕን ተግባራዊ ክገብርን የተባባዕ።

ነቲ በዚ ካልኣይ ክፋል ናይዛ መጽሓፍ፥ ክግለጽ እተደለየ ሓሳብ፥ ምጭባጡ ክኸኣለና፥ ከም መእተዊ እቶም ኣገልገልቲ እንብሎም በዓል መን እዮም ቀዲምና ንርኤ፦

- ❖ <u>ማሕበር፥ ብሞያኦምን ክእለቶም ኣብ ዕዮ ዝጸመደቶም</u>

ንዘለዎም ሞያ፥ ክእለት፥ ጸጋ ከትጥቐመሉ ነቲ ብስጋ ዘድልዮም ዘበለ ብምምላእ፥ ኣብ ናይ መኣዲ ኣገልግሎት ዝሳተፉ ኣብ ኣገልግሎት እተእትዎም ሰባት ኣለዎ። እዞም ብማሕበር ተጸዊዖም ኣብ ናይ ምሉእ ጊዜ ዕዮ ዘገልግሉ ሰብ ጸጋን ክእለትን እዮም። ንኣብነት ኤሌክትሪሻላት፥ መዘምራን፥ ኣለይቲ ሕሙማት፥ ሙዚቀኛታት፥ ናይ ጸሎት ሰባት፥ ዲያቆናት፥ ሴክረታሪ፥ ካሸር፥ ኣውቲስታ....።

- ❖ <u>ንእተወሰነ ጊዜ ከም ምሉእ ጊዜ ኣገልገልቲ ዘገልግሉ</u>

እዚኣቶም ክሳዕ እተወሰነ መድረኽ ጊዜኦም ብምሃብ፥ ከገልግሉ ድሕሪ ምጽናሕ፥ ናብ ዝነበርዎ ስራሕ ዝምለሱ እዮም። ኣብ ውሽጦም ኣብቲ ዘለውዎ እዋን ኣብ ኣገልግሎት ኣምላኽ ጥራይ ክጽመዱ ሓሳብ ይመጾም ወይውን ኣምላኽ ሓደ ዕዮ ክዓዩ ይጽውዖም፥ እቲ ዕዮ ድማ ካብ ዝኰነ ዓይነት ናይ ስራሕን ትምህርትን ዓለም ክትወጽእ ዘገድድ ምስዝኸውን፥ ብጊዜያውነት ከገልግሉ ዝፍቐደሎም እዮም። ኵሎም እቶም ንየሱስ ዝሰዓብዎ፥ ክሳዕ መወዳእታ ካብ ስራሕ ዓለም ኣይተኣለዩን። ንጴጥሮስ ከም ኣብነት እንተድኣ ወሲድናዮ፥ ድሕሪ ትንሳኤ የሱስ'ውን እንተኾነ ናብ ምግፋፍ ዓሳ እዩ ተመሊሱ (ዮሃ21፥3-13)። ከምኡ ብምግባሩ ድማ ካብ ጐይታ ምንም ዓይነት ኲነኔ ኣየስዓበሉን። ሃዋርያ ሉቃስ'ውን እንተኾነ ሓኪም ኰይኑ ስለዝቀጸለ እዩ፥ እቲ ድሒሩ ናብ ጐይታ ዝመጸ ሃዋርያ ጳውሎስ፥ "እቲ ሓኪም" ክብል ዝጠቀሶ (ቈሎ4፥14)። ካብዚ እንርድኦ ነገር እንተሎ፥ ሓደ ኣገልጋሊ ነቲ ናብ መንፈሱ ዝመጽእ ድርኺት ብምስዓብ፥ ንእተወሰነ ጊዜ ኣብ ዕዮ ጐይታ ተጸሚዱ ድሕሪ ምጽናሕ፥ ናብ ንቡር ስርሑ ክምለስ ከምዝክእል እዩ።

- ❖ <u>ቐወምቲ ናይ ምሉእ ጊዜ ኣገልገልቲ</u>

እዚኣቶም ንጹር ድምጺ ካብ ኣምላኽ ብምስማዕ፥ ምሉእ ዘመኖም ንኣገልግሎት ኣምላኽ ወፍዮም ዘገልግሉ እዮም። መንፈስ ቅዱስ ንስርሑ ዝፈልዮም ኰይኖም ናተይ ዝብልዎ ርስቲ ዜብሎም ርስቶም ኣምላኽ ዝገበሩ ኣገልገልቲ እዮም። ኣምላኽ ምሉእ ጊዜኦም ሂቦም ከገልግሉ

ዝጽውዖም ሰባት ከምዘለው ርዱእ እኳ እንተኾንኩ፥ ምንም ዓይነት እተገልጸ ጸጋ ህያብ ዘይብሉ ሰብ ንምሉእ ጊዜ ጥራይ ዝኸውን ዝመጽእ ጻውዒት ግና ከምዘየልቦ ምስትውዓል የድሊ። እቲ ብምሉእ ጊዜ ዝከናወን ኣገልገሎት፥ ኣብ ዘእተኩምኒ የገልግል ኢልካ ትኣትዎ ምድራዊ ስራሕ ዘይኮነስ ብእተዋህበካ ጻውዒትን ራእይን እትዓዮ መለኮታዊ ዕዮ እዩ። እቶም ናይ ምሉእ ጊዜ ኣገልገልቲ ስራሕ ወይ ድማ ገንዘባዊ እቶት ስለዝሰኣኑ ናብ ኣገልግሎት ዝመጹ ዘይኮኑስ፥ ምእንቲ ስም የሱስ ብባዶ ዝወጹ እዮም። ማሕበር ድማ ብውልቂ ይኹን ብሕብረት ንኣታቶም ዘድሊ ክትቅርብ መንፈሳዊ ሓላፍነታ እዩ (3ዮሃ5-8)።

እቲ ጳውሎስ ዝነበሮ ጻውዒት ካብ ማሕበር ዘድልዮ ኵሉ ክወስድ ትብዓት ዝህቦ እኳ እንተነበረ፥ ንሱ ግና በእዳው እናሰርሔ ክነብር ከም ክብረት እዩ ቆጺርዎ። ምስናይዚ ግና ካብቲ ዘለዎ ሃዋርያነት እተላዕለ ዕዮ ክሓድግ መሰሉ ምኧኑ ይዛረብ (1ቈሮ9፥6)። ካብዚ እንርድኦ ዝኾነ ኣብ ሓሙሽቲኡ ናይ ኣገልግሎት ህያባት (ሃዋርያ፥ ነብዪ፥ ጓሳ፥ ወንጌላዊ፥ መምህር) ዝኣተዎ እሞ ጸጋኡ እተገልጸ ሰብ፥ ምድራዊ ስራሕ ሓዲጉ ኣብ ኣገልግሎት ጥራይ ክጽመድ መሰሉ እዩ። እቶም ብወንጌል ዘገልግሉ ብወንጌል ክነብሩ ኣምላኽ ሰሪዑሎም እዩ (1ቈሮ9፥14)። እቲ ዝጓሲ ካብቲ ዝጓሰዮ ጸባ ክሰቲ ተፈቂዱሉ እዩ (1ቈሮ9፥7)። እምበኣርሲ ምሉእ ጊዜኦም ብምሃብ ንኣምላኽ ከገልግሉ ዝጽውዑ ኣገልገልቲ ከምዘለው ምርዳእ የድሊ። ንከምዚኦም ዝኣመሰሉ ናይ ምግልጋል ሓላፍነት ድማ ናይ ነፍስ ወከፍ ኣማኒ ሓላፍነት እዩ።

## ❖ <u>እናሰርሑ ዘገልግሉ ኣገልገልቲ</u>

እተገልጸ ጸጋን ራእይን ሃልይዎ፥ ኣብ ምህናጽ እታ ማሕበር ብምሉእ ተወፋይነት ንዝሰርሕ ኣገልጋሊ፥ ማሕበር ዝግብኦ ክትህቦ ኣለዋ። እቶም ካብ ማሕበር ፋይናንሳዊ ደገፍ ክረኽቡ ዘለዎም፥ ናይ ምሉእ ጊዜ ኣገልገልቲ ጥራይ ከምዘይኮኑ ምስትውዓል የድሊ። እቶም እናሰርሑ ዘገልግሉውን ገንዘባዊ ደገፍ የድልዮም እዩ። ሃዋርያ ጳውሎስ ብገዛእ ኣእዳው እናሰርሐ ዘገልግል ሰብ እኳ እንተነበረ፥ ከም ሰብ ፊሊጺ ዝኣመሰሉ ቅዱሳን ግና ብገንዘቦም የገልግልዎ ከምዝነበሩ ምዝኻር የድሊ።

ኣምላኽ፥ ኵሉ ዘገልግል ኣገልጋሊ ናይ ምሉእ ጊዜ ኣገልጋሊ ክኸውን ይጽውዖ ማለት ግና ኣይኮነን። ገሊኣቶም ኣብቲ ዝወፈረሉ ዓውዲ ስራሕ ጸለውትን ንመንግስቲ ኣምላኽ ዘርጋሕቱን ኰይኖም ክርኸቡ ምእንቲ ብኣምላኽ ኣብ ዘለውዎ ይሸየሙ እዮም። ንኣብነት፥ ዮሴፍን ዳንኤልን ንኣምላኽ ንምግልጋል ካብ ስራሕ ዓለም ምውጻእ ኣየድለዮምን። ንሳቶም በቲ ዘለዎም ናይ ስራሕ ጽፍሒ ንመንግስቲ ኣምላኽ ኣስፊሖምዋን ንክብሪ ኣምላኽ ክሰርሑ በቂዖምን እዮም። ስለዚ እናሰርሑ ዘገልግሉ ኣገልገልቲ ከምዘለው ምፍላጥ የድሊ።

# ብዛዕባ ኣገልጋሊካ ቅኑዕ ኣመለኻኽታ ምሓዝ

ንኣገልጋሊካ ብገንዘብ ምድጋፍ፥ ካብቲ ብዛዕብኡ ዝህልወካ ቅኑዕን መጽሓፍ ቅዱሳዊን ኣመለካኽታ እዩ ዝነቅል። ደቂ እስራኤል፥ ነቶም እተቀብኡ ቅቡኣት ልክዕ ከም ጐይታ ይርእይዎም ስለዝነበሩ፥ ልዑል ምክንካን እዮም ዝገብሩሎም ኔሮም። ንኣብነት ዳዊት ስሊኦም እተቀብኤ ምኳኑ ስለዝርድኡ፥ ንስኻ መብራህቲ እስራኤል ኢኻ፥ ከይትመውት ናብ ውግእ ኣይትውጻእ እናበሉ ክህልውዎ ንርኢ። ጐይታ ዝቀብኦ ሰብ ንሱ መብራህቲ ምኳኑ ተረዲእና ክንከናከኖ ሓላፍነትና እዩ።

ብዛዕባ እቲ ዘገልግለካ ሰብ ግዲ ዘይብልካ ኣይትኩን። ነቲ ካብኡ እትረክቦ ነገር ጥራይ ብምሕሳብ ብስስዔ መንፈስ ኣይትመላለስ። ኩሉ ዝከኣለካ ብምግባር፥ ኣብ ጐኑ ደው ክትብል ኣሎኻ። ንኣብነት ኣብ ዓድና ዋላ ክሳዕ ሕጂ ልሙድ ኣይኮነ፣ ኣብ ገለ ጐረብብቲ ሃገራት ኣሰብኡት ናይ ወንጌል ኣገልገልቲ ኲይኖም ኣብ ፈቐዶ ገጠራት ንኣገልግሎት ይወጹ እዮም። ንሳቶም ንኣገልግሎት ኣምላኽ ኣብ ገጠራት ክተግሁ እንከለው፥ ኣንስቶምን ደቆምን ኣብ ከተማ ብጥሜት ክስቀዩ ደቅና ግና እናኣማረጹ ክምገቡ እንከለው፥ እዝስ ከመይ ኢሉ እዩ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ሞገስ ከውህበና ዝኽእል? እዚ ምግባር ብገዛእ ኢድኻ መርገም ምጽዋዕ እዩ። ስለዚ ኣገዳስነት ንኣገልጋሊካ ምግልጋል ክስወጠና ኣለዎ። ነዚ ተግባራዊ ንምግባር ድማ ብዛዕባ ኣገልገልቲ ኣምላኽ ቅኑዕ ኣመለኻኽታ ምጥራይ የድሊ።

# ፪

## ገዛእ ርእሱ ዝሃበ ገንዘቡ ይህብ

ብዛዕባ ምሃብ ክስበኽ ወይ ክንገር እንከሎ ቅር ዝብሎም ኣሕዋት ከምዘለው ኵላትና ንፈልጦ ሓቂ እዩ። ንሳቶም ነቶም ብዛዕባ ምዝራእ ዝምህሮ መምህራን ወይ ሰበኽቲ ከም ሽቃጦ ብምቊጻር፥ ከነኣእስዎምን ክኾንንዎምን ይፍትኑ እዮም። እቲ ሓቂ ግና ካብዚ እተፈለየ እዩ። ገዛእ ርእሱ ንኣምላኽ ዝሃበ ሰብ፥ ገንዘቡ ንዕዮ ኣምላኽ ምሃብ ፈጺሙ ኣይከብዶን። ንኣታቶም፥ ገንዘብካ ምሃብን ናይ ምሃብ ስብኸትን ዝከበዶም ገዛእ ርእሶም ንኣምላኽ ክህቡ ስለዘይከኣሉ እዩ።

እቲ ገዛእ ርእሱ ዝሃበ ሰብ ብገንዘቡ ንጐይታ ዘገልግለሉ ደገ ምስ ዝኽፈተሉ ዓብዪ ሓጐስ እዩ ዝሕጐስ። መጠን እቲ ንኣምላኽ ገዛእ ርእስና ዝሃብናዮ ወይ እተወፈናዮ ኢና ንህብ። ገንዘብካ ዘይምሃብ ገዛእ ርእስኻ ከምዘይሃብካ እዩ ዝገልጽ። ካልእ ምንም ነገር ክይወሰኽና ኣእዳውካ ንምሃብ ዘይምዝርጋሕ፥ ክሳዕ ክንደይ ገዛእ ርእስኻ ንኣምላኽ ከምዘየግዛእካ እዩ ዝምስክር። ስለዚ ድማ ኢኻ ገንዘብካ ብምሃብ ክሳዕ ክንደይ ንጐይታ ተወፊኻ ከምዘሎኻ ብግብሪ ከተርእይ ዘድልየካ።

ብዛዕባ ርእስኻ ምውፋይ ዝዝመር መዝሙር እንኪሰምዑ፥ ኣእዳዎም ብምዝርጋሕ ብዓብዪ ጭድርታ ዝዝምሩ፥ እንተ 'ገንዘብካ ሃብ' ምስዝበሃሉ ግና ኣእዳወም ዝጭብጡ ሒደት ኣይኰኑን። ንኵሉ እቲ ዘሎና ንኣምላኽ ንምሃብ ክንውስን ክንኽእል ኣሎና። ኣብ ማእከል እዚ ብስስዔ እተወርሰ ወለዶ፥ ብርድኢት በሊጹ ዝወጸ፥ ሕጊ ዘሪኢካ ምዕጻድ ዘስተውዕል ወለዶ ክትንስእ ኣምላኽ ይደሊ። እዚ ወለዶ ድማ ኣነን ንስኻን ኢና ክንኸውን ዝግባእ። ገንዘብካ ንምሃብ ፍሉይ ቅብኣት ካብ ላዕሊ ክወርደካ ኣይትጸበ። ብዘሎኻ ነገር ዕዮ ኣምላኽ ክቅጽል ንምግባር ካብ እኹል ንላዕሊ ብቑዕ ምኽንያት ኣሎኻ። እቲ ምኽንያት ድማ፥ ካብ ባዶ ህይወት ወጹ ስሌኻ ዝሃበ ብሉጽ ኣቦ ከምዘሎ ምስትውዓል እዩ። ኣምላኽ ብከምኡ ህይወት ወጹ ካብ ሃበ፥ ንሕና ድማ ገዛእ ርእስናን ዘሎናን ክንህብ ኣይበዝሓናን።

ገዛእ ርእሱ ዝሃበ ሰብ፥ ገንዘብካ ምሃብ ንዝብል ሓሳብ፥ ብመንጽር ንእተዋህበካ መሊስካ ንወሃቢካ ምሃብ ደኣ እምበር ተጸሚምካ ካብ ዘሎኻ ምኽፋል ኣይርእዮን። ብቀደሙውን እቲ ኣብ ኢዱ ዘሎ ገንዘብ ናቱ ከምዘይኰነ ስለዝርዳእ እንተዘርአ ፈጺሙ ኣይጠዓስን እዩ። ስለዚ ድማ እዩ ነፍስ ወከፍ ኣማኒ ንኣምላኽ ብገንዘቡ ንምግልጋል ቅድሚ ዝኰነ ገዛእ ርእሱ የሕሊፉ ክህብ ዘድልዮ።

# ፫

## ዕጽፊ ክብሪ ይግብኦም

*"እቲ ጽሑፍ፡ ኣፍ እቲ ዜኽይድ ብዕራይ ኣይትእሰር፡ ድማ፡ ንዓያዪ ውዕለቱ ይግብኦ እዩ፡ ይብል እዩ እሞ፡ ነቶም ጽቡቕ ዜገልግሉ ሽማግሌታት፡ ምናዳ ነቶም ብቓልን ብምህሮን ዚጽዕሩ፡ ዕጽፊ ኽብሪ ይግብኦም እዩ።"* (1ጢሞ5:17-18)።

*"ግናኸ፡ ኣቱም ኣሕዋትና፡ ነቶም ኣባኻትኩም ዚጽዕሩን ብጐይታውን ዚመርሑኹም ዚምዕድኹምን ክትፈልጥዎም፡ ንልምነኩም ኣሎና። ስለቲ ዕዮኦም ብብዙሕ ብሉጽ ፍቕሪ ኣኽብርዎም።"* (1ተሰ5፥12-13)።

ነቶም ከገልግሉ ብኣምላኽ እተሾሙ እሞ ንምግልጋል ቅዱሳን ገዛእ ርእሶም ብምልኣት ዝወፈዩ ቅዱሳን፥ ዕጽፊ ክብሪ ይግብኦም እዩ። እቲ ናት ግሪኽ መጽሓፍ ነቲ **"ኣኽብርዎም"** ዝብል ቃል "teemay" እዩ ዝብሎ። እዚ ቃል ብዙሕ ትርጉም ዘለዎን፥ ንብዙሕ ኣገዳሲ ፍጻሜ ዘገልግል ቃል እዩ። ንሒደት ካብ ትርጉማቱ ምስ እንርኢ ድማ ***"ምድናቕ፥ ልዑል ግምት ምሃብ፥ ምሽላም (እዚ ምስ ገንዘብ ተኣሳሲሩ ዝግለጽ እዩ)፥ ምኽፋል"*** *ዝብል ይርከቦ።*

እቲ ኣብዚ ቦታ ተገሊጹ ዘሎ ክብሪ፥ "ዕጽፊ ክብሪ" እዩ። ዕጽፊ ክብሪ ማለት እንታይ እዩ? ኣምላኽ፥ ኣገልገልቱ በቶም ናቱ ህዝቢ ክብሪ ክወሃቦም ኣዚዙ እዩ። እቲ ንእኦም ዝወሃብ ዕጽፊ ክብሪ ከኣ እዚ ዝስዕብ እዩ፥

- **<u>ንመሪሕነቶም ምስዓብ</u>**

  ንዘገልግለካ ኣገልጋሊ ዕጽፊ ክብሪ ትህበሉ ቀዳማይ መገዲ ነቲ ብእኡ ዝወሃበካ መንፈሳዊ መሪሕነት ኣሚንካ፥ ኣብ ባይታ ምትግባር እዩ። ኣምላኽ ንደገፍካን ዓወትካን ዘተንስኦ ሰብ ክሳዕ ዝኾነ ንመራሒካ ክትስዕቦ ክትኽእል ኣሎኻ።

- **<u>ብኹሉ ምእዛዝ</u>**

  ኣገልጋሊካ ኣብ ልዕሌኻ ብኣምላኽ እተዋህቦ ስልጣን ከምዘለዎ ተረዲእካ ብኹሉ ክትእዘዞ ይግብኣካ። ብሓሳብ፥ ዘረባን ግብርን ስልጣኑ ከይትዳፈር እናተጠንቀቕካ ክትመላለስ ኣሎኻ። *"...ነዞም ከምዚኣቶም ዝበሉን ነቶም ምሳና ዚዐዩን ዚጽዕሩን ዘበሉ <u>ኽትእዘዝዎም፡</u> እልምነኩም ኣሎኹ።"* (1ቈሮ16፥16)።

- **<u>ብዘድሊ ዘበለ ምሕጋዝ</u>**

እቲ *"ዕጽፊ ክብሪ"* ዝብል ቃል፥ ከምቲ ኣቐዲምና ዝርኤናዮ ካብ ዘለዎ መሰረታዊ ትርጉማት ሓደ **"ምኽፋል"** ዝብል እዩ። ንኣገልጋሊካ ክንዮ ምሃብ ክትኸፍሎ እዩ ዘሎኻ። እቲ ጽሑፍውን *"ንዓያይ ውዕለቱ ይግብኦ እዩ"* ዝብል (ማቴ10፥10)። ምሃብ ኩሉሳዕ ምስ ፍታው ዝኸይድ ክኸውን እንከሎ፥ ምኽፋል ወይ ደሞዝ ግና ምስ ግቡእ ተኣሳሲሩ እዩ ዝግለጽ። በዚ መሰረት ሓደ ኣገልጋሊ ከም ፍታው ህያብ ጥራይ ዘይኾነ፥ ከም ግቡኡ ጌርካ ክትከፍሎ እዩ ዘሎኻ። ክትህቦ እንከሎኻ ዝግብኦ ትህቦ ከምዘሎኻ ደኣ እምበር፥ ንስኻ ፍሉይ ሓለፋ ትገብረሉ ከምዘየሎካ፥ ንሱ ድማ ይልምነካ ከምዘየልቦ ክትርዳእ ክትኽእል ኣሎኻ።

## ፬

## <u>እቶም ብወንጌል ዘገልግሉ ብወንጌል ይመገቡ</u>

*"ከምኡ ድማ ጐይታ ነቶም ወንጌል ዚሰብኩ ብወንጌል ኪምገቡ ሰሪዑሎም ኣሎ።"* (1ቈሮ9፥14)።

እቲ ብ "ኣዲሱ መደበኛ ትርጉም" ዝፍለጥ ኣምሕርኛ መጽሓፍ ቅዱስ፥ ነዛ ጥቕሲ *"..ወንጌል የሚሰሩ ለኑሮ የሚያስፈልጋቸውን ከወንጌል እንዲቀበሉ ጌታ ኣዞኣል"* ክብል ይገልጻ። ብትግርኛ *"እቶም ንወንጌል ዘገልግሉ ንናብራ ዘድልዮም ዘበለ ካብ ወንጌል ክቕበሉ ጐይታ ኣዚዙ ኣሎ"* ማለት እዩ። ንናብራ ዘድሊ ማለት ገንዘብ ጥራይ ኣይኮነን። ገዛውን እዩ። ኣብዚ ምዕቡል ዘመን፥ ንኣገልጋሊካ ብጥራዝ ጸሓፍ ካብ ትብሎ ኮምፒዩተር፥ ብእግርኻ ኪድ ካብ እትብሎ ድማ መንቀሳቀሲ መኪና... ኰታስ ኵሉ እቲ ንናብራ ዘድልዮ ክትህቦ መንፈሳዊ ሓላፍነትካ እዩ።

ናይ ወንጌል ኣገልገልቲ ብወንጌል ይመገቡ ማለት ርስቲ ኣይሃልወም፥ ንወንጌል ኣብ ዘገልግሉሉ እዋን ንናብራ ዘድልዮም ዘበለ ካብቲ መጓሰ ይርከቡ ማለት እዩ። ከምቲ ሌዋውያን ዝነበርዎ ኣብዚውን ንኣገልግሎት መቕደስ ኣምላኽ ዝፍለዩ ሰባት ኣለው። ስለዝኾነ ድማ ከምቲ ንሌዋውያን ዝግበረሎም ዝነበረ ክግበረሎም ግቡእ እዩ።

ኣገልግሎት መቕደስን ኣገልገልቲ መቕደስን ክሳዕ ዝሃለው፥ ብገንዘብና እሙናት ኰይንና ከነገልግል ክንኽእል ኣሎና። *'ንምንታይ ግን ክበልዑ ድዮም ዘገልግሉ?'* ዝብል ሕቶ ዘምጽኡ ኣመንቲ ኣለው። እዚ ሕቶ ብገዛእ ርእሱ መልሲ እዩ። ክነብሩ ክሳዕ ዘለዎም ናይ ምብላዕ ግዴታ ኣለዎም። ንኣኻ ብብዙሕ ነገር ከምእተምልጥ እናገበሩ ንሳቶም ክእሰሩ የብሎምን፥ ኣይግብኦምን ድማ። ኣብ ልዕሊ እቶም ዘገልግሉካ ኣገልገልቲ ዝመጽእ ውድቀት ውዒሉ ሓዲሩ ንህይወትካን ኣገልግሎትካን፥ ብሕማቕ ክጸልወካ ወይ ክጐድኣካ ናይ ግድን ስለዝኾነ ተጊህካ ኣገልግሎም።

ደቀመዛሙርቲ የሱስ፥ ንጐይታኦም *"ገንሸል ፋሲጋ ኽትበልዕስ ኣበይ ከነዳልወልካ ትደሊ፧"* ከምዝበለዎ ተጻሒፉ ኣሎ (ማቴ26፥17)። ንሳቶም፥ ክብሪ ኣገልጋሊ ስለተረድኦም ገንሸል ፋሲካ ከዳልውሉ ክተግሁ ኢና ንርእዮም። ሎሚውን ኣገልገልትና ክምገብዎ ዘለዎም ነገር ከነዳልወሎም ንምድላው ክነተግህ ክንኽእል ኣሎና። ኣገልገልትና ህያብና እዮም። ህያቡ ዘይከናከን ሰብ ድማ ጥዑይ ኣእምሮ የብሉን። ንእኦም ናይ ስጋ ብምምጋብ፥ ነቲ ካብኦም ክንምገቦ ዘሎና መንፈሳዊ ብልዒ ቀጻልነቱ ነውሕስ።

# ኣፍ እቲ ዜኸይድ ብዕራይ ኣይትዕሰር

*"...ኣፍ እቲ ዜኸይድ ብዕራይ ኣይትእሰር..."* (1ጢሞ5:17-18)።

ሃዋርያ ጳውሎስ ኣፍ እቲ ዘኸይድ ብዕራይ ኣይትእሰር ንዝብል ጽሑፍ ጠቒሱ ክዛረብ እንከሎ፥ ኣምላኽ ብዛዕባ እቶም ዘገልግሉ ደኣ እምበር ብዛዕባ ኣብዑር ግዲ ስለዝገበረ ክምዘይኮነ ይዛረብ። *"ኣምላኽዶ ብዛዕባ ኣብዑር ሐልዩ እዩ፧ ወይስ ብሩሩ ምእንታናዶ ኣይኮነን ዚብሎ ዘሎ፧"* (1ቈሮ9፥9)። ኣገልገልቲ ኣምላኽ ከም ብዕራይ ተመሲሎም እዮም። ስለዝኮነ ድማ እዩ ኣፍ እቲ ዘክይድ ብዕራይ ኣይትእሰር እተባህለ። ብዙሕ ሽሻይ ብሓይሊ ብዕራይ ስለዝኮነ፥ ኣፍ እቲ ዜኸይድ ብዕራይ ክንኣስር የብልናን። *"ብዕራይ ኣብ ዜብሉ መብልዕ ማል ጥራዩ እዩ፡ ብዙሕ ሲሳይ ግና ብሓይሉ ብዕራይ እዩ።"* (ምሳ14፥4)። ብዕራይ ምስ ዝእሰር እቲ ብዙሕ ሽሻይውን ምስኡ እዩ ዝእሰር። ነቲ ካብ ኣገልገልትና ክመጸና እንደልዮ መለኮታዊ በረኸት፥ ምጥሓስ፥ ልዕልና፥ ቅብኣትን ምግላጽን መታን ክንረኽቦ ኣገልገልትና ምፍታሕ ክንመሃር ይግባእ።

ኣብ ኢሳ32፥20 ከም እተጻሕፈ ኣእጋር ብዕራይ ምፍታሕ በረከት ኣለዎ። *"ኣቱም ኣብ ጥቓ ኹሉ ማያት እትዘርኡን ነእጋር ብዕራይን ኣድግን እትፍንውን፡ ብጹኣን ኢኹም።"* ከምቲ ኣብዚ ቦታ ተጠቂሱ ዘሎ፥ ብጽእና ፍረ ነእጋር ኣገልገልትካ ምፍታሕ እዩ። ክጐዩ ክንሓድጐም ኣሎና። ከምቲ ብዕራይ ኣብቲ ዝሰርሖ ግራት ክምገብ ግቡኡ ዝኮነ፥ ኣገልገልትና'ውን ከምኡ ካባና ካብቶም ዘገልገልዎ ህዝቢ ክምገቡ ግቡኦም እዩ (1ቈሮ9፥9)። "ኣይትዕሰር" ዝብል ቃል ዝግብኦ ኣይትክልኣዮ፥ ብሰሪ ዘይምክንካንካ ካብ ግቡእ ስፍራኡ ኣይተውርዶ ዝብል ረዚን መልእኽቲ እዩ ዘለዎ። ብገንዘብካ ኣገልገልቲ ምፍታሕ ክትመሃር ክትኽእል ኣሎኻ። ቅቡኣትካ ዘርግሓዮም፥ ኣሕይሎም።

ሓደ እዋን የሱስ ክሰብኽ ምስ ደለየ፥ ደቀመዝሙርቱ ጃልባኦም ከምዝሃብዎ (ሉቃ5፥3)፥ እቲ ምድሪ ክልውጥ፥ ማሕበር ክሃንጽ፥ ንኣና ክረስትይ፥ ዕርዲ ሰይጣን ድማ ክፍርስ ሓይሊ ዘለዎ ቃል ኣምላኽ ብምልኣት ክሰበኽ፥ ነቶም ነዚ ዕዮ እተመዘዙ ሰበኽቲ ንፍትሓዮም። ከብዶም ብምሓዝ ኣፎም ኣይንዕጾ። ኣገልገልትና ንክርስቶስ ክሰብኹ ጃልባና (ገንዘብ፥ ንብረት...) ንሃቦም። ተካፈልቲ በረኸቶም ክንኸውን ንባርኾም፥ ነገልግሎም።

# ኣብታ ቤት ተመገቡ

*“ኣብታ ቤት ከኣ ንበሩ፡ ንዓያዪ ዓስቡ ይግብኦ እዩ እሞ፡ ኣባታቶም ካብ ዘሎ ብልዑን ስተዩን። ካብ ቤት ናብ ቤት ኣይትሕለፉ።”* (ሉቃ10፥7)።

ጐይታ የሱስ፥ ነቶም ኣብ ዕዮ ምስፋሕ ወንጌል መንግስቲ ኣምላኽ ዘዋፈሮም ቅዱሳን ኣብታ ዘገልገሉላ ቤት ክምገቡ እዩ ነጊርዎም። ነፍስ ወከፍ፥ ጸጋ ናይ ቅቡኣት ክምቀል ቤቱ ዝኸፍት ኣማኒ፥ ቅቡኣት ንምግልጋል ትሕዝቶኡ ድማ ክኸፍት ክኽእል ኣለዎ። መልወሲና ክባረኽ፥ ዝባርኹ ሰባት ኣብ ቤትና ክነተኣናግድ ኣሎና።

ኵሎም እቶም ቤቶም ንዕዮ መንግስቲ ኣምላኽ ዝከፈቱ ተባሪኾም እዮም። ነዚ ህያው ኣብነት ዝኾነና ዖቤድ ኤዶም እዩ። ንሱ ንታቦት ኣምላኽ ደገ ስለዝከፈተ፥ ኣምላኽ ድማ ንብዘሎ ቤቱን ዘለዎን ባሪኹሉ። *“እግዚኣብሄር ምእንቲ ታቦት ኣምላኽ ኢሉ ንቤት ዖቤድ - ኤዶምን ንዘለዎ ኹሉን ባሪኹሉ..”* (2ሳሙ6:12)። እታ ሹሜናዊት ሰበይትውን፥ ንነብዩ ኤልሳእ እንጌራ ክበልዕ ግዲ ብምባል፥ ናብ ቤታ ክኣቱ ብምግባራ መኻንነታ ክቅጻዕ ብውላድ ድማ ክትባረኽ እንከላ ኢና ንርኢ (2ነገ4፥8-17)። እቶም ንኣገልግሎት ቅቡኣት ቤቶም ከፊቶም ዝተባረኹ ሰባት በዛ ሓጻር ጽሕፍቲ ክንዘርዝሮም ዝከኣል ስለዘይኮነ እሞ ኣንባቢ መጽሓፍ ቅዱሱ ይመርምር።

እምበርኣሲ ንኣገልገልትና ካብቲ ዘሎና ንምምቓል ድሉዋት ክንከውን ኣሎና። ብፍላይ ከኣ ከም ክርስትያናት ንምቕባል ኣጋይሽ ክንቀዳደም ስለተኣዘዝና፥ ነቶም ገያሾ ኣገልገልቲ ብዝግባእ ንቐበሎም። ልክዕ እዩ፥ ኣገልገልትና ከነገልግል ናይ ግድን ናብ ቤትና ክሳዕ ዝመጹ ክንጽበ የብልናን። ይኹን ደኣ እምበር ነቶም ዝመጹና ብዝግባእ ናይ ምቕባል ልምዲ ከነማዕብል ኣሎና። ምስ ምምጽኦም ጥራይ ናብ ቤትና ዝልቀቅ ብዙሕ በረኸት ከምዘሎ ክንኣምን ክንኽእል ኣሎና። ስለዚ ድማ እዩ ንምምጻእ ኣገልገልቲ ናብ ቤትና ከም ተራ ነገር ክንርእዮ ዘይግባእ።

ኣብታ ልዳት ገዛና ዝረገጹላ ህሞት ዝፍታሕ በረኸት፥ ዝስበር መርገም፥ ዝበዝሓልና ሞገስ ኣሎ። ነዚ ዘስተውዕል ኣማኒ እምበኣር፥ ምኽንያት እናፈጠረ ኣገልገልቲ ኣምላኽ ናብ ቤቱ ክመጹ እዩ ዝገብር። በቲ ሓላፊ ብልዒ ዘይሓልፍ ነገር ነትርፍ። ቤትና ብምክፋት ልቦም ንከፈት። ኣብ ቤትና ስጋኦም ብምምጋብ መንፈስና ንመግብ። ብጐደሎኦም ከይሓስቡ ኣእዳውና ብምዝርጋሕ ነቲ ብእኦም ክምላእ ዘለዎ ጐደሎና ንመልእ።

# ምህሮ ጐይታ የሱስን ሃዋርያ ጳውሎስን ካብቲ ንሌዋውያን እተነግረ ቃል ዝፍለ ኣይኮነን

ነቲ ጐይታ ብዛዕባ ንኣገልገልቲ ምግልጋል እተዛረቦ ይኹን ሃዋርያ ጳውሎስ ብዕምቈት ዝመሃሮ ምህሮ፡ ምስቲ ኣብ ብሉይ ኪዳን ብዛዕባ ሌዋውያን እተጻሕፈ ጽሑፍ፡ ምስ እነነጻጽሮ ምንም ዓይነት ፍልልይ ኣይንረክበሉን ኢና። እዚ ከኣ ኣብ ኣገልግሎት ማሕበር ከም ሌዋውያን ንወንጌል ጥራይ ገዛእ ርእሶም ፈልዮም ዝዓዩ ሰባት ከምዘለው እዩ ዘርኢ። ስለዚ እቲ ኣብ ሌዋውያን ዝሰርሐ መጽሓፍ ቅዱሳዊ መምርሒ ኣብቶም ገዛእ ርእሶም ንዕዮ ኣምላኽ ዝፈለዩ ክንጥቐመሉ ይግባእ። ሌዋውያን ናቶም ርስቲ የብሎምን። ግናኸ እቲ ህዝቢ ካብቲ ዘለዎ ነቲ ዘድልዮም ዘበለ ብምሃብ ኣብ ዕዮ ኣምላኽ ክጽመዱ ይገብር ነይሩ (ዘሁ18፡)

ንናይ ምሉእ ጊዜ ኣገልገልቲ ዘድልዮም ኵሉ ምቕራብ ኣብ ኣገልግሎቶም ጥራይ ከተኩሩ እዩ ዘኽእሎም ወይ ዝገብሮም። ኵሉ ኣገልግሎት ኣዝዩ ኣገዳሲ እኳ እንተኾነ ብትምህርትን ስብከትን ምግልጋል ግና ኣዝዩ ክብሪ ዘድልዮ ረዚን ኣገልግሎት እዩ። እዚ ከኣ ናይ ክርስትና መሰረታዊ ነገር ብትምህርትን ስብከትን ዝሓልፍ ብምዃኑ እዩ (1ጢሞ5፡17-18)። ስለዚ ነቶም ብምህሮ ዘገልግሉና ዝግብኦም ክረኽቡ ንግበር።

ሃዋርያ ጳውሎስ፡ ነቲ ኣፍ ብዕራይ ዘይምእሳር ዝብል ሓሳብ ካብ ብሉይ ኪዳን እዩ ወሲድዎ (ዘዳ25፡4 ዘሌ19፡13)። ንሱ፡ ነቶም ዘገልግሉኩም ኣገልግሉ ኢሉ ንምእዛዝ እተጠቐመሉ መበገሲ ሓሳብ ሕጊ ሙሴ እዩ (1ቈሮ9፡9)። ስለዚ ሙሴ ንምግልጋል ሌዋውያን እተጠቐመሉ ኣምላኻዊ ሕጊ ከም ሓድሽ ኪዳናዊ ሕጊ ምውሳድ ሃዋርያዊ ምርዳእ እዩ። ንሱ፡ ናይ ብሉይ ኪዳን መምርሒ ተጠቂሙ፡ ነቶም መንፈሳዊ ኣገልግሎት ንማሕበር ዘገልግሉ፡ ብኵሉ እቲ ዘድሊ ስጋዊ ኣገልግሎት፡ በቲ መዳሰ ክግልገሉ ከምዘለዎም ኣስሚሩሉ እዩ።

ሓንትስ ናይ ምሉእ ጊዜ ኣገልግሎት፡ ስራሕ ንዝሰኣኑ ክፉት ናይ ስራሕ ቦታ ኣይኹን እምበር፡ ንኣገልገልትካ ምግልጋል ዓስቢ ዘለዎ ሰማያዊ ትእዛዝ እዩ። ከምኡውን ፋይናንሳዊ ሕጽረት ንዘለዎም ንምድጋፍ ተባሂሉ ዝግበር ክኸውን የብሉን። ጺጋ ዘለዎም ሰባት ጺጋኦም ንምሽራፍ ዕድል ክወሃቦም ክኽእል ኣለዎ። ጸገም ዘለዎም ኣመንቲ ብገንዘብ ይኹን ብኩሉ ዘድሊ ክድገፉ ደኣ እምበር ከም ምሉእ ጊዜ ኣገልገልቲ ክቕመጡ የብሎምን። ምድርና ነቲ ካብ ኣገልገልቲ ክትረኽቦ ዝነበራ ረብሓ ዛጊት ዘይረኸበቶ፡ ሰብ ዓስቢ ዝኾኑ ኣገልገልቲ ኣብ ቦታ ኣገልግሎት ይቕመጡ ብምህላዎም እዩ። እቲ ኣብ ትሕቲ እዞም ሰብ ዓስቢ ዝኮኑ ኣገልገልቲ ዝግልገል መዳሰ'ውን ብዋሕዲ ፍልጠትን ሓይሊ ኣምላኽን ክስቀ ኢና ንርኢ ዘሎና።

ኣገልጋሊ ክትኸውን ስለዝደለካ ጥራይ ብቀኑዕ ኣገልጋሊ ክትኸውን ዝከኣል ኣይኮነን። መሪሕነት ንስኻ እትመርጾ ወይ እትኮኖ ተራ ነገር ዘይኮነስ፡ መለኮታዊ ሹመት እዩ። ኣምላኽ ኣብቲ ቦታ ክሳዕ ዘየቐመጠካ ዋላ ነቲ ስፍራ ሓዞ ብኣምላኻዊ መገዲ ክትመርሖ ግና ኣይትክእልን። ባዕልካ

ናብ ቦታ መሪሕነት እንተድኣ መጺእካ ምናልባት ብገንዘብ ከትብልግጽ ትክእል ትኸውን ኢኻ፥ እቲ ሓለፋ ዝኾነ ነገር ከህልወካ ዝግብኦ ሞገስ ኣምላኽ ግና ምሳኻ ኣይክህሉን እዩ። እምበኣርሲ ኣምላኽ ነቶም ብጸጋኦም ክገልግሉ ዝሸሞም ጥራይ ዘድሊ ኩሉ መለኮታዊ ቀረባት ከምዝህቦም ተረዲእና ንስለ ዓስቢ ምግልጋል ነቋርጽ። ክብሪ ቃል ኣምላኽን ማሕበር ክርስቶስን ኣይንድፈር።

ኣብ መወዳእታ ድማ ሓደ ነገር ከተሓሳስብ እደሊ። ብምኽንያት እዞም ኣገልገልቲ ከብዶም ዝኲና ሰባት ምስሊ እቶም ብኣምላኽ እተሾሙ ቅቡኣት ክድወነና ኣይነፍቐድ። ነዞም ንስለ ዓስቢ ጥራይ ዘገልግሉ፥ ካብቶም ንእተገልጸ ጺጋኦም ከሽርፉ ብኣምላኽ ካብ ኩሉ ነገር ገዛእ ርእሶም ኣግሊሎም ክዓዩ እተጸውዑ ቅቡኣት ንፍለዮም። ሸዑ ብግቡእ ኣተሓሕዛ ንጠቐመሎም። ንሰብ ዓስቢ ግና ብገዛእ ኣእዳዎም እናጸዓሩ ክነብሩ ስራሕ ንድለየሎም።

# ፰

# <u>ንካልኦት ማሕበራት ንዝገልግሉ ምግልጋል</u>

*“ንኣኻትኩም ምእንቲ ኽገልግል ኢለ እየ፡ ኻባታተን ዓስቢ እናተቐበልኩ፡ ነተን ካልኦት ማሕበራት ዝበዝበዝክወን።”* (2ቆሮ11፥8)። ሓደ ኣማኒ ግድን ኣይኰነን ነቲ ዘገልግሎ ኣገልጋሊ ጥራይ ከገልግል። ከምኡ’ውን ሓንቲ ማሕበር ነቶም ኣብ ትሕቲኣ ዘገልግሉ ጥራይ ኣይኰነትን ከተገልግል ዘለዋ። ጳውሎስ ንሰብ ቆሮንቶስ ንምግልጋል ንካልኦት ማሕበራት እዩ መዝሚዝዎን። ዳዊት’ውን እንተ’ኾነ ንሱ ባዕሉ ንዘየምልከሉ መቕደስ ንምስራሕ ዘድሊ ዘበለ ኲሉ ነገራት ከምዝቐረበ ንርኢ (1ዜና29)። እቲ ሓቂ እዚ ካብ ኰነ፥ ልብኻ ክሳዕ ዝዐረፈልካ ዋላውን ንዕሽርካ ናብ ካልእ ማሕበር ክትሰድድ ትኽእል ኢኻ። ብድርኺት መንፈስ ቅዱስ’ውን ንሓደ ጊዜኡ ሂቡ ዘገልግል ኣገልጋሊ ክትህቦ ትኽእል ኢኻ።

ብዙሓት ሚኒስትሪታትን ማሕበራትን ኣብ ንጡፍ ዕዮ ክነሰን ብዋሕዲ ገንዘብ ክስቀያ እንከለዋ፥ ገለ ድማ ብብዝሒ ገንዘብ ዘቅቢበን ክነሰን ምንም ዘይዓያ ኣለዋ። ልቦና ዘለዎ ኣማኒ እምበኣር የዒንቱ ቋሕ ብምባል ከባቢኡ ክጥምት እሞ ነተን ዝሸገራ ማሕበራትን ሚኒስትሪታትን ብገንዘቡ ክድግፍ ክኽእል ኣለዎ። ንስኻ ክሳዕ ዘሎኻ ብዋሕዲ ገንዘብ ዝስቀ ኣገልጋልን ዝብደል ኣገልግሎት ክህሉ ኣይተፍቕድ። ብገንዘብካ ነቶም ንካልኦት ዘገልግሉ ብምግልጋል ዓስብካ ኣብዝሕ።

ካብ ጸቢብ ወገናውነት ፍጹም ሓራ ዝወጸ ኣመለኻኽታ ይሃሉካ። ኣባልነት ማሕበር ምሓዝና ንሓድሕዳዊ ምክፍፋል ምኽንያት ክኾውን ኣይንሕደጐ። ኲላትና ኣካላት ክርስቶስ ኢና እሞ ንመላላእ። እቲ ብኣና ክግበር ዘይክእል ነገር ብካልእዕት ክግበር ከምዝክእል ኣሚንና ኣብ ጐኒ ኣገልግሎት ካልኦት ደው ንበል። ስለ ካልኦት ኣገልገልቲ ክንጽሊ ጥራይ ዘይኰነስ ብገንዘብናውን ክንድግፎም ገዛእ ርእስና ነልምድ። እዚ ብምግባር ነቲ ንምድርና ኣትዒቱ ዝሓዘ ምፍልላይ ብተግባር ንስበሮ።

# ፱

## ዘድልየኒ ሰዲድኩምለይ

ሰብ ፊሊጲ ብኹሉ ዘድሊ ምሃብ፡ ኣብ ጐኒ እቲ ንእኦም እተዋህበን ንካልኦት ዝጠቅምን ሃዋርያ፡ ደው ኢሎም እዮም። *"ኣቱም ሰብ ፊልጲ፡ በቲ ናይ ወንጌል መጀመርታ ኻብ መቄዶንያ ምስ ወጻእኩ፡ ብጀካኻትኩም ጥራይ ካብ ማሕበር ብናይ ምሃብን ምውሳድን ሓደ እኳ ምሳይ ከም ዘይሐበረ፡ ንስኻትኩም ባዕላትኩም ትፈልጡ ኢኹም። ኣብ ተሰሎንቄውን ሓደ ጊዜን ካልኣይ ጊዜን* ***ዜድልየኒ ሰዲድኩምለይ።"*** (ፊሊ.4፡14-16)። ሃዋርያ ጳውሎስ ዝኣኽል ገንዘብ እኳ እንተነበሮ ንሳቶም ግና ዘድልዮ ዘበለ ሰዲዶምሉ እዮም።

እቲ ብገንዘብና ከነገልግሎ ዘሎና ኣገልጋሊ ናይ ግድን ዝሰኣነን ንሕና ብናብራ ወይ ትሕዝቶ እንበልጾ ሰብ ክኸውን ኣለዎ ማለት ኣይኮነን። ኣብዘን ሒደት ናይ ክርስትና ዓመታተይ ኣብ ብዙሓት ከም ዘስተብሃልኩዎ ብኣመንቲ ገንዘብ ዝወሃቦ ኣገልጋሊ ኣብ ሽግር ዘሎ ጥራይ እዩ። በረኸትካ ክበዝሕ ዋላውን ነቲ ብናብራ ካባኻ ዝበልጽ ኣገልጋሊ ኣገልግሎ። ዘድልዮ እንታይ ምኳኑ ብምጽናዕን ምሕታትን ኣገልግሎ። ንኹሉ ህይወቱን ኣገልግሎትን ብዕምቈት ብምዕዛብ ኣብ ጐደለታቱ ኢድካ ዘርግሕ።

ሃዋርያ ጳውሎስ ነቶም ዘድልዮ ዘበለ ዝሰደዱሉ ሰብ ፊሊጲ ኣምላኽ ድሌቶም ከምዝመልኣሎም እዩ ነጊርዎም። *"ኣምላኸይ ከኣ፡ ከምቲ መጠን ሃብቱ ብኽብሪ ብክርስቶስ የሱስ ገይሩ፡ ድሌትኩም ዘበለ ኺመልኣልኩም እዩ።"* (ፊሊ.4፡19)። ድሌት እቶም ተጊሆም ዘገልግሉካ ኣገልገልቲ ምስ እትመልእ፡ ኣምላኽ ድማ ንኹሉ እቲ ዘድልየካ ከም መጠን ሃብቱ ክምልኣልካ እዩ። ስለዚ ምሉእ ነገር ካብ ኣምላኽ ትጽበ ካብ ኰንካ፡ ንኣገልገልትካ ዘድልዮም ዘበለ መልኣሎም። **ዘድልየካ ክትረኽብ ድሌት ካልኦት መልእ**። ኣምላኽ ድሌት ካልኦት ዝምልእ ቅዱ ኣነባብራ ክህልወና እዩ ዝደሊ። እዚ ምስ እንገብር ብብዙሕ በረኸት ናይ ኣምላኽ እተዓጀበ ውህበት ስለ እንረኽብ ድሌትና ይምላእ።

# ፲

## ክሳዕ እትሕተት ዘይምጽባይ

ገንዘብና ንምሃብ ክሳዕ እንሕተት ክንጽበ የብልናን። ሃዳፋት ፈቲሽናን ንምግልጋል ለሚንና ከነገልግል ኣሎና። ሊድያ ቤታ ከፊታ ቅዱሳን ንምግልጋል፥ ነቶም ኣገልገልቲ ለሚና እያ ነቲ ዕድል ረኺባቶ። *"ንሳ ምስ ስድራ ቤታ ምስ ተጠምቀት ከኣ፡ ከም ኣማኒት ጐይታ ርኢኹምኒ እንተ ኼንኩምሲ፡ ናብ ቤተይ ኣቲኹም ተቐመጡ፡ ኢላ ለመነትና ግዲውን በለትና።"* (ግ.ሃ16፥15)። ሰብ ቈሮንቶስ'ውን ቅዱሳን ንምግልጋል ብብዙሕ ልማኖ እዮም ንሃዋርያ ጳውሎስ ለሚኖሞ። *"ነዚ ጸጋ እዝን ንሕብረት ምግልጋል ቅዱሳንን ብብዙሕ ልማኖ እናለመኑና..."* (2ቈሮ8፥4)። ንኣገልገልትካ ከተገልግሎም፥ ነቲ ብእኦም ዝካየድ ዕዮ ድማ ክትድግፍ ደገ ክኸፍቱልካ ክትልምኖም ክትኽእል ኣሎኻ።

ንኣገልገልትካ ንምሃብ ተበግሶ ደኣ እምበር ፍሉይ ድምጺ ክሳዕ እትሰምዕ ምጽባይ ኣየድልን እዩ። ፍሉይ ዝኾነ ድምጺ ካብ ሰማይ ክሳዕ ዝመጸካ ወይውን እቶም ኣገልገልቲ ኣፍ ኣውጺኦም "ኣገልግለና" ክሳዕ ዝብሉካ ክትጽበ የብልካን። ኣብ ቃል ኣምላኽ ሓንሳእ "ሃብ" ዝብል ትእዛዝ ካብ ወጸ፥ ነዚ ትእዛዝ ተጊህካ ክትገብሮ ጥራይ እዩ ዘሎካ። ኣምላኽ ሕጂውን ዚዛረብ ኣምላኽ ምኳኑ ኣጸቢቐ ይኣምን እኳ እንተኰንኩ፥ ነቲ ድሮ እተነግረ ቃል ምእዛዝ ግና ይጽንሓለይ ዘይበሃሎ መንፈሳዊ ሓላፍነትና ምኳኑ ከስምረሉ እፈቱ።

ኣብ ከም ሃገርና ዝኣመሰላ ዓድታት፥ ውልቃዊ ሽግሩን ንኣገልግሎቱ ፋይናንሳዊ ደገፍ ከምዘድልዮን ዚዛረብ ኣገልጋሊ፥ ከም ንገንዘብ ኢሉ ኣገልግሎት ዝጀመረ ተገይሩ እዩ ዝቕጸር። ስለዝኰነ ድማ እዩ ብዙሓት ኣገልገልቲ ሃዳፋቶም ብናጽነት ዘይሕብሩና። እቲ ኣብ ምድርና ዘሎ ኵነታት እዚ ካብ ኰነ ክዛረቡና ከይተጸበና ነገልግሎም። ክስከፉን ክሽቍረሩን ኣይንግበሮም። ባሮት ልዑል ኣምላኽ ክሳዶም ኣቕኒዖም ብናጽነት ክመላለሱን ከገልግሉን ምግባር ክብረትና ይኹን። ልብና ከም ልቢ ሊድያ ይኹን። ዋላ ንሳቶም ደገ እንተዘይከፈቱልናን ዘድልዮም እንተዘይኣንፈቱልና "በጃኹም" ከነገልግለኩም ዕድል ሃቡና ንበሎም። እዚ ብምግባር ዕዮ መንግስቲ ኣምላኽ ቀጻልነቱ ነውሕስ።

## ፲፩

## ብውልቂ ምግልጋል

ንኣገልገልቲ ንምግልጋል ናይ ግድን እተደራጀወ ነገር ክህሉ ኣለዎ ማለት ኣይኮነን። እኸብ ኢልካ ከተገልግል፥ ከምኡውን ብምእኩል ኣገባብ ብማሕበር ደረጃ ውዕለቶም ክትመቕል ቅቡል እኳ እንተኾነ፥ ብውልቂ ዝግበር ኣገልግሎትውን መጽሓፍ ቅዱሳዊ ምኺኑ ክነስተውዕል ኣሎና። ንኤልያስ ኤልሳእ የገልግሎ ነይሩ፥ ንክርስቶስ ድማ እተን ኣንስቲ የገልግላኦ ኔረን (ሉቃ8፥2-3)።

ንኣገልገልቲ ኣምላኽ ንምግልጋል ብውልቕኻ ተበግሶ ክትወስድ ክትኽእል ኣሎኻ። እንሓንሳእ ብማሕበር ዝኽፈልዎገንዘብ ኣዝዩ ውሑድ ብምኳኑ ብብዙሕ መገዲ ዝስቀዩ ኣገልገልቲ ኣጋጢሞምኒ እዮም። ንስኻ እምበኣር ነዚ ንምፍዋስ ብውልቕኻ ኣገልግሎም። ብውልቀ ሰባት ኣብ ዝግበር ምግልጋል ግና ከነስተብህለሎም ዝግብኡና ክልተ ነገራት ኣለው እሞ ናብኦም ነብል፦

### ውህበት ጸቕጢ ዝፈጥር ክኸውን የብሉን

ንኣገልገልቲ ከተገልግል እንከሎኻ ሓለፋታት ክትጽበ የብልካን። ሃዋርያ ጳውሎስ ትምክሕቱ ከይውሰዶ እዩ መሰሉ ሓዲጉ (1ቈሮ9፥15)። ንሱ *"ሂብናካ እንዲና ብገንዘብና እንዲካ እተገልግል፥ ካብ ካልእ ንላዕሊ ንኣና ኑቶም ዝሃብናካ ከተገልግል እዩ ዝግብኣካ..."* ዝብል ከንቱ ሓሳብ ናይቶም መጓሰ እዩ ከምኡ ዝብል ውሳኔ ክወስድ ጌርዎ። ሎሚውን ክንህብ እንከሎና ሓለፋ ካልኦት ክንብጻሕ፥ ክጽለየልና፥ ክንበልዩልና፥ ክምህሩና፥ በብመድረኹ ስምና ከም ኣብነት ክጠቐሱ፥ ኣብታ ዝደለናዮም ሰዓት ዝገደፉ ገዲፎም ደበኽ ክብሉልና፥ ንኩሉ ነገራትና ብዘይ ሕቶ ክድግፉና... ክንጸበ የብልናን። ትምክሕቶም ኣይንተክፎ።

ክንህብ እንተድኣ ኰይንና ብከምኡ ንሃብ። ዓስብና ዝበዝሕ፥ ምስ ኣገልገልትና ዘሎና ርኽብ ዝጥዒ ብከምኡ ምስ እንህብ እዩ። ስለዝሃብናዮም ከም ጊልያና ክንርእዮም ክንሓስቦም ኣይግባእን። ብገንዘቦም ልቢ ኣገልገልትና ከሸፍቱ፥ ክዕብልሉ ዝፍትኑ ሰባት ምስ ዘጋጥሙና ድማ ተጊህና ክንቓወም ክንኽእል ኣሎና።

### ጌጋ ሃቀና ዘይምሓዝ

ስምኦን፥ ገንዘቡ ንሃዋርያት ክህብ ዝወሰነ፥ መንፈሳዊ ውህበት ንምግዛእ ብምሕላን እዩ ዝነበረ። *"ስምኦን ከኣ መንፈስ ቅዱስ በቲ ምንባር ኣእዳው ሃዋርያት ከም እተዋህበ ምስ ረኣየ፡ እቲ ኢደይ ዘንብረሉ፡ መንፈስ ቅዱስ ምእንቲ ኪቕበልሲ፡ ንኣይ ከኣ እዚ ስልጣን እዚ ሀቡኒ፡ ኢሉ ገንዘብ ኣምጽኣሎም።"* (ግ.ሃ8፥18-19)። ኣምላኽ ሓለፋ ዝኰነ ነገር ሃቀና ሰብ ስለዝጥምት ክትህብ እንከሎኻ ብቕኑዕ ሃቀና ክትህብ ክትኽእል ኣሎኻ። ሃቀናኻ ዘይጥዑይ ምስ ዝኸውን እቲ እትዘርኦ ዘርኢ መኻን እዩ ዝኸውን። ስለዚ ኣብ ብዝሒ ገንዘብካ ዘይኮነስ ኣብ ሃቀናኻ ኣድሂብካ ሃብ።

## ፲፪

## <u>ምሳይ ተቐመጥ ኣቦን ካህንን ኩነኒ</u>

*“ኣብ ቤትልሄም ይሁዳ ኻብ ዓሌት ይሁዳ ሓደ መንእሰይ ነበረ። ንሱ ሌዋዊ እዩ፡ ንሱ ኸኣ ኣብኡ ወሰንተኛ ኰይኑ ይቕመጥ ነበረ። እቲ ሰብኣይ ኣብ ዝረኸበ ቦታ ኪቕመጥ፡ ካብታ ኸተማ፡ ካብ ቤት ልሄም ይሁዳ ኸደ። መገዱ ኪኸይድ ከሎ ድማ፡ ኣብ ከረን ኤፍሬም ናብ ቤት ሚካ መጸ። ሚካ ኸኣ፡ ካበይ መጺኣካ ኢኻ፧ በሎ። ንሱ ድማ፡ ኣነ ኻብ ቤት ልሄም ይሁዳ ሌዋዊ እየ፡ ኣነ ኣብ ዝረኸብኩ ቦታ ኪቕመጥ እኸይድ ኣሎኹ፡ በሎ። ሚካ ኸኣ፡ ምሳይ ተቐመጥ እሞ ኣቦን ካህንን ኩነኒ፡ ኣነ ድማ ንዓመት ዓሰርተ ሲቃል ብሩርን ዚግባእ ክዳውንትን ቀለብካን ክህበካ እየ፡ በሎ። ሽዑ እቲ ሌዋዊ ኣተወ።”* (መሳ17፥7-10)።

ከምቲ ኣብዚ ቦታ ተገሊጹ ዘሎ፥ ሚካ ነቲ ዝረኸቦ መንእሰይ ካህንን ኣቦን ካህንን ክኾኖ እዩ ሓቲትዎ። ንሱ ረብሓ ኣገልጋሊ ምርኻብ እተረድኦ ሰብ ስለዝነበረ፥ ነቲ ካህን ምስ ረኸቦ መንእሰይ እዩ ኢሉ ከይንዓቐ ናብ ቤቱ ከኣቱ እሞ ከገልግሎ እዩ ደገ ከፊቱሉ። እንሓንሳእ እንረኽቦም ኣገልገልቲ ብዕድመን ተመኩሮን ካባና ዝንእሱ ክኮኑ ይኽእል እዮም። እቲ ዘገድስ ግና ኣብ ልዕሊኡ ንረብሓና ዝመጸ ቅብኣት ኣምላኽን እተሰከምዎ ጻውዒትን እዩ ክሽውን ዘለዎ። ስለዚ ድማ እዩ መንእሰያት ኢልና ከይንዓቕና ንዝረከብናዮም ቅቡኣት ክንጥቐመሎም ዘድሊ።

ንሕና መንፈሳዊ ነገር እንቀድሓሉ፥ ንሱ ድማ ካባና ዘድልዮ ምድራዊ ነገራት ዝቀድሕ ኣገልጋሊ ክህልወና ምግባር መጽሓፍ ቅዱሳዊ ሰረት ዘለዎ ቅዱስ ተግባር እዩ። ኣብ ቤትካ ካህን ዝኮነካ መንፈሳዊ ኣቦ ሹም። ካህን ዝኮነ ሰብ ምሿም ማለት ብቃልን ምኽርን ዘገልግለካ፥ ዝጽልየልካ፥ ናብቲ ብኣምላኽ እተራኣየልካ ናይ ህይወት ኣጀንዳ ዝደፍኣካ ወይ ዘፋጥነካ ሰብ ምርኻብን ኣብ ትሕቲኡ ከትግልገል ፍቓደኛ ምኻን እዩ። ነቲ ናይ መንፈስ ዝዘርኣልካ መንፈሳዊ ኣቦ ድማ ካብቲ ስጋዊ ርኻብካ ከተገልግሎ ኣሎኻ። ከምኡ ምስ እትገብር ብቀሊሉ ዘይድፈር መንፈሳዊ ሓጹር ንቤትካ ክትሃንጽ ኢኻ። ስለዚ ካልእ ይትረፍ ሓደ ኣገልጋሊ ንምግልጋል ሎሚ ወስን።

# ፲፫

## ካብ ጥልቂ ድኽነትካ ምሃብ

*"ኣሕዋተየ፡ እቲ ኣብተን ማሕበራት መቄዶንያ እተዋህበ ጸጋ ኣምላኽ ነፍልጠኩም ኣሎና፡ ከም ዓቕሞምን ሓለፋ ዓቕሞምን ባዕላቶም ፈትዮም ከም ዝሀቡ፡ እምስክረሎም ኣሎኹ እሞ፡ ብብዙሕ ጸበባ ተመኪሮም፡ ሓለፋ ሓጐሶምን ጥልቂ ዝኾነ ድኽነቶም ንምብዛሕ ልግሶም ኣዝዩ ዐዘዘ።"* (2ቈሮ8:1-3)።

እተን ኣብ መቄዶንያ ዝነበራ ማሕበራት ዓሚቕ ድኽነት ዘለወን ክነሰን ንምብዛሕ ልግሲ ግና ከምዝወሰኑን ዝተግበርዎን ኢና ንርኢ። ንሳቶም ኣከል ተረፍ ገንዘብ ስለዘለዎም ኣይነበረን ንምግልጋል ቅዱሳን ዝተላዓሉ። እቲ ዘለዎም ድኽነት ንዘይምሃብ ምኽንያት ክኰኖም ኣየፍቀዱሉን። ብገንዘብ ንምግልጋል ናይ ግድን ትርፊ ገንዘብ ክህልዎና ኣለዎ ማለት ኣይኰነን። ካብ ዘሎና ጥልቂ ዝኾነ ድኽነት ዓቕምናን ሓለፋ ዓቕምናን ከነገልግል ንኽእል ኢና።

ምሃብ ብባህሪኡ መስዋእታዊ እዩ። ኣብርሃም ካብ ብዙሓት ደቀኡ መሪጹ ኣይነበረን መስዋእቲ ክኸውን ናብ ኣምላኽ ዘምጽኦ። ይስሃቅ ሓደን እንኮን ናይ ተስፋ ውሉዱ ክነሱ ሓደ ወዱ ንምሃብ ግና ድሕር ኣይበለን። ማርያም መግደላዊት'ውን እቲ ኣብ እግሪ የሱስ ዘፍሰሰቶ ቕዱይ ቅብኢ ዋጋኡ ሰለስተ ሚእቲ ዲናር እዩ ዝነበረ። እዚ ብመንጽር ናይቲ ጊዜ ወርሓዊ ደሞዝ ናይ ሓደ ሰብ ክትመን እንከሎ፥ ናይ ምሉእ ዓመት ኣታዊኣ ከምዝነበረ ብዙሓት መምህራን መጽሓፍ ቅዱስ ይዛረቡ (ማር14፥3-7)። ናይ ምሉእ ዓመት ኣታዊካ ምሃብ ክሳዕ ክንደይ መስዋእትነት ከምዝሓትት እንስሕቶ ኣይኰነን። ብርግጽ ምሃብ፥ እትመቕሎ ዘይኰነስ ብመስዋእትነት እትህቦ እዩ።

ከምቲ ኣብ ቃል ኣምላኽ ተጻሒፉ ዘሎ ንስራሕ ቤት ኣምላኽ ዝኸውን ዕንጨቲ ንምምጻእ ጽንኩር ናብ ዝኰነ ከረን ምውጻእ ክህሉ ናይ ግድን እዩ። *"ናብ ኣኽራን ደይቡ፡ ዕጨይቲ ኣምጽኡ፡ ነታ ቤት ከኣ ስርሕዋ።"* (ሃጌ1፥8)። ከምዝፍለጥ ከረን ምድያብ ከቢድ ነገር እዩ። ይኹን ደኣ እምበር እቲ ዘደይበካ ዕላማ ቤት ኣምላኽ ብምስራሕ ንክብሪ ኣምላኽ ዝከውን ነገር ምትካል ክሳዕ ዝኰነ፥ ነቲ ከቢድ ዝበሃል ኵሉ ንምፍጻም ትጉህ ምዃን ጥራይ እዩ ዘድሊ። እቲ ካብ ጥንቂ ድኽነትና እነምጽኦ ገንዘብ ምናልባት ሒደት ክመስለና ይከእል ይኸውን፥ ኣብ ኢድ እቲ ሃብታም ኣምላኽ ግና ንብዙሕ ተኣምራት ክበዝሕ ከምዝኽእል ክንርዳእ ክንኽእል ኣሎና። ስለዚ ምሃብ መስዋእቲ ምኽፋል ምዃኑ ብምግንዛብ ንኵሉ እቲ ክንገብሮ ዝግብኣና ንምግባር ሎሚ ንተንስእ።

# ፲፬

# ንዘገልግሉካ ርእስኻ ምውፋይ

*“ብፍቓድ ኣምላኽ ቅድም ንጐይታ ድሕሪኡ ኸኣ ንኣና ርእሶም ወፈዩ..”* (2ቆሮ8፥5)።

ኣብ መቄዶንያ ዝነበራ ማሕበራት፥ ገዛእ ርእሰን ንጐይታ ጥራይ ዘይኰነስ ንምግልጋል እቶም እተዋህብዎም ሃዋርያት፥ ከምዝወፈዩ ኢና ንርኢ። እቶም ኣብተን ማሕበራት ዝነበሩ ቅዱሳን ንጐይታ ርእስኻ እንተድኣ ወፊኻ፥ ካልእ ዘድሊ ነገር የልቦን ብዝብል ድኹም ሓሳብ ከይተጠበሩ፥ ንኣገልገልቶም ገዛእ ርእሶም ብምሃብ እቶም እተመላለሱ። ንጐይታኦም ዘለዎም ተወፋይነት ንኣገልገልቶም ብዝህልወም ተወፋይነት ኣቢሎም ብምግሃድ ድማ ፍቓድ ኣምላኽ ክፍጽሙ በቒዖም እዮም። እዚ ብምግባሮም ድማ ናእዳ ረኺቦምን ኣብ ታሪኽ መጽሓፍ ቅዱስ ሽሞም ክጸሓፍ ጌሮም እዮም።

ነቶም ገዛእ ርእሶም ወፍዮም ዘገልግሉካ ኣገልገልቲ ገዛእ ርእስኻ ወፊካ ምግልጋል ሓላል እዩ። እዚ ንምግባር ክትውስን ኣሎኻ። ገዛእ ርእሶም ወፍዮም ዘገልግሉና ኣገልገልቲ ክወሃቡና ብዙሕ እዋን ንጽሊ እኳ እንተኾነ፥ ሓንቲ መዓልቲ እኳ ንኣገልገልትና ገዛእ ርእስና ወፊና ከነገልግል ጸሊና ዘይንፈልጥ ሒደት ኣይኰናን። ርእሱ ንዝወፈየልካ ርእስኻ ምውፋይ ግና ዓስቢ ዘለዎ ተግባር እዩ። ገዛእ ርእስኻ ምውፋይ ማለት ብኩሉ እቲ ዘድሊ ኣብ ጐኖም ደው ንምባል ምውሳንን ውሳኔኻ ብግብሪ ምንጽብራቕን እዩ።

ገዛእ ርእሱ ንኣገልገልቱ ዝወፈየ ሰብ ምንም ነገር የጋጥም ምንም ንኣገልጋሊኡ ኣይጠልሞን እዩ። እቲ ኣገልጋሊ እንተ ደኸሙ ንምብርትዑ ይትንስእ ደኣ እምበር ብድኻሙ ኣየሽካዕልልን። ንኣበር ኣገልጋሊኡ ፈቐዶ ጐደናታት እናበተነ ድማ ኣይመላለስን። ነቲ ክግበር ዘለዎ ነገር ንምግባር ይተግህ ደኣ እምበር ሕሊናኡ ኣየዕርብን። ርእስኻ ንዝወፈካሉ ኣገልጋሊ ሓደ ካብቲ ተወፋይነትካ ተርእየሉ መገዲ ድማ ገንዘብካ ምሃብ እዩ። ንውልቃዊ ናብራኡን ኣገልግሎቱን ንምድጋፍ ኣእዳውካ ዘርግሕ። እዚ ብምግባርካ ንኣገልጋሊካ ክትፈትሖን መመሊሱ ናብ ዝበረኸ ደረጃ ክኣቱ ደገ ከተጣጥሓሉ ኢኻ። ኣምላኽ ድማ ዓስብካ ከብዝሖ እዩ።

## ፲፰

## ገንዘብካ ኣብ እግሪ ሃዋርያት ምንባር

*"ነቲ ዘለዎ ግራት ሸይጡ፥ ነቲ ገንዘብ ኣምጺኡ ኣብ ጥቓ እግሪ ሃዋርያት ኣንበሮ።"* (ግ.ሃ4፥37)።

ኣብታ ከም ሞዴል ንኹለን ኣብዚ እዋን ዘለዋ ማሕበራት ተገልግል፥ ቀዳመይቲ ሃዋርያት ማሕበር ናይ የሩሳሌም፥ ልሙድ ካብ ዝኾኑ ተግባራት ሓደ ገንዘብካ ኣብ እግሪ ሃዋርያት ምንባር እዩ ዝነበረ። ኩሎም እቶም ኣብቲ እዋን ዝነበሩ ቅዱሳን፥ ገንዘቦም ኣብ እግሪ ሃዋርያት ብምንባር በረኸት ሃዋርት ይቅበሉን ሰማያዊ መዝገቦም ይምልኡ ኔሮም እዮም። ነዚ ተጊህካ ዘይምግባር ሓደገኛ ሳዕቤን ዘከትል ምዃኑ፥ እቲ ኣብ ህይወት ሃንናያን ሰጺራን ዝበጽሐ ፍርዲ ህያው ምስክር ኰይንዎም እዩ። ስለዚ ድማ እዩ እቲ መጓሰ ኣብ ትሕቲ መርገም ከይመላለስ፥ ገንዘቡ ንረብሓ ብዙሓት ክውዕል ኣብ ትሕቲ ሃዋርያት ዘንብሮ ዝነበረ።

ሃዋርያዊ ኣገልግሎት፥ ኣዝዩ ብዙሕን ሰፊሕን ካብ ምዃኑ እተላዕለ፥ ብዙሕ ምድራዊ ነገር ዘድልዮ ኣገልግሎት እዩ። ስለዝኾነ ድማ እዩ፥ እቲ ብሃዋርያት ዝዕየ ኣገልግሎት፥ ነቲ ብኣምላኽ እተመደበሉ  ዕላማ ክወቅዕ፥ ናይ ገንዘብ ደገፍ ዘድልዮ። ሃዋርያዊ ኣገልግሎት ሓደሽቲ ማሕበር ዝተክል፥ ንእተተክላ ድማ ዘጽንዕን ዝሃንጽን፥ ንብዙሓት ኣገልገልቲ ከኣ እናኣሰልጠነ ንኣገልግሎት ናብ እተፈላለዩ ስፍራታት ዘውጽእ፥ ከምኡውን ኣብ ውሽጢ ማሕበር ንዘለው ኲሎም ሰባት ዘድልዮም ዘበለ ክምልእ ዝተግህ ኣገልግሎት ስለዝኾነ፥ ብርክት ዝበለ ደገፍ ገንዘብ የድልዮ።

እቲ ናብ ሃዋርያትን ነብያትን ዝመጽእ ራእይ፥ ሃገራዊ ወይ ዓለምለኻዊ ሸፈነ ዘለዎ ስለዝኾነ፥ ኲሉ እቲ ኣብ ትሕቲ ሃዋርያትን ነብያትን ዝግልገል መጓሰ፥ ንገንዘቡ ኣብ እግሮም ከንብሮ ክውስን ኣለዎ። እቶም ቀዳሞት ክርስትያናት ዕምቈትን ዝርግሐን ሃዋርያዊ ኣገልግሎት ይርድኡ ስለዝነበሩ እዮም፥ ንኲሉ ገንዘቦም ኣብ እግሪ ሃዋርያት ዘንብርዎ ዝነብሩ። ሎሚውን ነቲ ዘሎና፥ ኣብ እግሪ ሃዋርያዊ ኣገልግሎት፥ ከነንብሮን ንዕዮ ኣምላኽ ክንውፍዮን ይግባእ። ከምኡ እንተገበርና ብዙሕ ብወንጌል ዘይተደፍረ ቦታ ዝደፍሩ ሃዋርያት ከነሰስን ኢና። ሃገራዊ ራእይ ዘለዎን ጽኑዓት ሓደሽቲ ማሕበራት ድማ ብብዝሒ ክትከላ፥ ንማሕበር ናብ ፍጻሜ ዘምጽእዋ ኣገልገልቲ ድማ ኣብ ትሕቲ ሃዋርያት ዝስልጥኑሉ ዕድል ክኽፈተሎም እዩ።

## ፲፯

## ብውህበትካ ዕዮ ኣምላኽ ምውሓስ

*"ንሌዋውያን ግዲኦም ከም ዘይተዋህበ፡ ብእኡ ምኽንያት ድማ እቶም ዜገልግሉ ሌዋውያንን ዘመርትን ነፍሲ ወከፍ ነናብ ግሕረሉ ኸም ዝሀደመ ፈለጥኩ።"* (ነህ13:10)።

ነህምያ፥ ነቲ ናይ ተሓድሶ ዕዮ ድሕሪ ምዝዛሙ፥ ናብቲ ዝነበሮ ቦታ ግምቢ ሱሳን ከም እተመልሰ እሞ፥ ድሕሪ እተወሰነ እዋን ናብ የሩሳሌም ከምእተመልሰ፥ ሽዑ ብዝረአዮ ነገር ድማ ኣዝዩ ከምዝተቆጥዐ መጽሓፍ ቅዱስ ይነግረና። ንነህምያ ዘቆጥዖ ነገር እቶም ናይ መቅደስ ኣገልገልቲ ዝኾኑ ሌዋውያንን ዘመርትን ግዲኦም ስለዘይተዋህቡ ናብ ግሕረሰሞ ሃዲሞም ምርኣዩ እዩ። ሌዋውያንን ዘመርትን፥ እቲ ንናብራ ዘድልዮም ዘበለ ክማልኣሎም ስለዘይከኣለ ነቲ ዕዮ መቅደስ ገዲፎም ክሓርሱ ከምዝጀመሩ ኢና ንርኢ።

እቲ ኣብ ዘመን ነህምያ ዘጋጠመ ፍጻሜ፥ ኣብ ዘመንናውን የጋጥም ኣሎ። እቶም ካብ ወንጌል እናተመገቡ ንወንጌል ዘገልግሉ ናይ ምሉእ ጊዜ ኣገልገልቲ፥ ይኹን እቶም እናሰርሑ ዘገልግሉ (ፓርታይም) ኣገልገልቲ፥ ብብዙሕ ነገር ክተሓዙ ንፈርዶም ኣሎና። እዚ ብምግባርና ድማ ነቲ ዕዮ ኣምላኽ ኢና ንብድል። ዕዮ ኣምላኽ ብዝግባእ ክከናወን፥ ናትና ብገንዘብና ነቶም ዘገልግሉ ንምግልጋል እሙናት ምኳን ዓብዪ ተራ እዩ ዘለዎ።

ኣገልገልቲ እቲ ዝግብኦም ክረኽቡ ምስ ዘይክእሉ፥ ኣብ ተናውሐ ጊዜ ናብ ካልእ ንጥፈታቶም ክኣትው እዮም ዝግደዱ። በዚ ከኣ ሓለፋ ዝኾነ እቲ ዕዮ ወንጌል እዩ ዝብደል። ክንደይ ብጸጋኦምን ራእዮምን ምድሪ ክወርሱ ትጽቢት ዝገበርናሎም ኣገልገልቲ ብምኽንያት መነባብሮ ንድሕሪት ተመሊሶም ኣብ ውሽጢ ሃገርን ካብ ሃገር ወጻኢን ተራ ናብራ ክነብሩ እንከለው ንዕዘብ ኣሎና። እዚ ማዕንጣ ከብድካ ዝበትኽ ተርእዮ እዩ። ንሕና ክሳዕ ዘሎና ቃል ኣምላኽ ከጕይ ደኣ እምበር፥ ብገለ እኳ ክዕገት ኣይግብኦን እዩ። ኣገልገልቲ ካብ ዕዮ ምስ በኾሩ፥ ብዙሕ ንምዝራብ ካብ ምቅልጣፍ እቲ ካብ ኣገልግሎት ክሃድሙ ዝገበሮም ነገር እንታይ ምዃኑ ኣለሊና፥ ዝግባእ ግብረ መልሲ ክንህበሉ ሓላፍነትና እዩ። ኢድና ብምዝርጋሕ ኣገልገልትና ንዓቅብ፥ ኣገልግሎቶም ድማ ቀጻልነት ክህልዎ ንገብር። ቅልቅል ኢሉ ዝጠፍእ ኣገልግሎታት ኣብ ምድርና ኣይብዛሕ። ዝጅመሩ ኣገልግሎታት ፍጻሜ ክረኽቡ ብሓባር ንምግልጋል ኣገልገልትና ንትንስኣሉ እዋን ሕጂ እዩ።

# ፲፯

# ክንደይ ይወሃቡ

ንኣገልገልቲ ገንዘብ ምሃብ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ምኳኑ ካብ ተገንዘብና ሕጂ ክምለስ ዘለዎ ሕቶ ክንደይ ክወሃቡ ኣለዎም ዝብል ሕቶ እዩ። እቲ ብውልቂ ዝግበር ምሃብ ከምቲ ናብ ልብና ዝመጽእ ድርኺትን ኣብ ኢድና ዘሎ ዓቕምናን እዩ ዝውስኖ። ብማሕበር ደረጃ ንዝግበር ድማ በቶም ገንዘብ ከመሓድሩ ዝሸየሙ ኣገልገልቲ እዩ ዝውሰን። ነቲ እተኣኸበ ዕሽር ዘመሓድሩ ኣገልገልቲ ክሽየሙ ኣለዎም (2ዜና31:11-12 ነህ12:44 ነህ13:33)። እታ ናይ የሩሳሌም ማሕበር ኣብ ምምቅራሕ መግቢ ዘገልግሉ 7 ኣገልገልቲ ብመገዲ ሃዋርያት ሸይማ እያ (ግ.ሃ6)። ሎሚ'ውን ሃዋርያት፥ ነብያት ወይውን ኣብ መሪሕነት ዘለው ጓሶት ነቲ ገንዘብ ዘመሓድሩ ሰባት ብኩሉ መንፈሳዊ ባህርይ መዚኖም ክሾሙ ይግባእ።

እዞም ዝምዘዙ ሰባት ካብቲ ናይ ማሕበር ኣዳራሽ ብዙሕ ዘይርሕቑ ወይ ድማ ብቀሊሉ ዝርከቡ ክኾኑ ድማ ዝበለጸን መጽሓፍ ቅዱስ ዝድግፎን እዩ (1ዜና9:26-27)። እዚ ከምቲ ብዙሕ ጊዜ ዝብሎ፥ ንቀኑርሲ መግቢ ዝኸውን ዝሰኣኑ ሰባት ንምድጋፍ ማሕበር ተበጊሳ ክነሳ፥ ነቶም ኣብ ገንዘብ እተሾሙ ብቀሊሉ ክትረክቦም ብዘይ ምኽኣላ፥ ብዝፍጠር ምድንጓያት እቶም ዝድገፉ ብጥሜት ከይሞቱ እሞ፥ ኣብ ምግዛእ ሬሳ ሳንዱቅ ኣብ ቀብሪ ከይተርክብ ይሕግዝ።

ክንደይ ይወሃቡ ኢልና ክንሓስብ እንከሎና ኣብ ግምት ክኣቱ ዘለዎ ብዙሕ ነገር ኣሎ። ብፍላይ ከኣ እቶም ምሉእ ጊዜኦም ዝሃቡ፥ ርስቶም ማሕበር ከምዝኰነት እሞ፥ ንናብራ ዘድልዮም ኩሉ ካብኣ ከምዝኰነ፥ ዘድልዮም ጥራይ ዘይኰነስ ንምግልጋል ዝያዳ ፍቱሓት ዝገብሮም መጠን ገንዘብ፥ መማኽልትን ተቐበልቲ ጋሻ ክገብሮም ዝክእልን ክኸውን ኣለዎ። እዚ ንምግባር ዓቕሚ ማሕበር ኣየፍቕድን እዩ ዝብል ምኽኒት ቅቡል ኣይኰነን። ቤተክርስትያን፥ ጽሩይ ወንጌል ብምንጋር ፋይናንሳዊ ዓቕማ ክብ ከተብሎ ክትኽእል ኣለዋ። ብኣምላኽ ተኣሚና ክትብልጽግ፥ ነቶም ናይ ምሃብ ውህበት ዘለዎም ብምውህሃድ ክትዓዩ፥ እቲ መጓሰ ብውልቁ ናይ ምግልጋል ልምዲ ከጥሪ ከተባብዕ ኣለዋ። እዚ ምስ እትገብር ዓቕምና ኣይኰነን ዝብል ሓሳብ ቦታ ኣይክህልዎን እዩ።

# ፲፰

## ንኣገልጋሊካ ገንዘብ ምሃብ ዘምጽኣልካ በረኸት

ንኣገልገልትካ ብገንዘብካ ምግልጋል ኣብዚ ሕጂ ዘሎና ህልው ህይወትን ኣብቲ ዝቕጽል ህይወትናን ዓስቢ ኣለዎ። ገለ ካብ ዓስብታቱ ድማ እዚ ዝስዕብ እዩ፡-

### ገንዘብ

ክንህብ እንክሎና ብመንጽር እቲ ዝሰፈርናሉ ኣምላኽ'ውን ይሰፍረልና እዩ። *"ሀቡ ኺውሀበኩም እዩ። በቲ እትሰፍሩሉ መስፈሪ ኺስፈረልኩም እዩ እሞ፡ ጽቡቕ እተሰጐደ፡ ንኽኡኽ እተፋርወ መስፈሪ ኣብ ሕቝፍኹም ኪሀቡኹም እዮም።"* (ሉቃ6፥38)። እቲ ብምሃብ ዝርከብ ዓስቢ ምንም እኳ ኣብ ገንዘብ እተሓጽረ ኣይኮነ፥ ኣምላኽ ነቲ እንህቦ ዝዝክር፥ በቲ ዝሰፈርናሉ መስፈር ድማ ዝሰፍር ኣምላኽ ብምኳኑ፥ ብገንዘብውን ይባርኸና እዩ። ብገንዘብ ብልጹጋትን ዝጠሓስናን ንምኳን፥ ንብዘሎ ገንዘብና ኣብ ዕዮ ወንጌል መንግስቲ ኣምላኽን ቅቡኣት ምግልጋልን ክንውፍዮ ክንኽእል ኣሎና።

### ነገርና ይጸንዕ

ቅድም ቀዳድም ንስራሕ ጕይታ ብገንዘብ ክንተግህ ከሎና፥ እቲ ዝቕጽል ነገርና ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ይጸንዕ እዩ። እታ ኣብ ሰራጺታ ነብዩ ኤልያስ ዝረኸባ መበለት ሰበይቲ፥ ካብቲ ኣብቲ እዋን ኣጋጢሙ ዝነበረ ብርቱዕ ጥሜት እተላዕለ ኣብ ቤታ ብጃካ ሸልገት ሓርጭ ኣብ ዕትሮ፡ ሒደት ዘይቲ ኣብ መቐርሰሚቶ፡ እንጌራ ዝበሃል ኣይነበራን። ንሳ ነተን ዝነበራኣ ምስ ወዳ ሰንኪታ ብምብላዕ ክትመውት ምኳኑ ስለዝፈለጠት፥ ኣብ ከቢድ ተስፋ ምቍራጽ እያ ዝነበረት። ነብዩ ናይ ኣምላኽ ግና *"..ኣይትፍርሂ፡ ኪዲ፡ ከምቲ ዝበልክዮ ግበሪ፡ ቅድሚ ግና ካብኡ ንኣይ ንእሽቶ ቕጫ ሰንኪትኪ ኣምጽእለይ፡ ድሕሪኡ ድማ ንኣኽን ንወድኽን ሰንክቲ።"* ክብላ እንክሎ ንርኢ። ንሳ ድማ ከምቲ እተባህለቶ ቅድም ንነብይ ኣምላኽ ስለዝመገበት *"...ክሳዕ እታ እግዚኣብሄ ንምድሪ ዝናም ዜዝንመላ መዓልቲ ሓርጭ ካብ ዕትሮ ኣይውዳእን፡ እቲ ዘይቲውን ካብ መቐርሰሚቶ ኣይጐድልን.."* ዝብል ትንቢታዊ ቃል ተቐበለት። ካብቲ ኣብ ልዕሊኣ እተለቀቀ ትንቢታዊ ቃል እተላዕለ ድማ ነቲ ናይ ጥሜት እዋን ብጽጋብ ዛዘመቶ (1ነገ17፥12-16)።

ናብራካ ዝቅይር፥ ሓድሽ ምዕራፍ ዝከፍት፥ ንማእሰርትካ ዝፈትሕ ድምጺ ኣምላኽ ብመገዲ ኣገልገልቲ ክፍታሓልካ ብገንዘብካ ምግልጋሎም ተምሃር። ንኣገልገልትካ ቀዳምነት ብምሃብ ምስ እትመላለስ እቲ ናትኻ ነገር ክጸንዕ፥ ኣብ ልዕሌኻ ክመጽእ ዘለዎ በረኸት ኣምላኽ ክቅልጥፍ፥ እትሳገረሉ ትንቢታዊ ቃል ድማ ክፍትሓልካ እዩ። ከባቢኻን ህልው ዓቕካን ኣይትጠምት።

ብኣምላኽን ቅዱስ ቃሉን ኣሚንካ ቅቡኣትካ ኣገልግል። ሽዑ ዘደንቕ ናይ ኣምላኽ ኢድ ክትርኢ ኢኻ።

## ኣምላኻዊ ሓሳብ

ሳኦል ናብ ነብዪ ሳሙኤል ሒዝዎ ዝከደ ርብዒ ሲቃል ብሩር ገጸ በረኸት፥ ምስቲ ኣምላኽ በቲ ነብዪ ክብሎ ዝደለዮ ሓሳብ ኣራኪብዎ እዩ (1ሳሙ9 ን 10)። ንሱ ዝሓሰበ ኣእዱጉ ኣበይ ከምዘለዋ በቲ ነብዪ ክንገሮ እኳ እንተነበረ፥ ናይ ኣምላኽ ሓሳብ ግና ክነግስ ምኳኑ ተነጊርዎ። ናብ ነብዪ ምስ ውህበቱ ዝኸደ ሳኦል ከምኡ ይገጥመኒ ኢሉ ፈጺሙ ዋላ ኣይዳሎ፥ ነቲ ኣብ ህይወቱ ዘሎ ምኽሪ ኣምላኽ ተቐቢሉ እዩ ተመሊሱ። ናይ ኣምላኽ ሓሳብ ምስ ውህበትካ ተኣሳሲሩ ከምዝመጽእ ክትርዳእ ኣሎኻ። ንስኻ ንዕዮ ኣምላኽ ክትተግህ እንከሎካ ንብዘሎ ነገርካ ዝቕይር ናይ ኣምላኽ ሓሳብ ናባኻ ይመጽእ እዩ።

## ምስ ኣገልጋሊካ ናይ መንፈስ ንመንፈስ ምትእስሳር ምፍጣር

ናይ ቆርኔሌዎስ ምጽዋት ናይ ሰማይ መላእኽቲ ፈቲሑ፥ ምስ ሃዋርያዊ ኣገልግሎት ክራኸብ ሓጊዝዎ እዩ። ገንዘብካ ንምሃብ ኣእዳውካ ኣብ እትዝርጋሓሉ እዋን ናብ ልቢ ኣገልጋሊ ክትጽጋዕ ደገ ክርሓወልካ እዩ። ሓደ ኣገልጋሊ ልቡ ከፊቱልካ ኣሎ ማለት ድማ ካብ መንፈሱ ክትቀድሓ ዕድል ረኺብካ ኣሎካ ማለት እዩ። ናይ መንፈስ ንመንፈስ ምትእስሳር ክትፈጥር ተኸኢልካ ድማ ራእይ ክትምቀል፥ ቅብኣቱ ክፍትሓልካ፥ ጾሩ ክትስከም ኢኻ ትጅምር። ስለዚ ምስ ኣገልጋሊ ተራ ናይ ኣገልጋልን ተገልጋልን ርክብ ዘይኮነ፥ ናይ መንፈስ ንመንፈስ ሕብረት ዘለዎ ርኽብ ንምህናጽ ብገንዘብካ ኣገልግሎ።

## ዓስቢ ኣገልጋሊ ምርካብ

ንነብዪ ብስም ነብዪ ዝቅበል ዓስቢ ነብዪ ይቕበል እዩ (ማቴ10:40-41)። ንነብዪ ብስም ነብዪ ምቕባል ማለት ንሓደ ነብዪ ከም ነብዪ ጌርካ ምቁጻር፥ ብርግጽ ነብዪ ኢኻ ምባል፥ ከም ንነብዪ ዝግባእ ጌርካ ማለት እዩ። ዓስቢ ነብዪ ማለት ድማ እቲ ነብዪ ካብ ኣምላኽ ስለ ነብዪነቱን ኣገልግሎቱን ዝረከቦ ዓስቢ ማለት እዩ። ስለዚ ነቲ ኣምላኽ ኣብ ልዕሊ ነብያቱ ዝገብሮ ሰናይ ነገር ተማቓሊኡ ክኸውን ዝደሊ ኣማኒ፥ ነቶም እተዋህብዎ ቅቡኣት ብዝግባእ ከግልግሎም ክኽእል ኣለዎ።

ቅብኣቱ፥ ራእይኡ፥ ውጽኢታዊ ኣገልግሎቱን ቅዲ ህይወቱን ዝምስጠካ ኣገልጋሊ እንተድኣ ሃልዩ፥ ካብቲ ናቱ ህይወት መታን ህይወት ክትማቐል ብገንዘብካ ኣገልግሎ። እዚ እንተገበርካ እቲ ንሱ ከም ዓስቢ ካብ ኣምላኽ ዝረከቦ ነገር ናባኻ ገጹውን ክውሕዝ ክጅምር ከሎ ክትርኢ ኢኻ። ንኤልያስ ካብቲ ዘለዋ ቀዳምነት ብምሃብ ዘገልገለት መበለት ዓስቢ ነብዪ ብምርካባ፥ ከምቲ

ነብዩ ኤልያስ ነቲ እዋን ጥሜት ብሰላም ሓሊፉ ከገልግል እተመደበ፥ ንሳውን ካብቲ ዝረከበቶ ዓስቢ እተላዕለ በቲ ዝመጸ ጥሜት ኣይሞተትን (1ነገ17:10-16)። ኦብድያ ንነብያት ኣምላኽ ካብ ኢዛቤል ኣከኣብን ሓቢኡ ብምምጋቡ፥ ዓስቦም ስለዝረኸበ ካብ ጥፍኣት ድሒኑ እዩ (1ነገ18:4)። እታ ኣብ ሹኔም ዝነበረት ሃብታም ሰበይትውን እቲ ዝነበራ መካንነት ክፍወስ ዝከኣለ ንነብዩ ንምግልጋል ኣብ ዝገበረቶ ዓብዩ ነገር እዩ (2ነገ4:8-37)።

ሓደ ካብ ዓስቢ ኣገልገልቲ ኣምላኻዊ ብቕዓት እዩ። ክንዲ ዝኾነ ድማ ብገንዘብካ ምስ እተገልግሎም እቲ ኣብ ልዕሊኦም ንብዙሕ ነገር ዝዓየየ ናይ ኣምላኽ ብቕዓት፥ ኣባኻውን ክዓይ ይጅምር። ስለዚ ድማ እዩ ነፍስ ወከፍ ኣማኒ ነቶም እተዋህብዎ ሃዋርያት፥ ነብያት፥ ወንጌላውያን፥ ጓሶት፥ መምህራንን ዘመርትን ብዝግባእ ክሕዞም ዘለዎ። ከምቲ ኣብ 1ሳሙ30፥24 ተጻሒፉ ዘሎ እቲ ንቅቡኣት ዘገልግል ሰብ፥ ማዕረ እቶም ዘገልግሎም ሰባት ይከሓስ እዩ። ስለዚ እቲ ናብ ልዕሊ እቶም እተገልግሎም ቅቡኣት ዝመጸ ዓስቢ ኣምላኽ ናባኻውን ክመጽእ ብዝግባእ ኣገልግሎም።

## ኣገልጋሊካ ይፍታሕ

ገንዘብካ ኣገልገልትካ ኣብ ምፍታሕ ዘለዎ ተራ ኣዝዩ ልዑል እዩ። እቲ ናቶም ምፍታሕ ድማ ረብሓሉ ናባኻ ይዛይድ። ኣገልገልትካ ተራ ብዝኾነ ናይ ምድሪ ነገር ተታሒዞም ጠመተኦም ከይጸብብ፥ ገንዘብካ ልዑል ግደ እዩ ዘለዎ። ብምሃብ ጠመተኦምን ናይ ጸሎት ህይወቶምን ዕምቈት ዘለዎ ጌርካ ክትቀርጾ ትኽእል ኢኻ። ንሶም ክፍትሑ ክሳዕ ዘይከኣሉ እቲ ብእኦም ኣቢሉ ናባኻ ክመጽእ ዘለዎ ናይ ኣምላኽ በረኸት ይድረት እዩ። መጠን እቲ እተፈትሕዎ ግና ዓሚቕን ቐጻልነትን ዘለዎ ቅብኣት፥ ምግላጽ፥ ሓይሊ... ከምጽኡልካ እዮም። ስለዚ ገንዘብካ ኣብኦም ብምውፋር ናብ ዝበረኸ ደረጃ መንፈሳውነትን ኣደይቦም።

## መንፈሳዊ ባህርይ

ምሃብ ናይ ኣምላኽ ባህርይ እዩ። ኣምላኽ ስሌና ነቲ ሓደን እንኮን ወዱን እዩ ሂቡ። እዚ ከኣ ክሳዕ ክንደይ ለጋስ ምዃኑ እዩ ዘርእየካ። ኵላትና ዳግም እተወለድና ኣመንቲ ተማቒልቲ ኣምላኻዊ ባህርይ ኢና። ሓደ ካብቲ እተመቕልናዮ እሞ ብግብሪ ክንገልጾ ዝግባኣና ባህርይ ድማ ምሃብ (ልግሲ) እዩ። ምሃብ ናይ ኣምላኽ ባህርይ ክተንጸባርቅ ደገ ይከፍተልካ እዩ። እቲ ካልእ ረብሓ ምሃብ ስስዔ ከይነግሰካ ዝበለጸ መገዲ ምዃኑ እዩ። ስስዔ ህይወት ብዙሓት ሰባት ዘጥቐዐ ሓደገኛ ባህርይ እዩ። እዚ ናይ ስጋ ባህርይ ዓስቡ ሞት እዩ። ንስስዔ ሓደ ካብቲ ንቃለሰሉ መገዲ ድማ ልግሲ እዩ። መጠን እቲ ንምሃብ እተወፈናዮ፥ መጠኑ ስስዔ ካብ ህይወትና ይውቃዕ እዩ። ስለዚ መንፈሳዊ ባህርይ ንምምዕባል ገንዘብና ንኣገልገልትና ንሃብ።

## ዓወት

እቲ ብክርስቶስ የሱስ ዋጋ እተከፍለሉ፥ ጸብለል ዝበለ ህይወት ናይ ምንባር መሰልካ፥ ተፈጻምነት ክረክብ ካብ ዘክእልዎ መገድታት ሓደ፥ ብገንዘብካ ንዕዮ ኣምላኽ ምትጋህ እዩ። ንስኻ ንዓወት ዕዮ መንግስቲ ኣምላኽ ክትተግህ እንከሎኻ፥ ኣምላኽ ድማ ንኣኻ ንዘድልየካ ዓወት ይተግሃሉ እዩ። ድሕሪ ነፍስ ወከፍ ዕውታት ሰባት ንምሃብ እተዘርግሓ ኣእዳው ኣለዎ። ንኣብነት ንእዮብ እንተድኣ ወሲድና ምንም እኳ ብሰይጣን ብብዙሕ ነገር እተፈተነ ሰብ እንተነበረ፥ ንሱ ግና ብብዙሕ ነገር ዕውት ኰይኑ ከምዝወጸ መጽሓፍ ቅዱስ ይነግረና። ሓደ ካብ ምስጢር ዓወታቱ ድማ ንካልኦት ዝነበሮ ልግሲ እዩ (እዮ29:15-17)። ስለዚ ጸብለል ዝበለ ህይወት ንምንባር ኣእዳውና ዕዮ መንግስቲ ኣምላኽ ንምድጋፍ ንዘርግሕ።

## ኣብ ኵሉ ነገርኻ በረኸት ትረኽብ

*“በኸሪ ኸሉ ፍርያትኩምን፡ ኩሉ መባእኩም፡ ዝኸውን ይኹን መባእ ዘበለን ንኻህናት ይኹን። ንቤትኩም በረኸት ምእንቲ ኺሐድራስ፡ በኸሪ ሓሪጭኩም ንኻህን ሀቡ።”* (ህዝ44፥30)። ኣምላኽ ከምቲ ንኤልያስ ዝመገቦ፥ ብኳኩ ክምግብ ዓቕሚ ዘለዎ ኣምላኽ ስለዝኾነ ባሮቱ ንምምጋብ ናትና ደገፍ ኣየድልዮን። ንኣገልገልቱ ብትሕዝቶና ከነገልግሎም ዝደልየሉ ዝዓበየ ምኽንያት ኵሉ ዓይነት በረኸት ናብ ቤትና ክመጽእ ስለዝደለየ ጥራይ እዩ። እዚ ከኣ እታ ሰበይቲ ንኤልያስ ብምግልጋል በረኸት ናብ ቤታ ክመጽእ ከምዝገበረት ማለት እዩ።

ኣብርሃም፥ ሕጊ ምሃብ ተረዲእዎ ይጥቐመሉ ብምንባሩ፥ ብዓብዪ በረኸት ዝተባረኸ ሰብ ምዃኑ ዘገርም ኣይኰነን። ንሱ ነቲ ዝተረድኦ ሕጊ ምዝራእ ገዛእ ርእሱ ከግዝእ ብምኽኣሉ ብዙሕ ዝዓይነቱ በረኸት ናብ ህይወቱን ነገሩን መጺኡ። ንሱ ጋሻ ተቐቢሉ፥ ንመልከጸዴቅ ዕሽር ሂቡ፥ ንወዱ ብእምነት ሰዊእዎ እዩ። ከም ዓስቢ ድማ ኣብነት ክሳዕ ዝኸውን ብበረኸት ኣምላኽ ጽጉብ ኰነ።

## ንማሕበርካን ኣገልገልትካን ካብ ጽልዋ ሒደት ሰባት ተናግፋ

መራሕቲ ዘይክንዕም ብብዝሒ እቲ ዝህብዎ ገንዘብ፥ ንመሪሕነት ማሕበር እተቆጻጸሩ ሰባት ሒደት ኣይኰኑን። ማሕበር ብገንዘቦም ይኹን ብእኩይ ዘይግዙር ባህርያቶም ዝዕብልልዋ ውልቀ ሰባት እንተ ገጢሞሚ፥ እሞ ከኣ ምስ ዘይትዕወተሎም ዓብዪ ዝኾነ ምዕናው እዩ ዝስዕባ።መጓሰ ኣምላኽ ንምሃብ ብዝግባእ ተረዲኡ ክህብ ክጅምር እንከሎ፥ ማሕበር ካብ ጽልዋ ሒደት ሰባት ሓራ ትወጽእ። ኵሉ መጓሰ ኣምላኽ ኣብ ምሃብ ክዋፈር እንከሎ ግና፥ ጽልዋ ሒደት ሰባት ኣብ ማሕበር ክግታዕ ናይ ግድን እዩ። ስለዚ ምስልን ክብርን እታ ዘሎካያ ማሕበር ንምሕላውን ካብ ዕብለላ ሒደት ሰባት ንምንጋፍን፥ ገንዘብካ ኣብ ማሕበርካ ብዝግባእ ዝራእ።

## ኵለንተናካ ንኣምላኽ ትህብ

ገንዘብካ ምሃብ ኰለንተናኻ ምሃብ እዩ። ክእለትካ፥ ጊዜካ፥ ፍልጠትካን ልምድካን ብምውፋይ ንዘምጽኣካዮ ገንዘብ፥ ንኣምላኽ ኣብ እትህበሉ እዋን፥ ንኣምላኽ ክእለትካ፥ ጊዜካ ፍልጠትካ.. ኢኻ ትህቦ። ስለዚ ድማ እዩ ገንዘብካ ምሃብ ንኰለንተናኻ ምሃብ እየ ዝብል ዘሎኹ። ስለዚ ገንዘብካ ምሃብ ነቶም ዘገልግሉ ምሕጋዝ ጥራይ ዘይኰነስ ንኰለንተናኻ እትውፍየሉ ሓደ ክፋል ኣምልኾ ምኳኑ ተረዲእካ ንምፍጻሙ ትጋህ።

**፲፱**

**<u>ዓስቢ ገንዘብካ ምሃብ ካብ ሚልክ3፥10-12</u>**

*"ኣብ ቤተይ ምግቢ ኪኸውንሲ፡ ዕሸር ዘበለ ኹሉ ናብ ቤት መዝገብ ኣምጽኡ፡ ሽዑ መሳኹቲ ሰማይ እንተ ዘይከፊተልኩም፡ በረኸት ድማ ብዘይ ልክዕ እንተ ዘየፍሲሰልኩም፡ በዚ ተዐዘቡኒ፡ ይብል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት። ስሌኹም ኢለ ነቲ ወሓጢ ኽገንሖ እየ፡ ንሱ ኸኣ ንፍረ ምድርኹም ኣይኪጥፍኣን እዩ፡ እቲ ተኽሊ ወይንኹም ኣብ ግራት ኣይኪቘልዕን እዩ፡ ይብል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት። ምድሪ ሓጐስ ክትኮኑ ኢኹም እሞ፡ ኲሎም ኣህዛብ ብጹኣን ኪብሉኹም እዮም፡ ይብል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት።"*

ብገንዘብካ ንኣምላኽ ምግልጋል ንብዙሕ በረኸት ዓብዪ ደገ እዩ። ብመሰረት እዘን ኣብ ላዕሊ ዘለዋ ጥቕስታት ድማ 7 በረኸታት ንዓጽድ። ብዝርዝር ንርኣዮም፥

## መሳኹቲ ሰማይ ይከፍተልካ

ንምኽፋት መሳኹቲ ሰማይ ምንቕቃሕ፥ መለኮታዊ መሪሕነት ምርኻብ፥ ህላዌ ኣምላኽ ዝንቀሳቀሰሉ ኣካይዳ ኢልና ክንገልጾ ንኽእል ኢና። ከምቲ ብማሕበር ደረጃን ሃገራውን ምንቅቓሕ ዘሎ፥ ብውልቂ ዝካየድ ምንቕቃሕ ድማ ኣሎ። ብውልቂ ንምንቃሕ ናይ ግድን ኣብ ከባቢካ ዘለው ቅዱሳን ዝተነቃቕሑ ክዀኑ ኣለዎም ማለት ኣይኮነን። እቲ ብማሕበር ደረጃ ክመጽእ ዘለዎ ምንቕቃሕ ብኣኻ ክጅምርውን ይኽእል እዩ። እዚ ክኸውን ድማ ክትገብሮ ካብ ዝግብኣካ ነገራት ሓደ፥ ብትሕዝቶካ ጐደሎ ቤት ኣምላኽን እቶም ዘገልግሉካን ምምላእ እዩ። እሙንነትካ ንኣምላኽ ኣብ ህይወትካ ንምንቕቃሕ ከስርሖ ምኺኑ ፈሊጥካ ብትሕዝቶካ ንምግልጋል እሙን ኹን።

## ብዘይ ልክዕ በረኸት ይፈሰልካ

ብዘይ ልክዕ በረኸት ይፈሰልካ ማለት ነቲ ዓብይ ብልጽግና ኣምላኽ ክትላመድ ትጅምር ማለት እዩ። ኣምላኽ ነቶም ብልግሲ ዝዘርኡ ብብዙሕ በረከት የዕጽዶም እዩ። ኣምላኽ ብውሱን በረኸታት እናተዘናጋዕካ ዘመንካ ክትውድእ ኣይደልየካን እዩ። ቀለብካን ክዳንካን እንተሎካ ብርግጽ ይኣክለካ እዩ። ግናኸ ንካልኦት መጸግዒ ክትኸውን ኣምላኽ ብዘይ ልክዕ ክባርኸካ ከምዝደሊ ኣይትረስዕ። ንሱ ብዙሕ በረኸቱ ኣባኻ ብምፍሳስ ጸጋዊ ወይ ሃብታም ኣምላኽ ምዃኑ ክምስክር ይደሊ እዩ። ስለዚ ድማ ኢኻ ብዕሽርካን መባእን እሙን ምዃን ዘድልየካ።

## እቲ ወሓጢ ስሌኻ ይግናሕ

እቲ በረኸትካ ዝበልዔን ፋይናንሳዊ ምጥሓስ ከይህልወካ ዚገብር ወሓጢ ብውህበትካ ይስበርን ኣብ ቤትካን በረኸትካን ዝዓየሉ ቦታ ይስእንን እዩ። ስሰዔ ነቲ ወሓጢ ናይ ምፍታሕ ዕድል ክህቦ እንከሎ፥ ልግሲ ድማ ብኣንጻሩ ናይ ምስዓግ ዓቕሚ እዩ ዘለዎ። ብመጠን እቲ እትህቦ እቲ ኣብ

ሓዳርካ፥ ገንዘብካ፥ ስራሕካ፥ ትምህርትካ፥ ምድርካ፥ ዓሌትካ.... ንጥፍኣት ዝወፈረ ወሓጢ ይግናሕ እዩ። ስለዚ ኢድ ኣምላኽ ነቲ ወሓጢ ንምውቃዕ ክትንቀሳቀስ፥ ኢድና ንልግሲ ንዘርግሕ። ንሕና ኣእዳውና ምስ እንዝርግሕ፥ ኣምላኽ ድማ ጸላእትና ንምውቃዕ ብሕነ ምፍዳይ መንፈስ ኢዱ ይዝርግሕ። ንህያብ እተዘርግሑ ኣእዳው ኢድ ኣምላኽ የዘርግሑ እዮም እሞ ብጹኣን እዮም።

## ፍረ ምድርኻ ኣይክጠፍእን

እቲ ንስኻ እትህቦ ውህበት ንኣኻ ጥራይ ዘይኮነስ ንታ ዘሎኻያ ምድርውን በረኸት የምጽኣላ እዩ። እቲ ኣብ ምድርካ ዝጀመረ በረኸት ኣምላኽ ክዕቀብን ናብ ወለዶታት ክሓልፍን ብትሕዝቶካ ንኣምላኽ ኣገልግል። ትሕዝቶካ ወለዶ ናይ ምፍዋስ ዓቕሚ ከምዘለዎ ኣይትረስዕ። ነታ ንነብረላ ምድሪ ካብቲ ንብጀወላ መገድታት ሓደ እተዘርግሐ ኣእዳው ምሓዝ እዩ። ደቡብ ኮርያውያን ኣብቲ ጽንኩር እዋን፥ ንስራሕ ጐይታ ጸጉረን ቆሪጸን ይሸጣ ነይረን። ሎሚ እዛ ሃገር ምስተን ኣብ ዓለም ብሃብቲ ዝበልጻጋ ቀዳሞት ዓሰርተ ሃገራት ሓንቲ ኰይና ኣላ። ሃገረ ኖርወይ'ውን ኣብ ዓሚቕ ድኽነት እንከላ፥ ንኣፍሪቃ ወንጌላውያን ትልእኽ ከምዝነበረት መዛግብቲ ታሪኽ ይዛረቡ። ሎሚ እዛ ሃገር ምስተን ምዕቡላት ሃገራት ተሰሪዓ ትርኸብ። ሎሚውን ንሕና ኣብ ዕዮ ወንጌል እነውፍሮ ገንዘብ፥ ጊዜ ሃልዩ ነዛ እነፍቕራን ትንሳኤኣ ንጽበያ ሃገርና ኤርትራ ናብ ዝበረኸ ብልጽግና ክደይባ እዩ። ስለዚ ነዚ ተረዲእካ ብእምነት ዝራእ። ንጊዜኡ ምንም ነገር ኣይርኤካን ማለት ንሓዋሩ ኣይክትርእን ማለት ስለዘይኮነስ፥ ጽባሕ እናማዓደካ ሎሚ ዝራእ።

## ተኽሊ ወይንኻ ኣብ ግራት ኣይኬቔልዕን

ከምቲ ኣብ መዝሙር ተጻሒፉ ዘሎ ተኽሊ ወይኒ ንስድራቤት እዩ ዝውክል። *"ሰበይትኻ ኣብ ውሽጢ ቤትካ ኸም ፈራይት ወይኒ ኽትከውን።ውሉድካ ኣብ ዙርያ መኣድኻ ኸም ተኽሊ ኣውሊዕ ኪኾኑ እዮም።"* (መዝ128፥3)። እዚ ተስፋ ቃል ስድራቤትካ ካብ ጥፍኣት ከምዝሕለው እተነግረ ቃል እዩ። ገንዘብካ ንዕዮ ጐይታ ምስ እትህብ ስድራኻ ትብጽ። ናብ ስድራቤትካ ክመጽእ ዝደሊ ምቊላዕ ወይ ድማ ፍረ ኣልቦነት ኣይክስልጥንን። ስድራኻ ኣብ ኩሉ ሸነኽ ናይ ህይወት ክጥሕሱ፥ ፈረይትን ጸገይትን ክኾኑ ድማ እዮም። ስለዚ ድማ ኢኻ ባህ ኢሉካ ብእምነት ክትህብ ዘድልየካ።

## ምድሪ ሓጐስ ትኸውን

ምድሪ ሓጐስ ምኳን ዝብል ሓሳብ መግለጺ ክብሪ ኣምላኽ ምኳን ማለት እዩ። ኣምላኽ መግለጺ ሓጐሱ፥ ክብሩን መንነቱን ክትኸውን እዩ ባህጉ። ብህያብካ ኣቢሉ ኣባኻ ዘብዝሖ ሓጐስ ድማ ዕላምኡ እዚ እዩ፥ ንሱ ዝኸብረሉ ነገር ምድላው። ስለዚ ክትህብ እንከሎኻ ናይ ኣምላኽ ነገር ብኣኻ ክግለጽ ምኳኑ ኣሚንካ ሃብ።

**<u>ኩሎም ኣህዛብ ብጹእ ክብሉኻ እዮም</u>**

እዚ ከኣ ምስክር ኣምላኽ ኲይንካ መታን ክትመላለስ፥ ብካልኦት ዝርኤ ናይ ኣምላኽ ነገር ኣብ ልዕሌኻ ክምዝበዝሕ እዩ ዝዛረብ። ክትህብ እንክሎኻ ኣምላኽ ናቱ ነገር ናብ ልዕሌኻ የፍስሶ እዩ። እቲ ናብ ልዕሌኻ ዝፈሰሰ ድማ ምስክር ኣምላኽ ኣብ ገጽ ምድሪ ገይሩ ይቃንየካ። ኣምላኽ ሕጂውን ንደቀ፦ ዝድግፍ ዘበልጽግ ኣምላኽ ምኻኑ ኣህዛብ ክምዝርእዩ ገይሩ ክባርኸካ እዩ። ክርስትና ወይ ድማ ወገን ኣምላኽ ምኻኑ ደገ በረኸት ምኻኑ ኣምላኽ ብኣኻ ክምስክር ባህጉ እዩ። ስለዚ ድማ ኢኻ ብእምነት ክትዘርእ ዘሎኻ።

## ፳

## ሓሙሽተ ዓስቢ ገንዘብካ ምሃብ ካብ 2ቈሮ9፥8-12

*“ከምቲ እቲ ጽሑፍ፡ ዘረወ ንድኻታትውን ሀበ፡ ጽድቁ ንዘለኣለም ይነብር፡ ዚብሎ፡ ኣምላኽ ከኣ፡ ምእንቲ ብኹሉ ኹሉ ሳዕ ዚኣክል ኩሉ ሒዝኩም ንሰናይ ግብሪ ኹሉ ጸብለል ክትብሉ፡ ጸጋ ዘበለ ኣባኻትኩም ጸብለል ኪብል ይኽእሎ እዩ፡ ግናኸ እቲ ንዘራኢ፡ ዘርእን ምግቢ ዚኸውን እንጌራን ዚዕድል፡ ንሱ ዘርእኹም ኪዕደለኩምን ኪበርክተልኩምን፡ ንፍረ ጽድቅኹምውን ኪብቍሎን እዩ፡ ንስኻትኩም ከኣ ብኹሉ በቲ ብኣታትና ገይሩ ንኣምላኽ ምስጋና ዚዐዪ ልግሲ ኽትህብትሙ ኢኹም። እቲ ኣገልግሎት እዚ ግብሪ እዚ ብብዙሕ ምስጋና ንኣምላኽ ጸብለል ይብል እምበር፡ ጐደሎ እቶም ቅዱሳን ጥራይ ኣይኰነን ዚምልእ፡ ንሳቶም ብምጽራይ እዚ ኣገልግሎት እዚ ንምእማን ወንጌል ክርስቶስ ስለ እተገዛእኩም፡ስለቲ ንኣታቶምን ንኹሉን ዚኸውን ልግሲ ሐገዝኩም ንኣምላኽ የመስግኑ እዮም። ንሳቶምውን ስለቲ ኣባኻትኩም ዘሎ ማእለያ ዜብሉ ጸጋ ኣምላኽ ምእንታኻትኩም እናጸለዩ ይናፍቑኹም እዮም።”*

### ጽድቅካ ንዘለኣለም ይነብር

*“..ዘረወ ንድኻታትውን ሀበ፡ ጽድቁ ንዘለኣለም ይነብር..”* ከምቲ ኣብዚ ቦታ ተጠቂሱ ዘሎ ብምሃብ ዝርከብ ዓስቢ ዘለኣለማዊ እዩ። ዘለኣለማዊ ማለት ቐጻልነት ዘለዎ፥ ዘይበርስ፥ መወዳእታ ዘይብሉ... ማለት እዩ። እቲ ብክርስቶስ ዝረከብናዮ ጽድቂ ንዘለኣለም ምሳና ዝነበር ብብዙሕ መገዲ እዩ፥ ምሃብ ድማ ሓደ ካብኡ እዩ። ምስ እንህብ ጽድቅና ይጸንዕ፥ ቀጻልነቱ የውሕስ። *“ሃብ ክትወሃብ ኢኻ”* ዝብል ቃል ነቲ እትቅበሎ ነገር ኣብ ምድሪ ዝድርት ኣይኰነን። እቲ ኣብዚ ምድሪ ኣብዛ ህይወት እትዘርኦ ዘርኢ፥ ኣብ ሰማይ ኣብታ ትቕጽል ህይወት ነባሪ ዝኾነ ዓስቢ የዳልወልካ እዩ። ስለዚ ክትህብ እንከሎኻ ንሰማያዊ ቤትካ ዝኸውን ነገር ትገብር ከምዘሎኻ ፍለጥ (ማቴ19፥21 6፥19-20)።

### ጸጋ ዘበለ ይበዝሓልካ

*“...ምእንቲ ብኹሉ ኹሉ ሳዕ ዚኣክል ኩሉ ሒዝኩም ንሰናይ ግብሪ ኹሉ ጸብለል ክትብሉ፡ ጸጋ ዘበለ ኣባኻትኩም ጸብለል ኪብል ይኽእሎ እዩ...።”* ኣብዚ ቦታ እቲ ብገንዘቦም ንቅዱሳን ዘገልገሉ ሰብ ቆሮንቶስ፥ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ኩሉ ሒዞም ደው ክብሉ ንሰናይ ግብሪ ጸብለል ዘብሎም፥ ጸጋ ኣምላኽ ከምዝበዝሓሎም እዩ ዝንገሮም ዘሎ። ብትሕዝቶና ንቅዱሳን ኣገልገልቲ ከነገልግል እንከሎና ነቲ ኣምላኽ ካባና ዝጽበዮ ሰናይ ግብሪ ንምፍጻም ዘኽእለና ጸጋ ኣምላኽ ይበዝሓልና እዩ። ስለዚ ጸጋ ዘበለ ጸብለል ክብለሉ ዝደሊ ሰብ ብትሕዝቶኡ ንቤት ኣምላኽ የገልግል።

## <u>እትዘርኦ ዘርኢ ትረክብ</u>

*"..እቲ ንዘራኢ፡ ዘርእን ምግቢ ዚኸውን እንጌራን ዚዕድል፡ ንሱ ዘርእኹም ኪዕድለኩምን ኪበርክተልኩምን... እዩ።"* ኣብዚ ቦታ ተገሊጹ ከምዘሎ ምሃብ ወይ ምዝራእ ደጊምካ እትዘርኦ ዘርኢ ክህልወካ ይገብር እዩ። ደጊምካ እትዘርኦ ዘርኢ ምርካብ ማለት መመሊስካ ኣብ ዕዮ ኣምላኽ እተውዕሎ ናይ ገንዘብ በረኸት ይመጸካ ማለት እዩ። ብዙሓት ቅዱሳን ከምዝመስከርዎ፥ ንካልኦት ምግልጋል ካብ ዝጀመሩሉ እዋን ጀሚሩ ዝህብዎ ገንዘብ ይገባገበሎም እዩ። ቅድሚ ሕጂ ተለማሚዶሞ ዘይፈልጡ ምግብጋብ፥ ብዘይተጸበይዎ መገድን ካብ ዘይተጸበይዎ ሰብን ረኺቦም እዮም። ነዚ ተረዲእካ ብዙሕ ንምዝራእ ገዛእ ርእስኻ ኣዳሉ። ራእይካ የዕብዮ፥ ጠመተካ ኣስፍሓዮ።

## <u>ፍረ ጽድቅኻ ይበቍለልካ</u>

*"..ንፍረ ጽድቅኹምውን ኬብቍሎን እዩ"* እታ ብክርስቶስ የሱስ ኣብ ልብና እተዘርኤት ፍረ ጽድቂ፥ ዕለት ንዕለት ክትበቍል ናይ ኣምላኽ ፍቓድ እዩ። ኣብ ምብቋላ ድማ ናትና ጻዕሪ ጥራይ በይኑ ዘምጽኦ ነገር የብሉን። ኣምላኽ ናይ ግድን ክድግፈናን ከብቍለልናን ኣለዎ። ንሱ ንከብቍለልና ድማ ንሕና ክንገብሮ ዝግብኣና ነገራት ኣብ ቃል ኣምላኽ ብብዝሒ ተዘርዚሩ ኣሎ። ብትሕዝቶካ ንቅዱሳን ድኻታትን ኣገልገልትን ምግልጋል ድማ ሓደ ካብኡ እዩ። ምስ እንህብ እታ ኣባና ዘላ ዘርኢ ጽድቂ መሊኣ ትበቍል። ስለዚ በቲ ዘሎና ናይ ጽድቂ ህይወት ክሳዕ መወዳእታ ንምስጓም ብትሕዝቶና ነገልግል።

## <u>እቶም እትድግፎም ንኣምላኽ የመስግኑ</u>

*"እቲ ኣገልግሎት እዚ ግብሪ እዚ <u>**ብብዙሕ ምስጋና ንኣምላኽ ጸብለል ይብል**</u> እምበር፡ ጐደሎ እቶም ቅዱሳን ጥራይ ኣይኮነን ዚምልእ፡ ንሳቶም ብምጽራይ እዚ ኣገልግሎት እዚ ንምእማን ወንጌል ክርስቶስ ስለ እተገዛእኩም፡ስለቲ ንኣታቶምን ንኹሉን ዚኸውን ልግሲ ሐገዝኩም <u>**ንኣምላኽ የመስግኑ**</u> እዮም።"* ኣብ ከናፍር ሰብ ምስጋና ከተቐምጥ ምኽኣል ብገዛእ ርእሱ ዓስቢ እዩ። ኣብዚ ብዙሕ ንምጕርምራም ምኽንያት ዝኮኑ ነገራት ዝበዝሓ ዓለም፥ ብገንዘባዊ ደገፍካ ንኣምላኽ ዘመስግኑ ሰባት ክትሃንጽ ምክኣል፥ ዓብዪ በረኸት እዩ። ክትህብ እንከሎካ ዝፍታሕ ልቢ ሰባት ከምዘሎ ኣይትረስዕ። ዝሕደስ ተስፋ፥ ንኣምላኽ ዝኸውን ምስጋና ኣሎ። እተፈጠርካሉ ዕላማ'ውን ንምስጋና ኣምላኽ ዝኸውን ክትገብር ካብ ኮነ፥ ኣምላኽ ዝምስገነሉ ኵሉ ነገር ካብ ምግባር ድሕር ኣይትበል። ብምኽንያት ገንዘብካ ዘመስግኑ ቅዱሳን ካብ ሃለው መመሊስካን ኣብዚሕካን ንምሃብ ትጋህ።

## <u>ደገፍትካ ይበዝሑ</u>

*"ንሳቶምውን ስለቲ ኣባኻትኩም ዘሎ ማእለያ ዜብሉ ጸጋ ኣምላኽ ምእንታኻትኩም እናጸለዩ ይናፍቑኹም እዮም።"* ኣብዚ ስፍራ ከም እተገልጸ ናይ ቄሮንቶስ ኣመንቲ ንህያብ ኣእዳዎም ስለዝዘርግሑ፥ ስሊኦም ዝጽልዩ ቅዱሳን ሰሲኖም እዮም። ሰብ ቆሮንቶስ ዝደገፍዎም ቅዱሳን፥ ስለ ሰብ ቆሮንቶስ ይጽልዩ ካብ ነበሩ፥ እቶም ንስኻ እተገልግሎም ኣገልገልቲ ስሌኻ ክጽልዩ ናይ

ግድን እዩ። እዚ ድማ ብገዛእ ርእሱ ዓስቢ እዩ። ኣብ ልቢ እቶም ክጽልዩልና ዘለዎም ቅዱሳን ሞገስ ክንረኽብ ምጽላይ ጥራይ ዘይኰነስ ብህያብ ምግልጋል የድሊ። እናዞርካ ናይ ጸሎት ኣርእስቲ ንብዙሓት ኣገልገልቲ ምሃብ ጥራይ ዝለመደ ወለዶ ኣብ ዝበዝሓሉ ዘመን፥ ንስኻ ግና ብውህበትካ ብምግልጋል ዝጽልዩልካ ሰባት ኣተንስእ። ህያብካ ግን ሓንሳእ ተራእዩ ዝጠፍእ (ቅልቅል ኢሉ ዝጠፍእ) ዘይኰነስ፥ በብጊዜኡ እናወሰኽ ዝኸይድ ክኸውን ይግብኦ። ከባቢካ ሃሰስ እሞ በል ብጸሎት ህይወቶም ጸብለል ዝበሉ፥ ምስ ኣምላኽ ብዘለዎም ዝምድና ድማ ጽኑዓት ዝኾኑ ኣገልገልቲ ምስ ክትረኽብ ኢኻ። ነዚኣቶም ዘርኢ ትሕዝቶካ ኣብ ጐደሎኦም ብምዝራእ ብምሃብ ኣብ ጸሎቶም ክዝኽሩካ ግበር።

## ..ተፈጸመ..

1ተሰ5፡25

ኣብ ልዕሊ እዛ መጽሓፍ ንዝህልወኩም ርእይቶ፡ ሕቶን ምስክርነትን በዚ ዝስዕብ ናይ ኢሜይል ኣድራሻ ክትልእኹለይ ትኽእሉ።

ኢሜይል፡ szshiloh@gmail.com

### ቅድሚ ሕጂ ብኣዳላዊ እዛ መጽሓፍ እተዘርግሑ መጻሕፍቲ

- ⌘ መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ ስላሴ እንታይ ይምህር?
- ⌘ ልሳንካ ፈውሲ የድልዮ ዶ? (ትርጉም ናይ ዴሪኽ ፕሪንስ)
- ⌘ ንኢዛቤል ስቅ ኣይትበላ
- ⌘ ወደመዝሙርነት (ትርጉም ናይ ሃዋርያ ዳንኤል መኰንን)
- ⌘ ምምላስ ናብቲ ቀዳማይ ናይ ኤደን ገነት ሓዳር
- ⌘ መጽሓፍ ቅዱሳዊ መርሖ ንዕውት ጸሎት
- ⌘ ኣንጾኪያ፥ ኣብነታዊት ሃዋርያዊት ማሕበር

### ኣብ ቀረባ መጻኢ ክዝርግሑ እተዳለው መጻሕፍቲ

- ⌘ መንፈሳዊ ውግእን ናይ ምንጋፍ ኣገልግሎትን
- ⌘ ትንሳኤ ኣገልግሎት ደቀንስትዮ
- ⌘ መንፈሳዊ ውህበትካ ምልላይን ምጥቃምን
- ⌘ ሃዋርያዊ ጸሎት

## ቅድሚ ሕጂ ብኣዳላዊ እዛ መጽሓፍ እተዘርግሑ መጽሓፍቲ

- መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ ስካሴ እንታይ ይምህር?
- ልሳንካ ፈውሲ የድልዮ’ዶ? (ትርጉም ናይ ደሪክ ፕሪንስ)
- ንኢዛቤል ስቕ ኣይትበላ
- ወደ መዝሙርነት (ትርጉም ናይ ሃዋርያ ዳኒኤል መኮነን)
- ምምካስ ናብቲ ቀዳማይ ናይ ኤደን ገነት ሓዳር
- መጽሓፍ ቅዱሳዊ መርሐ ንዕዉት ጸሎት
- ኣንጾኪያ፡ ኣብነታዊት ሃዋርያዊት ማሕበር

## ኣብ ቀረባ ግዜ ክዝርግሑ እተዳለዉ መጽሓፍቲ

- መንፈሳዊ ውግእን ናይ ምንጋፍ ኣገልግሎትን
- ትንሳኤ ኣገልግሎት ደቀኣንስትዮ
- መንፈሳዊ ውህበትካ ምልላይን ምጥቃምን
- ሃዋርያዊ ጸሎት